# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - 1ይ ሰሙን ጾመ ኣርብዓ

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቀሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ፡ ሰንበት - ዘቅድስት |
|---|---|---|
| 06 *መጋቢት* 2016 | *ሮሜ* 2፡ 1-7<br>*ያዕ* 1፡ 13-22<br>*ግሓ*25፡ 1-11<br>*ማቴ* 7፡ 19-ፍ | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• *መልእኽቲ ናብ ሰብ ሮሜ 2 ብዛዕባ ፍርዲ እግዚኣብሔር ይዛረበና። "እምበኣር ኣታ ንኻልእ እትፍረርድ ሰብ፣ ንስኻ ዝኾንካ ኹን፡ በቲ ንኻልእ እትፈርዶ ንርእስኻ ትኹንን እሎኻ እሞ፣ ነቲ እትፈርዶ ትገርብሮ ስለ ዘሎኻ ምኽንያት የብልካን። ንሕና ግና ኣብቶም ከምዚ ዚገብሩ ግቡእ ፍርዲ ኣምላኽ ከም ዚወርድ ንፈልጥ ኢና። ኣታ ኣብ ልዕሊ እቶም ከምዚ ዝበለ ዚገብሩ እትፈርድ፣ ባዕልኻውን ከምቲ ግብሮም እትገብር ሰብ፣ ካብ ፍርዲ ኣምላኽ እትመልቑዶ ይመስለካ? ወይ ከኣ ሃብቲ ሕይውነቱን ትዕግሥቱን ዓቕሉንዶ ትንዕቕ ኣሎኻ፣ ሕያውነት ኣምላኽ ናብ ንስሓ ኺምሕረካ ከም ዚኽእልዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ?" ይብለና።*<br>• *መልእኽቲ ያዕቀብ 1 ከኣ "ሓደኳ ምስ ተፈተነ ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል፣ ከመይ ኣምላኽሲ ብእኩይ ኣይፍትንን፡ ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ። ነፍስ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተሳሒቡን ተሓቢሉን እዩ ዚፍተን። ሽዑ ትምኒት ምስ ጠነሰት ንኃጢኣት ትወልዳ፣ ኃጢኣት ምስ ተፈጸመት ድማ ንሞት ትወልዳ። . . . ስለዚ ንርኽሰት ዘበለን ነቲ ደንፊዑ ዘሎ ኽፍኣትን ካባኹም ኣርሕቑ፡ ነቲ ኼድኅነኩም ዚኽእል ኣብ ልብኹም ተተኺሉ ዘሎ ቃል ድማ ብገርህነት ተቐበልዎ። ገበርቲ ቃል ኩኑ፣ ነርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።" ይብለና።*<br>• *ግብረ ሓዋርያት 25 ብዛዕባ ጳውሎስ ናብ ቄሳር ይግባይ ከም ዝበለ ይነግረና። "ጳውሎስ ምስ መጸ ከኣ እቶም ካብ ኢየሩሳሌም ዝወረዱ ኣይሁድ ከቢቦምዎ ደው በሉ። መርትያ ኪረኽብሉ ዘይክእሉ ብዙኅን ከቢድን ክሲ ድማ ኸሰስዎ። ጳውሎስ ድማ 'ኣነ ኣብ ልዕሊ ሕጊ ኣይሁድ ኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ቤተ መቕደስ፡ ወይ ኣብ ልዕሊ ቄሳር ኣይበደልኩን' ኢሉ ተመጻረየ። . . . እዚ ዚኸሱኒ ዘለዉ ብሓሶት እንተ ኾይኑ ግና ንኣኣቶም ኣኅሊፉ ኪህበኒ ዚኽእል የልቦን፣ ኣነ 'ናብ ቄሳር ይግባይ' ኢለ ኣሎኹ' በሎ።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ማቴዎስ 7 ከኣ ብዛዕባ ንሰብ ዜርክሶ ነገር ይዛረበና። "ካብ ሰብ ዚወጽእ እዩ ንሰብ ዜርክሶ እምበር ካብ ወፃኢ ናብ ሰብ ዚኣቱስ ገለ እኳ ኼርክሶ ኣይኽእልን እዩ፣. . . ካብ ወፃኢ ናብ ሰብ ዚኣቱ ኹሉ ኼርክሶ ከም ዘይክእልዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? ምኽንያቱ ብኸብዲ ኣቢሉ ንግዳም እዩ ዚወፅእ ናብ ልቢ ኣይወርድን እዩ።" በዚ ንኹሉ ምግቢ ኣንጽሖ። ከምዚ ድማ በሎም "እቲ ንሰብ ዜርክሶ ኣቲ ካብ ሰብ ዚወፅእ እዩ። ምኽንያቱ ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ፡ ምንዝርና፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ ዝሙት፡ ስስዕቲ፡ ክፍኣት፡ ተንኮል፡ ስድነት፡ ቅንኢ፡ ሕሜት፡ ትዕቢት፡ ዕሽነት ይወፅእ። እዚ ኹሉ ክፉእ ካብ ውሽጢ እዩ ዚወፅእ፡ ንሰብ ከኣ የርክሶ።" ይብለና።*<br><br>*ንካልኦት ክንፈርድ ኣይንቐደምን ኢና። ብዘይ ምሕረት ክንኩንኖም ኩሉ ጊዜ ኢና እንርከብ። ደሓር ንሕና ተመሊስና ከምኡ ንገብር። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ንጕድለትና ንምምኽናይ ድሕር ኣይንብልን ኢና። ክሳዕ ኣምላኽ 'ፈቲኑኒ' ንምባል ኣይንስከፍን። እቲ ሓቂ ግና ንሕወትና ዜርኽሶ እንታይ ምዃኑ ሓቀይና ፍልጠት የብልናን። ሎሚ ቃል ኣምላኽ ኣነጺሩ ይነግረና ኣሎ። ሰብ ብገዛእ ትምኒቱ ብኃጢኣት ይፍተንን፡ ይወድቕን፡ ናብ መንፈሳዊ ሞት ይበጽሕን፣ ወይ ሕይወቱ ካብ ኣምላኽ ይቑረጽ። ካብቲ ውሽጢ ልብና ክፉእ ሓሳብ፡ ምንዝርና፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ ዝሙት፡ ስስዕቲ፡ ክፍኣት፡ ተንኮል፡ ስድነት፡ ቅንኢ፡ ሕሜት፡ ትዕቢት፡ ዕሽነት ይወፅእ። እዚ ክፉእ ነገራት ከኣ ነቲ ከም ደቂ ኣምላኽ ዝነበረና መልክዕና የበላሽዎ። ስለዚ ንርኽሰት ዘበለ ካባና ከነርሕቖ የድልየና። ኣብዚ ጊዜ ጾም ከኣ ነቲ ዝጠብቀና ርኽሰት ክንስሓሉን ከነጽርዮን ምሹእ ጊዜ እዩ። 'ተጋግየ፡ ኣጕዲለ፡ ክፉእ ገይረ' ክትብል ይኸብደካ/ኪዶ? ኣብ ካህን ኬድካ ክፍኣትካ ክትናዘዝ ከም ከቢድ ነገር ኮይኑ ይስምዓካ/ኪዶ? ብርግጽ ቊስሊ ኣካላትና ክንሕከም ግዜ ክንወስድ ኣይንደልን ኢና። ቊስሊ ነፍስናኸ? ከምቲ ሥጋና ቀሲሉ ዘቆንዝወና፡ ከምኡ ነፍስና ብኃጢኣት ምስ መልአ፡ ናይ ሕልና ጸቕጢ፡ ዕረፍቲ ምስኣን፡ ርእስኻ ምንዓቕ፡ ሰብ ከይፈልጠካ ምሕባእ ዘኣመሰሉ ነገራት ይኸበና። ኣይንሕጕስን ከኣ። ንኣብነት ብዓለማዊ ኣተሓሳስባ ተጸሊኻ/ኺ፡ ነጻ ጾታዊ ርክብ ከም ምንጪ ታሕጓስካ/ኪ ክትገብሮ/ርዮ ይከኣል እዩ። ምስ ብዙሓት ብምኻድካ/ኪ ናይ ብሓቂ ሓጕስ ይህበካ/ኪዶ? ኣንጻር እቲ ኣምላኽ ኣብ ልብና ዘንበረልና ፍቕሪ እዩ። ሕይወትና ንሓደ እነፍቅሮ ሰብ ጥራይ ብምሃብና፡ ልዕሊ ጾታዊ ርክብ ዘሎ ምትሕልላይ ዘምጽኣልና ፍሉይ ሓጎስ ኣሎ። ብመንገዲ ፍኑው ጾታዊ ርክባት ዝኸይድ ግና ክረኽቦ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ እዩ ነቲ ቅኑዕ መንገዲ ክንፈልጦ ዘድልየና። ስለዚ እዩ ወንጌል ናብቲ ከሓጕሰና ዝኽእል መንገዲ ዝዕድመና ዘሎ። ሓጎስ ካብ ክፍኣት ምስ ወጻእና ጥራይ ክንረኽቦ እንኽእል። ብሓይሊ መንዚዕካ ወይ ሰሪቕካ እትበልዖ ከምቲ ብጻማ ረሃጽካ ከሓጕሰካ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ነቲ ቅኑዕ ንምረጽ። "ኦ እግዚኣብሔር ርእሰይ ክፈልጥ ጸጋኻ ሃበኒ። ነታ ቅንዕቲ መንገዲ ኣርእየኒ። ከም ቃልካ ክነብር እደሊ ኣሎኹ። ኣብ ሕይወተይ ኣቶ። ለውጠኒ። ኣሜን!"* |

<table>
<thead>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
</thead>
<tbody>
<tr>
<td>07<br>መጋቢት<br>(ሰኑይ)</td>
<td>ቲቶ 2፡ 11-15<br>1ዮሓ 5፡ 5-14<br>ማቴ 6፡1-19</td>
<td>
ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>መልእኽቲ ናብ ቲቶ 2 “እቲ ምድኃን ዜምጽእ ጸጋ ኣምላኽ ንኹሉ ሰብ ተገሊጹ እዩ። እዚ ንኽሕደትን ንዓለማዊ ትምኒትን ኃዲግና ኣብዚ ዓለም እዚ ገዛ ርእስና ብምግታእን ብጽድቅን ብመንፈሳውነትን ክንነብር ይምህረና። ከምዚ ኢልና ነቲ ብሩኽ ተስፋን ናይቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምግላጽን ክብርን ንጽበ ኣሎና። ንሱ ካብ ኃጢኣት ዘበለ ሓራ ምእንቲ ኬውጽእና፣ ንሠናይ ግብሪ ዚቐንኡን ንእኡ ዚዀንዎን ሕዝቢ ምእንቲ ኼንጽሕ ገዛእ ርእሱ በጃና ኣሓለፈ።” ይብለና።</li>
<li>1ይ መልእኽቲ ዮሓንስ 5 “ንዓለም እንስዕረላ ዓወት ከኣ እምነትና እያ። ንዓለም ዚስዕራኽ መን እዩ፣ እቲ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝዀነ ዚኣምንዶ ኣይኮነን? . . . እቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዚነብር ሰብ፣ ሕይወት ኣላቶ፣ እቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዘይነብር ሰብ፡ ሕይወት የብሉን። ንስኻትኩም ነዞም ብስም ወዲ ኣምላኽ እትኣምኑ፡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከም ዘላትኩም ኽትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ። ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመናዮ ከም ዚሰምዓና ስለ እንፈልጥ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ትብዓት ኣሎና።” ይብለና።</li>
<li>ወንጌል ማቴዎስ 6 ከኣ ብዛዕባ ምጽዋት፡ ጸሎት፡ ጾም ይዛረበና። “ሰብ ምእንቲ ክርእየኩም ኢልኩም ጽድቅኹም ከይትገብሩ ተጠንቀቑ። እንተ ዘይኮነ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ዓስቢ የብልኩምን። እምበኣር ክትምጽውት ከሎኻ፣ እቶም ግቡዛት፡ ብሰብ ምእንቲ ኺንኣዱ ኣብ ናይ ኣይሁድ ኣባይቲ ጸሎትን ዓበይቲ መገድታትን ከም ዚገብርዎ ኣብ ቅድሜኻ መለኸት ኣይትንፋሕ። ዓስቦም ከም ዝተቐበሉ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ንስኻ ግና ምጽዋትካ ብኅቡእ ምእንቲ ኪኸውን፣ ክትምጽውት እንኮሎኻ የማነይትኻ እትገብሮ ጸጋማይትኻ ኣይትፍለጦ፣ እቲ ብሥዉር ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግልጺ ኪፈድየካ እዩ። . . . ንስኻ ግና ክትጽሊ ከሎኻ፡ ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዓጺኻ ናብቲ ብሥዉር ዘሎ ኣቦኻ ጸሊ። እቲ ብሥዉር ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግልጺ ኪፈድየካ እዩ። . . . ንስኻ ግና ክትጸውም ከሎኻ ከም ዝጾምካ ነቲ ብሥዉር ዘሎ ኣቦኻ ደኣ እምበር ንሰብ ምእንቲ ኸይተርኢ ርእስኻ ቅባእ፣ ገጽካውን ተሓጸብ። እቲ ብኅቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግልጺ ኪፈድየካ እዩ።” ይብለና።</li>
</ul>
ወንጌል፡ ነፍስና ምእንቲ ከነድኅን ጸሎት፡ ጾም፡ ምጽዋት ክንለማመድ ከም ዘሎና ይነግረና። ቤተክርስቲያን ከኣ ምእመናን ኣብዚ ቅዱስ ተግባር ክዓብዩ ምእንቲ ኪኽእሉ፡ ጊዜ መዲባ ብቃል ኣምላኽን፡ ጸሎትን ኣሰንያ ኣብ ተግባር ጽድቂ ከም ዝዓብዩ ትገብር። ዕላማ ጾመርብዓ ከኣ ንሱ እዩ። ካብቲ ጠዋይ ወለዶ እንወፃሉ፡ ብእምነትና ንዓለም እንስዕረሉ ጊዜ እዩ። ንኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ፡ እቲ መድኃኒ ክንፈልጦን፣ ናይ ሕይወትና ጐይታን መድኅንን ክንገብሮን እንጐየሉ ጊዜ እዩ። ከመይ እቲ ቃሉ ‘እቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዚነብር ሰብ፣ ሕይወት ኣላቶ፣ እቲ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዘይነብር ሰብ፡ ሕይወት የብሉን’ ይብለና ኣሎ። ኢየሱስ ኣባና ከመይ ኢሉ ኪነብር ይኽእል? ነቲ ኢየሱስ ዝምሃረና ኩሉ ኣብ ኣእምሮናን፡ ኣብ ልብናን፡ ኣብ ተግባርና ከም ዝኣቱ ንምግባር መዓጹ ሕይወትና ምስ እንኸፍተሉ፡ ንሱ ኣባና ክነብር ይኽእል። ንእኡ ምስ ሓዝና ጥራይ ኢና ሕይወትና ትርጉም ዝህልዎ። እምበኣር ንካልኦት ጸመውቲ ክርስቲያን ክንመስል ኢልና ጾመርብዓ ኣይንጹም። ንሰብ ክንመስል ምስ እንገብሮ ዕላማ ጾምን ጸሎትን ክንስሕት ኢና። ጾመርብዓ ናይ ንስሓ ጊዜ እዩ። ብንስሓ ናብ ቤት ሰማያዊ ኣቦና ክንምለስ መሪጽና ማለት እዩ። ብዘይ ንስሓ ዝግበር ጾም፡ ባህላዊ ጾም ወይ ርእስኻ ምትዕሽሻው ጥራይ ኾይኑ ይተርፍ። ብጊዜ ጾም፡ ንዓለማዊ ትምኒትን ኃዲግና፡ ኣብዚ ዓለም እዚ ገዛእ ርእስና ብምግታእን (ሥጋዊ ባህግታትና ክንቈጻጸር)፡ ብጽድቅን (ፍትሒ፡ ሓቂ፡ ብዘይሻርነት ምንባር)፡ ብመንፈሳውነትን (ጸሎት፡ ቃል ኣምላኽ፡ ጾም፡ ምጽዋት) ክንነብር ኢና ንጽዋዕ ዘሎና። ሰብ ክርእየልናን ክንእደናን ኢልና እንገብሮ ዝዀነ ዓይነት መንፈሳውነት፡ ኣምላኽ ክቕበሎ ኣይኽእልን እዩ። ካብ ኃጢኣትና ክንወጽእ ዓቢይ ትሕትና የድልየና። ‘ረኣዩኒ፡ ረኣዩኒ’ ከይበልና - ንሕናን ኣምላኽናን ክንዕረቕ፣ ምስ ኣኅዋትና ክንዕረቕን ሰላም ክንገብርን ምስ እንኽእል ጥራይ እዩ ክንበጽሖ እንኽእል። እምበኣር ኣምላኽ ኣንፈትና ከይንስሕት እታ መንገዲ የርእየና ኣሎ እሞ፡ ንስዓብ። “ኦ ኣግዚኣብሔር፡ ካብ ክፉእ መንገደይ ክምለስ ጸጋኻ ሃበኒ። ናይ ሓቀይና ንስሓ ጸጋ ሃበኒ። ምስ ኣኅዋተይ/ኣኃተይ ክዕረቕ ትብዓት ሃበኒ። ነቶም ስኡናት ክዘክሮምን ክድግፎምን፡ ካብ ‘ንዓይ ይጥዓመኒ’ ኪወጽእ ኣኽእለኒ። ኣሜን!”
</td>
</tr>
</tbody>
</table>

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| **08 መጋቢት** (ሠሉስ) | ***ዘዳ*** 26፡ 4-10<br>***መዝ*** 91፡ 1-2, 10-15<br>***ሉቃ*** 4፡ 1-13 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘዳግም 26 ብዛዕባ ኣስራትን በኹራትን ይዛረበና። ብከፈር ገይሮም ካብቲ ኹሉ ናይ መጀምርያ ፍረ ምድሮም ናብ ቤተመቕደስ ኬምጽኡ ከም ዝኣዘዞም ንርኢ። “እቲ ካህን ከኣ ነቲ ኸፈር ካብ ኢድኩም ወሲዱ ኣብ ቅድሚ መሰውዒ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም የንብሮ። “. . . ሕጂ ኸኣ ኦ እግዚኣብሐር እንሆ መጀመርያ ፍረ እታ ዝሃብካና ምድሪ ኣምጺእና ኣሎና፡’ ኢልኩም ተዛረቡ። ሽዑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ከኣ ስገዱ።” እናበለ ከም ዝኣዘዞም ይነግረና።<br>• መዝሙር ዳዊት 91 ከኣ፡ “ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዚኅድር፡ ኣብ ጽላል እቲ ኹሉ ዚኽእል ይነብር። እግዚኣብሐር ‘ጸግዐይን ዕርደይን ዘውከሎ ኣምላኽይን ንስኻ ኢኻ’ ይብሎ። . . . ጥበበኛታት ምእንቲ ኽንከውንሲ እቲ ዕድሜና ሓጺር ምዃኑ ምሃረና። . . . ምሉእ ዕድሜና ኽንሕጐስን ባህ ኪብለናንሲ ንግሆ ንግሆ ዘለዓለማዊ ምሕረትካ ኣጽግበና። ብመጠን እተንዘጨነቕካና መዓልታትን፡ ክፉእ ዝረኣናለን ዓመታትን ኣሓጒሰና።” እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ሉቃስ 4ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ብድያብሎስ ከም ዝተፈተነ ይነግረና። “ኢየሱስ መንፈስ ቕዱስ መሊእዎ ኻብ ዮርዳኖስ ተመልሰ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ናብ በረኻ መሪሑ ወሰዶ። ብድያብሎስ ድማ ነርብዓ መዓልቲ ተፈተነ። በተን መዓልታት እቲኣን ገለ እኳ ኣይበልዐን፣ ንሳተን ምስ ተወድኣ ጠመየ። ድያብሎስ ድማ ‘ወዲ ኣምላኽ እንተ ዄንካስ እስከ ነዚ እምኒ እዚ እንጌራ ኪኸውን ኣዝዞ’ በሎ። ኢየሱስ ከኣ ‘ሰብ ብኹሉ ቃል ኣምላኽ ኣምበር፡ ብንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ’ ዚብል ተጻሒፉ ኣሎ’ ኢሉ መለሰሉ።” ደጊሙ፡ ዲያብሎስ ንኢየሱስ ክሰግደሉ ፈተኖ፣ ኢየሱስ ግና ‘ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ስገድ፡ ንእኡ በይኑ ድማ ኣምልኽ’ ዚብል ጽሑፍ ኣሎ’ ይብሎ። ኣብ ሳልሰይ፡ ዲያብሎስ ንኢየሱስ ካብ ላዕሊ ቤተመቕደስ ኪውርወር ፈተኖ። ኢየሱስ ግና ‘ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ’ ዚብል ድማ ኣሎ’ ኢሉ ከም ዝመለሰሉ ነንብብ።<br><br>ዲያብሎስ ኢየሱስ ንድኻነትና ከም ዝመጸ ኣስተውዒሉ፡ ብዝብላዕ ብዝስተ፡ ብስልጣን ናይዛ ዓለም፡ ከምኡውን ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብትእምርቲ ንጃህራ ክርአ ይደፋፍኦን ይፈታተኖን። ካብታ ተልእኮኡ ከሰናኽሎ ንማለት እዩ። ኢየሱስ ነቲ ፈታኒ (ሰይጣን) ብከመይ ብቃል ኣምላኽ ክንገጥሞን ክንስዕሮን ከም እንኽእል የርእየና ኣሎ። ብዙሓት ሰባት ንሃብቲ ንስልጣን ንዝብላዕ ንዝስተ ክብሉ ንሰይጣን የገልግሉ ኣለዉ። ብሕይወት ምንባር ካብ ምብላዕ እንጌራ ጥራይ ከም ዘይኮነ፡ እንታይ ደኣ ካብቲ ካብ ኣፍ እግዚኣብሔር ብዚወጽእ ቃልን፡ ብሓልዮቱን ከም እንነብር ዘሎና ኣነጺሩ ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ። ነዚ ክንኣምን ወይ ክንርድኦ ዘይከኣልና ድማ ብዙሓት ኢና። ቃል እምነት ግና ኣብ ቀረባና፡ ኣብ ኣፍናን ኣብ ልብናን እዩ ዘሎ። ኢየሱስ ከም ወዲ ኣምላኽ ጐይታ ሰማይን ምድርን ምዃኑን፡ ብመስቀሉ ካብ ማእሰርቲ ሰይጣንን ኀጢኣትን ከም ዘድኃነናን ምእማንን፣ ነቲ ዝኣመነዮ ብቃልን ግብርን ብምምስካርን ኢና እንድኅን። እቶም ብእኡ ዝኣመና ኣይንሓፍርን ኢና። ስሙ ጸዊዕና ከኣ ክንድኅን ኢና። ኣብ ጽላልን ጸግዕን እቲ ሰማያዊ ኣቦና ኢና ዘሎና። ንሱ እዩ ከምቲ ንደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ብሓያል ቅልጽሙ መንዚዑ ዘውጽኦም፣ ከምኡ ንነፍሲ ወከፍና ካብ ጸልእትና የድኅነናን ይከላኸለልናን እዩ። ከምቲ ዘተሰፈወና ኣብዚሑ ምእንቲ ኪባርኸና፣ ካብቲ ኩሉ ፍረ ስራሕና ንቤተክርስቲያን (ንኣምልኾን ኣገልግሎቱን) ኣስራትን መባእን ምውፋይ ከኣ ግዴና ምዃኑ ይነግረና ኣሎ። ክንሰግደሉን፡ ትእዛዛቱ ክንሕልውን ድሌቱን ምዃኑ ይነግረና ኣሎ። ከም ኣባል እዚ ሕዝበ ኣግዚኣብሐር ግዴኻ/ኺ እንታይ እዩ? ንዕብየትን ሕንጸትን ቤተክርስቲያን እንታይ ኣበርኪትካ/ኪ? ካብ ጊዜኻ/ኺ፡ ጉልበትካ/ኪ፡ መባእካ/ኪ ወይ ወፈያኻ/ኺ እንታይ ሂብካ/ኪ? ‘ክርስቲያን እየ’ ክንብል ከሎና፡ ‘ንክርስቶስ እሰዕብ ኣሎኹ’ ማለት እዩ። ፍቕሪ ክርስቶስ ሒዝኻ/ኪ ናብ ዙርያኻ ዘለዉ ሰባት ምብጻሕ ማለት እዩ። ፍሸኽታ፡ ዕርቂ፡ ሰላም፡ ምሕረት፡ ደገፍ፡ ሓልዮት፡ ሕውነት፡ ፍቕሪ ነርእዮምዶ? እዚ እዩ ልዕሊ እንጌራ ንሰብ ዘድልዮ ዘሎ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንድያብሎስ እንስዕረሉ ጥበብ ሃበና። ነፍስና ምእንቲ ዝብላዕ እንጌራ ወይ ሃብቲ ንምጥራይ ኢልና ከይንሸይጥ ሓልወና። ፍረ ስራሕናን መባእናን ሒዝና ናብ ቤተመቕደስካ ከነቕርብን ክንሰግደልካን ክነምልኸካን ኣብቅዓና። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 09<br>**መጋቢት**<br>**(ረቡዕ)** | **ኢዩኤል** 2፡ 12-18<br>*መዝ* 51፡ 3-6, 12-14, 17<br>*ማቴ* 6፡ 1-6, 16-18 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢዩኤል 2ይ ምዕራፍ እግዚኣብሔር ተነስሑ ኢሉ ከም ዝጸውዐ ይነግረና። "እግዚኣብሔር 'እምበእርሲ ሕጂውን ብጾምን ብብኽያትን ብቍዘማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ። ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቕደዱ' ይብል ኣሎ። ንሱ ንኩራ ደንጓዪ፣ ብምሕረት ከኣ ምሉእ፣ ካብ ኪቐጽዕ ኪርኅርኅን ኪምሕርን እዩ ዚፈቱ እሞ፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተመለሱ። . . . ኣብ እምባ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፡ ጾም ኣውጁ፡ ኣኼባ ጸውዑ። ሕዝቡ ኣክቡ፡ ቅዱስ ጉባኤ ኸም ዘሎ ንገሩ፡ ኣረገውቲ ኣክቡ፡ ቆልዑ ጡብ ዝጠብዉን ኣክቡ። መርዓዊ ካብ ቤቱ ይውፃእ፡ መርዓት ከኣ ካብ ሕልፍኻኣ ትውፃእ። እቶም ካህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር ኣብ መንጎ ኣፍ ደገ ቤት መቕደስን መሠውዕን ኮይኖም 'ኦ እግዚኣብሔር፡ ንሕዝብኻ ንሓፎ፡ ንርስትኻ ኣሕዛብ ኪገዝእዎ ኣኅሊፍካ ኣይትሃቦ። ስለምንታይከ ኣሕዛብ 'ኣምላኽኩም ኣበይ ኣሎ? እናበሉ ዜላግጹልና' ኢሎም እናጸለዩ ይብከዩ።" ይብለና።<br>• *መዝሙር 51 ከኣ "ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፡ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ኣነ ንኣኻ ፡ ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሜኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ኽትፈርደኒ ሓቅኻ ኢኻ እንተ ቀጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ። . . . ሓጎስ ምድኃንካ ምለሰለይ፡ ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ። . . . ኦ ኣምላኽ፡ እቲ ንኣኻ ዘቕርቦ መሥዋዕተይ ትሑት መንፈስ እዩ፣ ንስኻ ድማ ንትሑትን ንዝተጣዕሰን ልቢ ኣይትንዕቆን ኢኻ።"* እናበልና ክንጽሊ ይምህረና።<br>• *ወንጌል ማቴዎስ 6ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ምጽዋት ጸሎት ጾም ይምህረና። "ብሰብ ክትርኣዩ ኢልኩም ጽድቅኹም ከይትገብሩ ተጠንቀቑ። . . . ንስኻ ክትምጽውት ከሎኻ . . . ኣብ ቅድሜኻ መለኸት ኣይትንፋሕ። . . . ንስኻ ክትጽሊ ከሎኻ፡ ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዓጺኻ ናብቲ ብሥዉር ዘሎ ኣቦኻ ጸሊ። . . . ንስኻ ግና ክትጸውም ከሎኻ ከም ዝጾምካ ነቲ ብሥዉር ዘሎ ኣቦኻ ደኣ እምበር ንሰብ ምእንቲ ኸይተርኢ ንርእስኻ ቀባእ፣ ገጽካውን ተሓጸብ። እቲ ብኅቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ብግልጺ ኪፈድየካ እዩ።" ይብለና።*<br><br>እቲ ቃሉ ኣነጺሩ ይነግረና ኣሎ። ጾመርብዓ ናይ ጸሎትን ጾምን ንስሓን ግብረ ሰናይን ግዜ እዩ። ኩሉ ንጃህራ ዘይኮነስ፣ ብትሕትና ንመንፈሳዊ ሕይወትና ንምልዋጥ ጥራይ እዩ ክግበር ዘለዎ። ብበደላትናን ኃጢኣትናን ብምስትውዓል እንንስሓሉ ግዜ እዩ። ንስምዒትን ድሌትን ስጋና ዓጊትና ናብ ጸሎት እነድህበሉ ግዜ እዩ። ነፍስና ናብ ኣምላኻ ንምቕራብን፡ ዝምድንኣ ንምሕያልን እትለማመደሉ ግዜ እዩ። ካብ ዋኒን ሥጋና ህድእ እንብለሉ ግዜ እዩ። ንቃል ኣምላኽ ንምስማዕን ንጸሎትን ግዜ እነወፍየሉ ናይ ድሕነትና ምሹእ ግዜ እዩ። ሎሚ መለኸት ኣዋጅ ንስሓ ይንፍሓልና ኣሎ። ንጸዋዒቱ ንስምዓዮ ዕሽሽ ኣይንበሎ። ንኣምላኽ ከነሓጕስ እንለፍዓሉ ግዜ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ናይ ኃጥኣትና ጾር እነራግፈሉን ምስ ኣሕዋትናን ኣሓትናን እንዕረቐሉን፣ ናይ ሕልና ዕረፍት እንሽምተሉን ግዜ እዩ። ኣብ ቤት ኣቦና ተመሊስና ብኽብርን ሓጎስን ንምንባር እንጅምረሉ ግዜ እዩ። ወልፊ ባእሲ፡ ወልፊ ሕሜታ፡ ወልፊ ዝሙት፡ ወልፊ መስተ፡ ልምዲ ስርቂ ዝብተኸሉ ግዜ ክኸውንን፣ ሥድራቤታት ፍቕረን ናብ ንቡር ዝምለሰሉን ናይ ፈውስን ምድሓንን ግዜ እዩ። ካብ ሕማም ስጋና ንኽንፍወስ ኣብ ኣሎ ዝበሃል ሕክምናታት ንኸይድን ብዙሕ ግዜን ጉልበትን ገንዘብን ነጥፍእ። ነፍስና ምእንቲ ክትፍወስ ናብ ቤት ኣምላኽ መጺና ክንሳሕ ክንደይ ክወስደልና ይኽእል? የርክበሉ እየ እናበልና ሞት ከይተርክበና ንጠንቀቕ! ኣስተውዒልናሉዶ ንፈልጥ? ኑዛዜ ወይ ምሥጢረ ንስሓ ንብዙሓት ኣዝዩ ይኸብደና። እንተኾነ ኃጢኣትና ንክንደይ ኣዕሩኽትና መሓዙትና ንነግሮም ኢና። ኃጢኣትናስ እቶም ኣብ ዙርያና ዘለዉ ሰባት ኩሉ ጊዜ ይርእይዎ ኣለዉ። ክንሕሱ፡ ክንጠልም፡ ክንበኣስ፡ ክንጻረፍ፡ ዕርቂ ክንኣቢ፡ ክንቕጣዕ፡ ክንዕበ ወይ ክንጀሃር፡ ክንዓብድ ከሎና ይርእዩና ኣለዉ። እቶም 'ከመይ ገይረ ኃጢኣተይ ናብ ሰብ ዝኸማይ ካህን ከይደ ይናዘዝ? ከቢድ እዩ፣' እንብል ሰባት ከም ዘሎና ርግጽ እዩ። እቲ ጸገም ግና ኃጢኣት ከም ዝገበርና ወይ ከም ዝበደልና ብልብና ስለ ዘይኣመና ጥራይ እዩ። ብኃጢኣትና ክንርታዕ፡ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ የድልየና። እምበር ብጽራይን ምንጻሕን ዝጸልእ ሰብ የልቦን። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ናብ ልበይ ጸጋኻ ኣውሕዝ። ንኃጢኣተይ ክፈልጦ ሓግዘኒ። 'ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፡ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ኣነ ንኣኻ ፡ ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ' ኪብል ግበረኒ። ኦ ጐይታ ምሓረኒ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 10<br>**መጋቢት**<br>(ሓሙስ) | **ዘዳ** 30፥ 15-20<br>**መዝ** 1፥ 1-4, 6<br>**ሉቃ** 9፥ 22-25 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘዳግም ምዕራፍ 30 ብዛዕባ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ምስ ተመለስካ ዚርከብ ጸጋ ይዛረበና። “ሎሚ ሕይወትን በረኸትን ኣብ ቅድሜኹም ኣንቢረልኩም ኣሎኹ። ብሕይወት ምእንቲ ኽትነብሩን ክትበዝሑን፡ ኣብታ ኽትወርስዋ እትኣትውዋ ዘሎኹም ሃገር፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ምእንቲ ኺባርኸኩም ድማ፡ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ከተፍቅርዎ፡ ብመንገዱ ኸኣ ኽትኸዱ፡ ትእዛዛቱን ሕግታቱን ፍርድታቱን ድማ ኽትሕልዉ፣ ኣነ ሎሚ እእዝዘኩም ኣሎኹ። . . . እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ሕይወትኩም እዩ እሞ፡ . . . ኣፍቅርዎ፡ ቃሉ ድማ ስምዑ፡ ናብኡውን ልገቡ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 1 ከኣ “ምኽሪ ኽፉኣት ሰባት ዘይሰምዕ፡ ብመንገዲ ኃጥኣን ከኣ ዘይኸይድ፡ ኣብ ኣኼባ መላገጽቲ ድማ ዘይጽምበር፡ እኳ ደኣ ንሕጊ እግዚኣብሔር ብምእዛዝ ዚሕጐስ፣ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዜስተንትኖ ሰብ ብፁዕ እዩ። ንሱ ኸምታ በብእዋኑ ፍሬኣ እትህብ፡ ቈጽላ ዘይነቅጽ፡ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም እዩ። ዚገብሮውን ኩሉ ይሰልጦ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ ምዕ. 9 ከኣ ብዛዕባ ምእንቲ ክርስቶስ ርእስኻ ምኽሕድ ይምህረና። “ኢየሱስ ንኹሎም ከምዚ በሎም። ‘ዝኾነ ሰብ ደድኅረይ ኪስዕብ ዚደሊ ገዛእ ርእሱ ይኽሓድ፡ መዓልቲ መዓልቲውን መስቀሉ ተሰኪሙ ይስዓበኒ። ምኽንያቱ እቲ ንነፍሱ ኼድኅና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ፣ እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ግና ኬድኅና እዩ። ሰብከ ንብዘላ ዓለም ረቢሑስ ንነፍሱ እንተ ጐድአ ወይ እንተ ኣጥፍአ እንታይ ይጠቕሞ?” ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦና ስለ ዝኾነ የፍቅረና እዩ። ከም ውሉድ ከነፍቅሮን ኣብ ቤቱ ምስኡ ክንሕጐስን ክነብርን ይደልየና። ከመይ ብዘይካኡ ሕይወት የብልናን። ብትእዛዛቱን ብመንገዱ ክንመላለስ ከሎና ከምታ ኣብ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዘላ ኦም ንኸውን። ኩሉ ግዜ ንልምዕን ንፈርን። ሕይወትና እንተ ረኣናዮ ግና፡ ናብቲ ዘየርብሓናን ዘየሓጉሰናን ግዜያዊ ነገራት ጥራይ ነድህብ ኣሎና። ሥጋና ንዝረኣዮን ንዝበሃጎ ነገራት “ሃበኢ ሃበኒ” ጥራይ እዩ ዝፈልጥ። ክንገትአ እንተ ዘይክኢልና፡ ናብ ገደል የእትወና። ንሥጋና እንተ ተገዚእናዮ ነቲ ዘተሰፈወና ሓጎስ ስለ ዘይህበና ኣብ መወዳእታኡ ንኸስር። ንቃል ክርስቶስ ሰሚዕናን ኣሚናን  ክንስዕቦ ከሎና ግና፡ ማለት በታ ጸባብ እትመስል መንገዱ (መንገዲ መስቀል) ክንጕዓዝ ምስ ጀመርና ካልእ ክንግምቶ ዘይንኽእል ናይ ሓጎስ ሕይወት ንጅምር። ኣመለኻኽታና ይቕይር። ሃብቲ ናይዛ ዓለም ሃብቲ ኮይኑ ኣይስምዓናን፣ ፍትወት ሥጋና ምፍጻም ሓጎስ ኮይኑ ኣይረኣየናን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ካብ ኣምላኽ ጥራይ ኪመጽእ ዚኽእል ናይ መንፈስ ውህበትን ፍረን ዝኾነ ፍሉይ ፍቕሪ፡ ሓጎስ፡ ሰላም፡ ትዕግሥቲ፡ ልግሲ፡ ሕያውነት፡ እሙን ምዃን፡ ለውሃትን፡ ርእስኻ ምግታእን በቲ ዛራ መንፈስ ቅዱስ እናጠለለ ኣባና ይፈሪ። ሕጎስና ከኣ መወዳድርቲ ኣይርከቦን። ኣብነት ቅ. ፍራንቸስኮስ ካብ ሃብቲ እዛ ዓለም እዚኣ ድኽነት ብሓጎስ ኪመርጽ ንርእዩ። ናይ ሥጋን ዓለምን ነገራት ምኽሓድ፣ ምኽንያት ሰማያዊ ሃብቲ ምጥራይ ይኾነና። ነታ ብዓይኒ ሥጋ ዘጥፋእናያ ዝመስለና ሕይወትና ከምቲ ናይ ቅዱሳን ዝበለጸትን ዝደመቐትን ኮይና ትወጽእ። እስከ ሕሰብ/ቢ፡ ንኣኻ/ኺ ቃል ኣምላኽ ንሕወትካ/ኪ ከም ዘተርክስን ዘጥልልን ዘልምዕን ዘፍርን ዘይኮነስ፣ ከም ሓጎስካ/ኪ ዝድርት ሓጹርዶ ኮይኑ ይርአየካ/ኪ? ንኣብነት፡ ዓለም ፍኑው ጾታዊ ርክብ ከም ነጻነትን ሓጎስን የቕርበልካ፣ ቃል ኣምላኽ ግና ነዚ ከም ኃጢኣት ማለት ከም ንሓጎስና ዝቐትል መርዚ ገይሩ የቕርበልና። ኣብ ሞንጎ ንምሉእ ሕይወት ክእቶ ዘለዎ ናይ ፍቕሪ ዝምድናን፡ ኣብ ሞንጎ ሓላፍነት ክወስድ ዘይደሊ ጊዜያዊ ሥጋዊ ርክብን ኣየናይ ይምረጽ? ኣየናይ መንገዲ እዩ ንሕወትና ዘልምዖ? ዓቐን ዘይብሉ መስትን ስኽራንንዶ ወይስ ርእስካ ምግታእ ይሓይሽ? ጸርፍን ባእስንዶ ወይስ ዕርቅን ሰላምን ሕውነትን ይሓይሽ? እምበኣር ኣስተውዒልና ንሕሰብ። ነቲ ዝሐሸና ከኣ ንምረጽ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ ነዚ ቃል መስቀል ንምርዳእ ጸጋኻ ሃበና። ነቲ ኣብ መንግሥትኻ ብምንባር ጥራይ ክርከብ ዝኽእል ሰማያዊ ጸጋ ንምርኣይ ኣኽእለና። ብመንፈስ ቅዱስካ ኣብዚ ጾመርብዓ እዚ ለውጠና። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 11<br>**መጋቢት**<br>(ዓርቢ) | *ኢሳ* 58፡ 1-9<br>**መዝ** 51፡ 3-6, 18-19<br>**ማቴ** 9፡ 14-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 58 ብዛዕባ ሓቐኛ ጾም ይዛረበና። "ኣፍካ መሊካ ጨድር፡ ኣይተቋርጽ፡ ድምፅኻ ኸም መለኸት ዓው ኣብል፣ ንሕዝበይ ኣበሳኦም፡ ንቤት እስራኤል ድማ ኃጢኣቶም ንገሮም። ንሳቶም ብመንገደይ ኪመላለሱ ከም ዝፈትዉ መዓልቲ መዓልቲ የምልኹኒ፣ ከምቲ ጽድቂ ዝገብርን፡ ሕጊ ኣምላኹ ዘይኃደገን ሕዝብስ ቅኑዕ ሕጊ ኻባይ ይደልዩ፣ ፈትዮም ዜምልኹኒ ኽኣ ይመስሉ። . . . እንሆ ብመዓልቲ ጾምኩምሲ ተግባርኩም ኢኹም እትገብሩ ፡ ንግዙኣትኩም ድማ ትገፍዕዎም ኣሎኹም። ክትጾሙ ከለኹም ትበኣሱን ትከራኸሩን ብሕሱም ጉስጢት ትዋቐዑን ኣሎኹም። ጸሎትኩም ኣብ ላዕሊ ከም ዝስማዕ ጌርኩም ሎሚ ኣይትጾሙን ኢኹም ዘሎኹም" እናበለ፡ ትርጉም ጾም፡ ፍትሒ ምውጻእን፡ ንጥሙይ እንጌራኻ ምምቃልን፡ ንድኻ ስደተኛ፡ ንዕሩቕ፡ ከምኡውን ንጽጉም ቤተሰብና ክንሕግዝ ከም ዝኾነ ይነግረና።<br>• ስለዚ እዩ መዝሙር 51፡ "ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣለኹ፡ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ኣነ ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፡ ኣብ ቅድሜኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ክትፈርደኒ ሓቕኻ ኢኻ፡ እንተ ተቐጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ።" እናበልና ክንሳሕ ዝምህረና ዘሎ።<br>• ኣብ ወንጌል ማቴዎስ 9 ከኣ "ንሕናን ፈሪሳውያንን ብዙሕ ንጸውም፣ ደቀ መዛሙርትኻ ደኣ ንምንታይ እዮም ዘይጾሙ?" ኢሎም ንኢየሱስ ከም ዝሓተትዎ ይነግረና። ንሱ ከኣ "መርዓዊ ምስኣቶም ከሎዶ ኣዕሩኽ መርዓዊ ኪኃዝኑ ይኽእሉ እዮም? ግናኸ መርዓዊ ካብኦቶም ዚውሰደላ መዓልቲ ክትመጽእ እያ፣ ሽዑ ከኣ ክጾሙ እዮም።" ኣናበለ ከም ዝመለሰሎም ይነግረና።<br><br>ኢየሱስ ንሓጎስን ንጾምን ጊዜ ከም ዘለዎ ይነግረና። ንጾመ-ርብዓ ንኣቱ ኣሎና። እዚ ግዜ እዚ ከኣ ናይ ጾምን ጸሎትን ግብረ-ሠናይን ጊዜ እዩ። ፍትሒ፡ ዕርቂ፡ ሰላም፡ ምትሕግጋዝ እንዕለመሉ ምሹእ ግዜ እዩ። ካብ ኃጢኣትና እንንስሓሉን፡ ናብ ኣምላኽ ናብ ቤት ኣቦና እንምለሰሉን ግዜ እዩ። "ካብ ሰበይ ንላዕሊ ኣይኃጣእኩን" ምባል ናይ ትዕቢት ሓሳባትን ዘረባን ንግደፎ። "ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፡ ምሓረኒ፣" ዝብለሉ ግዜ እዩ። ከምቲ መኪና ናብ ጋራጅ ኣእቲና፡ ንዝተበላሸወ ክፋላ እንቕይሮ፡ ንዝዘለቐ እንኣስሮ፡ ብዘይትን ግራሶን ኩሉ ክፋላታ እነለሳልሶን፡ እነሓድሳን፣ ከምኡ ከኣ ነፍስና በዚ ጊዜዚ ትሕደስ። ናይ ማኪናና ምሕዳስ ዕላማ ጽቡቕ ከተገልግለና ክኸውን ከሎ፣ ከምኡ ከኣ ዝተሓደሰት ነፍስና ምስ ኣምላኽናን ብጾትናን ብፍቕሪ ንምንባር ምእንቲ ክትኽእል እዩ። ከመይ ፍቕሪ መሠረት ኩሉ ሓጎስና እዩ። ንፍቕሪ ዘይፈልጥ ሰብ ኪሕጎስ ኣይኽእልን እዩ። ብሓይልና፡ ብገንዘብና፡ ወይ ከኣ ብዓለማዊ ጥበብና/ፍልጠትና ክንዕድጋ ከኣ ኣይንኽእልን ኢና። ካልእ ኣቛራጭ መንገዲ ከኣ የብላን። እግዚኣብሔር እቲ ከየፍቀርናዮ ዘፍቕረና ኣቦና እዩ። ነታ እንምለሰላ መንገዲ እናጠመተ ብሃንቀውታ ይጽበየና ኣሎ። ናብ ቤት ኣቦና ንመለስ። "ኦ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ውሉድካ ክበሃል ኣይበቅዕን እየ፡ ከም ሓደ ካብቶም ግዙኣትካ ኮይነ ኣብ ቤትካ ክነብር ጥራይ ፍቐደለይ! ኣብ ቤትካ ምንባር ግና ሃረር እብል ኣዕኩ። ንፍቕርኻ ንክርዳእ ጸጋኻ ሃበኒ።" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| 12<br>**መጋቢት**<br>(ቀዳም) | **ኢሳ** 58፡ 9-14<br>**መዝ** 86፡ 1-6<br>**ሉቃ** 5፡ 27-32 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኢሳይያስ ነቢይ 58 ገና ይዛረበናኣ ኣሎ። "ሽዑ ኽትጽውዑኒ፡ ኣነ ኸኣ ኽምልሰልኩም፣ ከተእውዩ፡ ኣነ ኸኣ እኔኹ ክብለኩም እየ። . . . ሽዑ ብርሃንኩም ኣብ ጸልማት ኪበርህ፡ ጸልማትኩምውን ከም ፀሓይ ቀትሪ ኺኹላዕ እዩ። ኣነ ከኣ ንኩሉ ግዜ ኽመርሓኩም፡ ብጽቡቕ ነገር ከጽግበኩም፡ ጥዕናን ኃይልን ክህበኩም እየ፣ ንስኻትኩም ከኣ ኸም ዝሰተየ ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ ዓይኒ ማይ ክትኮኑ ኢኹም።" ይብለና።<br>• መዝሙር 86 ከኣ "ኣ እግዚኣብሔር መስኪንን ድኻን እየ እሞ፡ ስምዓኒ፣ መልሲውን ሃበኒ። ብኣኻ እየ ዝእመን እሞ ንሕወተይ ካብ ሞት ሓልዋ። ኦ ኣምላኸይ፡ ኣባኻ እየ ዝውክል እሞ ንኣይ ንባርያኻ ኣድኅነኒ። . . . ኦ እግዜኣብሐር ሕያዋይን ንይቕርሬታ ድልውን ኢኻ፣ ናባኻ ንዘእውዩ ኹሎም ከኣ ብዓል ዓቢይ ምሕረት ኢኻ።" እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ሉቃስ 5 ብዛዕባ ጸዋዕታ ማቴዎስ ይነግረና። "ሊዊ ድማ ኣብ ቤቱ ንኢየሱስ ዓቢይ ምሳሕ ገበረሉ፣ ብዙኃት ተቐበልቲ ቐረጽ ካልኦትውን ምስኣቶም ኣብ መኣዲ ተቐሚጦም ነበሩ። ፈሪሳውያንን እቶም ወገኖም ዝኾኑ መማህራን ሕግን ድማ ንደቀ መዛሙርቱ "ስለምንታይከ ምስ ተቐበልቲ ቐረጽን ኃጥኣንን ትበልዑን ትሰትዩን ኣሎኹም?" እናበሉ ኣዕዘምዘሙሎም። ኢየሱስ ከኣ "ሓኪምሲ ሕሙማት ኣምበር ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም። ንኃጥኣን ናብ ንስሓ እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን" ኢሉ መለሰሎም።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንኣና ነቶም ብኃጥኣትና እንሓፍርን ንኣምላኽ ዘይንበቅዕ ምዃና ዘስተውዓልናን ድኅነት ሒዙልና ናብ ቤትና ናብ ልብና ይመጽእ። ንከነግልግሎ ከኣ ይጽውዓና። ኢየሱስ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዘውረዶ ዕላማ ነቶም ካብ ኣምላኽ ርሒቑና ዘሎና ናብ ቤት ሰማያዊ ኣቦና ንክመልሰና ጥራይ እዩ። ኢየሱስ ብኣና ኃጢኣተኛታት ኣይሓፍርን እዩ። ንሱ ፈውስና ንሱ መድኃኒትና እዩ። "ኣ እግዚኣብሐር መስኪንን ድኻን እየ እሞ፡ ስምዓኒ፣ መልሲውን ሃበኒ።" እንብለሉ ሰዓት ሎሚ እዩ። እግዚኣብሐር ሕያዋይን ንይቕሬታ ድልውን እዩ። ንሱ ንጸልማትና የብርሆ፡ ብንኸዶ መንገዲ ኸኣ ይመርሓና። ነቲ ዝደረቐ መንፈሳዊ ሕይወትና ብወሓዚ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ የተርክሶ፡ ከም እንደገና ከምዝሕደስን ዝጥጥዕን ይገብሮ። ኃጥያተኛ ዘይነበረ ቅዱስ የልቦን። ነቶም ልባቶም ዚኸፍትሉ ኃጢኣተኛታት ኣምላኽ ሓደስቲ ፍጥረት ይገብሮም። ከም ዝልምዑን ዝዕንብቡን ዚፈርዩን ድማ ይገብሮም። ንስኻ/ኺ፡ ኣነ፡ ኩላትና ሥድራቤት ቅዱሳን ኢና። ምሳታቶም ሕብረት ኣሎና። ወለዶና ጸብጺብና ብኣታቶም ክንሕበንን፡ ንኣታቶም ክንመስልን ተጸዊዕና ኢና። ቅድስና ከም ዘይምልከታና ብማዕዶ እንጥምቶ ነገር ኣይኮነን። ናብቲ ቅዱስ እግዚኣብሐር ምስ ተጸጋዕናን ምሕረቱ ምስ ደለናን ዝጅምር ሕይወት እዩ። ስለዚ ሎሚ ኃጢኣትና ብምንስሓ ንበገስ። ኣብ ማሕበር ቅዱሳን ንእቶ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንስኻ ሕኪመይ ንስኻ ፈውሰይ ምዃንካ እኣምን ኣለኹ። ናብ መንበረ ንዙዜ ክኣቱ ትብዓት ሃበኒ። ካብ ኃጢኣተይ ኣንጽሓኒ። ወዲ መዝሙርካ ክኸውን ሃረር እብል ኣሎኹ። ንሌዊ ምስ ጸዋዕካዮ፡ ኩሉ ገዲፉ ብድድ ኢሉ ሰዒቡካ። ሎሚ ትጽውዓኒ ከም ዘሎኻ ድምጽኻ እሰምዕ ኣሎኹ። ኩሉ ምኽንያታት ገዲፈ ክስዕበካ ክውስን ሓይልኻ ሃበኒ። ኣኽእለኒ ጐይታይ። ሓደ/ሓንቲ ካብቶም ጻዕዳ ክዳን ተኸዲኖም ስየ ሒዞም ኣብ ዙርያ ዙፋንካ ዘዝይሙልካን ዝውድሱኻን ክኸውን ከም ዝበቕዕ ግበረኒ። እሜን!" |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - 2ይ ሰሙን ጾመ ኣርብዓ

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

***መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ከሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"***

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ<br>ሰንበት - ዘምኲራብ</th></tr>
<tr>
<td>13<br>መጋቢት<br>2016</td>
<td>ሮሜ14፥19-23<br>ያዕ 2፥ 1-14<br>ግሓ 23፥1-11<br>ማቴ 4፥ 1-12</td>
<td>
ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>መልእኽቲ ናብ ሮማ 14 "እምበኣር ኣሰር ሰላምን እሰር እቲ ንሓድሕድና እንተሓናነጸሉ ነገርን ንስዓብ። ብምኽንይት ብልዒ ንሥራሕ ኣምላኽ ኣይተፍርሶ፣ ብርግጽ ምግቢ ዘበለ ኹሉ ንጹሕ እዩ። እንተኾነ ሓውኻ ዝዕንቀፈሉ ምብላዕ በደል እዩ። ሥጋ ዘይምብላዕ፡ ወይኒ እውን ዘይምስታይ ወይ ኃውኻ ዚዕቀፈሉ ዘይምግባር ሠናይ እዩ። እምበኣርከ እምነትካ ኣብ ሞንጎኻን ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ይኹነልካ።" ይብለና።</li>
<li>መልእኽቲ ያዕቆብ ከኣ "ኣቱም ኣኅዋተይ! በቲ ክቡር ጐይታ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ እትእመኑ ስለ ዝኾንኩም ኣድልዎ ኣይትግበሩ። ኣብ መንፈሳዊ ኣኼባኹም ሓደ በዓል ቀለቤት ወርቂ፡ ጽሩይ ክዳን ዝተኸድነ ሰብኣይን፡ ሓደ ድኻ ረሳሕ ዝተኸድነ ሰብኣይ እንተ ኣተዉ፣ እሞ ነቲ ጽሩይ ክዳን ዝተኸድነ ብምድላው፡ 'ንስኻ ኣብዚ ጽቡቕ ሥፍራ ተቐመጥ' እንተ በልኩምዎ፡ ነቲ ድኻ ግና 'ንስኻ ኣብቲ ደው በል፡ ወይስ ኣብዚ ኣብ መርገጽ እግረይ ተቐመጥ' እንተ በልኩምዎ፡ ብኽፉእ ሓሳብ ተመሪሕኩም ኣብ ነሓድሕድኩምዶ ብምድላው ትፈርዱ ኣየለኹምን?" . . . 'ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅር' ዚብል ዓቢይ ሕጊ እንተ ድኣ ብሓቂ ፈጺምክምዎ ሠናይ ትገብሩ ኣሎኹም። ኣድልዎ እንተ ገበርኩም ግና ኃጢኣት ትገብሩ ኣሎኹም።" ይብለና።</li>
<li>ግብረ ሓዋርያት 23 ብዛዕባ ጳውሎስ ኣብ መጋባእያ ኣይሁድ ንፍርዲ ከም ዝቐረበ ይነግረና። "ሽዑ ጳውሎስ ነቶም መጋባእያ ኣተኲሩ እናጠመተ 'ኣቱም ኣኅዋተይ፡ ኣነ ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብኹሉ ቕኑዕ ሕልና እየ ዝተመላለስኩ' በሎም። . . . 'እቱም ኣኅዋተይ፡ እነ ፈሪሳዊ ወዲ ፈሪሳዊ እየ፣ ምዉታት ከም ዚትንሥኡ ተስፋ ስለ ዝገብር ከኣ እዩ ዚፍረደኒ ዘሎ' በሎም። እዚ ምስ ተዛረበ ኣብ ሞንጎ ፈሪሳውያንን ሰዱቓውያንን ባእሲ ኮነ፣ እቲ ኣኼባውን ተኸፋፈለ። . . . በታ ድኅሪኣ ዘላ ለይቲ ከኣ ጐይታ ናብኡ ቀሪቡ፡ 'ጳውሎስ! ከምቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ብዛዕባይ ዝመስከርካዮ ከምኡውን ኣብ ሮማ ኽትምስክረለይ ይግብኣካ እዩ እሞ፣ ኣጆኻ' በሎ።" ይብለና።</li>
<li>ወንጌል ማቴዎስ 4 ከእ ብዛዕባ ኢየሱስ ብድያብሎስ ከም ዝተፈተነ ይዛረበና። "ብድኅሪዚ መንፈስ ቅዱስ ንኢየሱስ፡ ብዲያብሎስ ኪፍተን፡ ናብ በረኻ ወሰዶ። ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ጾመ፣ ሽዑ ጠመየ። እቲ ፈታኒ ድማ መጺኡ፡ 'ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኼንካስ እዘን ኣእማን እንጌራ ይኹና በል' በሎ። . . . 'ወዲ እግዚኣብሔር እንተ ኼንካስ . . . እስከ ንታሕቲ ጽደፍ' በሎ። . . . 'ተደፊእካ እንተ ሰጊድካለይ፡ እዚ ኩሉ ኪህበካ እየ' በሎ።" ኢየሱስ ከኣ ብቃል ኣምላኽ ከም ዝሰዓሮ ንርኢ።</li>
</ul>
ኣብ ጊዜ ጾም ብእንበልያ ነሕዋትና ከይዕንቀፎም የጠንቅቐና ኣሎ። ንድኻታት ከይነዳልዎም ከኣ ይምዕደና። ኩሉ ብፍቕሪ ክንገብሮ ይሓተና ኣሎ። ኢየሱስ ቅድሚ ወንጌል ክሰብኽ ናብ ዓለም ምውጽኡ፡ ብጾምን ጸሎትን ይዳሎ። እቲ እኩይ ሰይጣን ይከተተሎን ንተግባር ድኅነቱ ኪዕንቅፍ ተዳልዩ እዩ ዝነበረ። ሰይጣን ብሥጋ ብስብላዕ ብዝስተን፡ ብትዕቢት ከም ወዲ ኣምላኽ ንዓለም ክግለጽን፡ ክብርን ሥልጣንን ናይዛ ዓለም ምእንቲ ክጭብጥ ከምልኾን ይፍትኖ። ኢየሱስ ግና መንነቱ ስለ ዝፈልጦ ብቃል ኣምላኽ የርሕቖ። እቲ ትሑት ባርያ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ ይግለጸልና። ብመንገዲ ትሕትናን ፍቕርን ንኹልና ደቂ ሰብ ናብ ሰማያዊ ኣቦና ጠርኒፉ ኬብጽሓና ከም ዝመጸ ከኣ የብርሃልና። እቶም ሰዓብቱን ተኸተልቱን ከኣ ነዚ ኪምስክርሉ ይሓቶም። እንሆ፡ ጳውሎስ ሓዋርያ ብቃል ስብከት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብማእሰርትን፡ መግረፍትን፡ ሰማዕትነትን ኪምስክረሉ ይጽውዖ። ንክርስቶስ ብሓቂ ምስ ተቐበልናዮ፡ በታ ናቱ መንገዲ ትሕትናን ፍቕርን ሕይወትካ በጃ ካልኦት ምሃብን ምኻድ ንኽእል። ንሕና ግና፡ ንባህጊ ሥጋ ማለት ንብልዕን መስተን ክነቐድም ከሎና፣ ወይ ንክብሪን ሥልጣንን ናይዛ ዓለም ምስ መረጽና፣ ወይውን ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ እግዚኣብሔር ሰብ ኪርእየልናን ክኽብረናን ምስ በሃግና፡ ነቲ ዘይተርፍ ፈተና ክንሰግሮ ኣይከኣልናን ማለት እዩ። እምበኣር ጾመርብዓ ንሕና ትሕት ምባል እነምሃረሉን፣ ንሥጋና እንቀጽዓሉን፣ ንኩሉ ዓለማዊ ሥልጣንን ክብርን ካብ ልብና ኣነውጽኣሉን፣ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ኣገልግሎትና ኪርኣን ክኽብርን እንዓየሉ ጊዜ እዩ። ንክርስቶስ ጐይታ ብታሕጓስ እንምስክረሉ ጊዜ እዩ። ብዘረባና ኾነ ብገጽና፡ ጥዑም ምብላዕ ዝገደፍናሉ ተሪር ጊዜ ምኻኑ እነርእየሉ ጊዜ ኣይኮነን። ብግብሪ ምሕረትን ዕርቕን፡ ንድኻታትን ንጽጉማት እንዝክረሉን፡ ብተግባር ጽድቂ እንበርሃሉ ጊዜ እዩ። ልክዕ ከምቲ ስፖርት-ንጥዕና ብሥጋ ዘርህጸናን ዘድክመናን፡ ግና ዘጥዕየና፣ ከምኡ እዩ ንነፍስና። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ንክምስክረልካ ትደልየኒ ኣሎኻ፡ ሓይልኻ ሃበኒ። ነቲ ንስኻ እትደልዮ ናይ ልቢ ለውጢ ንምግባር ኣኽእለኒ። ምሳኻ ዘሎኒ ዝምድናን ዕርክነትን ከም ዝዓቢ ግበረለይ። ኣሜን!"
</td>
</tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 14<br>**መጋቢት**<br>(ሰኑይ) | **ሌዋ** 19፡ 1-2፣ 11-18<br>**መዝ** 19፡ 8-10, 15<br>**ማቴ** 25፡ 31-46 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ሌዋውያን 19፡ "ንኹሎም ደቂ እስራኤል ከምዚ በሎም፡ 'ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ቅዱስ እየ እሞ፡ ንስኻትኩም ከኣ ቅዱሳን ኩኑ። ነፍስ ወከፍኩም ኣቡኡን ኣዲኡን የኽብር። ሰናብተይ ከኣ ሓልዉ። ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም እየ። ናብ ጣያታት ኣይትመለሱ፣ ብፍሲ ዝተሠርሑ ኣማልኽቲ ድማ ኣይትግበሩ። ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም እየ። . . . ኣይትስረቑ ኣይትሓሱ ንብጻይካ ድማ ኣይተጠፋፍእ። . . . ፍርዲ ኣይተቕንን፣ . . . ንኃውኻ ብልብኻ ኣይትቀየመሉ . . . ንብጻይካ ከም ርእስኻ ደኣ ኣፍቅሮ ኣምበር፡ ንሓደ ካብ ሕዝብኻ ሕነ ኣይትፍደን ኣይትቀየምን። ኣነ እግዚኣብሔር እየ።" እናበለ ይእዝዘና።<br>• መዝሙር 19 ከኣ "ሕጊ እግዚኣብሔር ቅኑዕ እዩ፣ ነቶም ዝእዘዝዎ የሓጉሶም፡ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንጹሕ እዩ፣ ንኣእምሮ ምስትውዓል ይህብ። . . . ካብ ወርቂ፡ ኣረ ካብቲ ኣዝዩ ዝጸረየ ወርቂ ዚኅረ እዩ። ካብ መዓር፡ ኣረ ካብቲ ኣዝዩ ዝጸረየ መዓር ወለላ እኳ ዚጥዕም እዩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 25 ከኣ ብዛዕባ መወዳእታ ፍርዲ ይዛረበና። ወዲ ሰብ ምስ ኩሎም መላእኽቱ ብኽብሩ ኣብ ዚመጸሉ ጊዜ፡ ሽዑ ኣብ ዙፋን ክብሩ ኺቕመጥ እዩ። ኩሎም ኣሕዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ኺእከቡ እዮም። ጓሳ ፡ ኣባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዚፈላሊ፣ ከምኡ ከኣ ንሱ በብወገኖም ኪፈልዮም እዩ። ነባጊዕ ብየማኑ፡ ነጣል ድማ ብጸጋሙ ኬቐምጦም እዩ። ሽዑ እቲ ንጉሥ፡ ብየማኑ ንዘለዉ "እቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ እቲ ዓለም ኪፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግሥቲ ክትወርሱ ንዑ። . . . ብድኅሪዚ ኣብ ጸጋሙ ንዘለዉ "እቱም ርጉማት፡ ካባይ ርሐቑኩም ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ዝተዳለወ ናይ ዘለዓለም ሓዊ ኺዱ።" ከም ዝብሎም ይነግረና።<br><br>ወንጌል ኣብ መወዳእታ፡ መዓልቲ ፍርዲ ከም ዝጽበየና ኣነጺሩ ይነግረና ኣሎ። ፍርድና ኸኣ ኣብቲ ኣብ ሕይወትና ከሎና ዝገበርናዮ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ከም ዝምርኰስ የረድኣና። ሎሚ ቃል ኣምላኽ ትእዛዛት እግዚኣብሔር እንታይ ከም ዝመስል ይነግረና ኣሎ። ከምኡ ቅዱሳን ክንከውን ይነግረና ኣሎ። ብዘካ ንእግዚኣብሔር ንኻልእ እነቐድሞ ነገር ከይህሉን፣ ዝግብኦ ኣምልኾ ክንህቦን፣ ንወለድና ኽነኽብርን፡ ዘይናትና ከይንደልን፡ ፍትሒ ከይነጕድልን፡ ንሓውና/ሓፍትና ከይንቕየምን፡ ሕነ ከይንፈድን፣ ንብጻይና ከም ርእስና ክነፍቕርን ጥራይ ከም ዝግብኣና ኣነጺሩ ይነግረና ኣሎ። ነፍስ ወከፍና ምስ ሞተ ንፍርዲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐርብ እዩ። ሞት ከኣ ቀጸራ የብላን። 'መንእሰይ ስለ ዝኾንክ/ኪ ወይ ጥዕና ስለ ዘሎካ/ኪ' ኢላ ሞት ኣይትሓልፈናን እያ። እስከ ካብ እትፈልጦም ብሞት ዝተፈልዩ መንእሰያት ዘክር። ንስኻ/ኺ ክትከውን ኣይከኣልንዶ ነይሩ? እሞ ከመይ ኣሎና? ቂምን በቐልን ከም ዘሙቐና ጋቢ ተጎልቢብናዮ ንሓድርን ንውዕልንዶ ኣሎና? ነቶም ስኡናት ንድንግጸሎምዶ? ካብ ዘሎና ነካፍሎምዶ? ሎሚ እግዚኣብሔር ኣብ ሕልናና ክዛረበና ንፍቐደሉ። ሎሚ ብሕይወት ከሎና ንነፍስና ብሓቂ ንፍረድ። ካብ ክፉእ ተግባራትና ከኣ ንመለስ። ኣብ መጨረሻ ፍርዲ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉሥ ምስ ቆምና ንጣዕሳ ግዜ የብልናን። ሎሚ እቲ ሓቀኛ መልክዕ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንረድኣዮ። ብጀመርያ ትእዛዝቱ ቅኑዕ እዩ። እንተ ሰዒብናዮ ኣብዚ ምድሪ እዚ ይኹን ኣብ ላዕላይ ሰማይ ከሓጉሰና እዩ። ትእዛዛቱ ንልብና የንጽሖ፡ ንኣእምሮና ከኣ መስተውዓሊ ይገብሮ። ክትስዕቦ ምስ ጀመርካ እናሓደረ እዩ ዝምቅር። ካብ ኩሉ ወርቂ ናይዛ ዓለም ከኣ ይበልጽ። ንሕይወት ቅዱሳን ንርአ፡ ካብኣቶም ከኣ ንመሃር። "ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ፡ ንትእዛዛትካ ምሃረኒ። ከስተማቕሮን ክኑብሮን ከኣ ጸጋኻ ሃበኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 15<br>**መጋቢት**<br>(ሠሉስ) | **ኢሳ** 55፡ 10-11<br>**መዝ** 34፡ 4-7, 16-19<br>**ማቴ** 6፡ 7-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 55 “ዝናምን ውርጭን ካብ ሰማይ ይወርድ፡ እሞ ንምድሪ የስትያ፣ ከም ትበቍልን እትፈርን ከኣ ይገብራ፣ ዘርኢ ንዘራኢ፥ ምግቢ ንተቐላቢ ከም እትህብ ከይገበረ ንድኅሪት ኣይምለስን። ከምኡ ኸኣ እቲ ካብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ፡ ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኼስልጥ፡ ኣብቲ ኣነ ዝልእኮ ጕዳይ ኬቕንዕ እዩ እምበር ብኸንቱ ናባይ ኣይኪምለሰን እዩ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 34 ከኣ “ንእግዚኣብሔር ምሳይ ኤንኩም ኣዕብይዎ፣ ንስሙ ኃቢርና ልዕል ነብሎ። ንእግዚኣብሔር ለመንክዎ፡ ንሱውን መለሰለይ፣ ካብ ኲሉ ፍርሃተይ ኣናገፈኒ። . . . መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ንእግዚኣብሔር ዚፈርህዎ ይሰፍር፣ ካብ ድንገት ከኣ የናግፎም። . . . ነቶም ገበርቲ እከይ ግና ንመዘከርታኦም ምእንቲ ኼጥፍእ ይፃረሮም። . . . ናይ ጻድቕ መከራ ብዙኅ እዩ፣ እግዚኣብሔር ግና ካብ ኲሉ የናግፎ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 6 ከኣ “ኣሕዛብ ብምብዛኅ ዘረባኦም ዚሰምዑ እዩ ዚመስሎም እሞ፡ ክትጽልዩ ከሎኹም ከምኣቶም ከንቱ ዘረባ ኣይተብዝሑ። እምበኣርከ ኣቦኹም ከይለመንክምዎ ፡ ዜድልየኩም ይፈልጥ እዩ እሞ፡ ኣይትምሰልዎም። ንስኻትኩሲ ከምዚ ኢልኩም ደኣ ጸልዩ፦ ‘ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ፡ መንግሥትኻ ትምጻእ፣ . . . ንሰብ በደሎም እንተ ኃደግኩምሎም ንኣኻትኩም ድማ ሰማያዊ ኣቦኹም ኪኃድገልኩም እዩ። ንሰብ በደሎም እንተ ዘይኃደግኩምሎም ግና፡ ንኣኻትኩም ድማ ኣቦኹም ኣይኪኃድገልኩምን እዩ።” ይብለና።<br><br>ብዙሓት ካባና ክርስትያን ገና ጸሎት ምግባር ኣይከኣልናን ዘሎና። በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ መቐረት ጸሎት ኣይፈለጥናዮን። ጸሎት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ክንብልን ምስኡ ክንዛረብን ዘኽእለና ዓቢይ ምሥጢር እዩ። ብመጀመርያ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከም ዘሎና ክርድኣናን ብእምነትን ብኣኽብሮትን ክንቀርቦን ክንክእልን ኣሎና። ቀጺልና ኣቦና ምኳኑን ከም ዘፍቅረናን ክነስተውዕሎ ይድልየና። እቲ መጀመርያ ካብ ኣፍና ክወጽእ ዘለዎ ከኣ ቃል ምስጋናን ቃል ኣምልኾን እዩ። ምስቶም ኣብ ሰማይ ብዘይ ምቍራጽ ዘውድስዎን ዘምልኽዎን መላእኽትን ቅዱሳንን ንጽምበር ማለት እዩ። ንመንግሥቱን ግዝኣቱን ከኣ ኣብ ልብና ኣብ ሕይወትናን ኪሰፍን ንፈቕደሉ። ብድሕሬኡ ናይ ሥጋዊ መዓልታዊ ድሌታትና ንልምኖ። ምሕረት ኃጢኣትና ንልምን። ንዘበደሉና ኸኣ ብወገና ንሓድገሎም። ኣምላኽ ካብቲ ፈታኒ እኩይ ተጻራሪና ኬድኅነና ከኣ ንልምኖ። ቃል እግዚኣብሔር ኣብ ልብና ዓሊቡ ከየፍረየን ከይለውጠናን ስለ ዘይምለስ፡ ኣብ ጸሎትና ክነዘውትሮ የድልየና። ሽዑ ናይ ብሓቂ ኢድ ኣምላኽ ንምድሓን ሓጻር እንተ ኾይና ክንርኢ ኢና። ሽዑ ኢና ‘ንእግዚኣብሔር ለመንክዎ፡ ንሱውን መለሰለይ፣ ካብ ኩሉ ፍርሃተይ ኣናገፈኒ’ ክንብል እንኽእል። ሽዑ ኢና ‘መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ እቶም ንእግዚኣብሔር ዚፈርህዎ ከም ዝሰፍርን፣ ካብ ድንገት ከኣ ከም ዘናግፎምን’ እንፈልጥን ብእኡ ከኣ እንሕጐስን። “ ኦ እግዚኣብሔር ኣብ ቅድሜኻ ደው ኢለ እንሆኹ። ብዕቤትካ እግረም፡ ብኩሉ ሓልዮትካን ኣብ ሕይወተይ ዝገበርካለይን ከኣ አመስግነካ ኣሎኹ። ንመነባብሮይ ዘድልየኒ ሃበኒ። ንኃጢኣተይ ሕደገለይ ንኩሉ ሰብ ከፍቅር ከኣ ሓግዘኒ። ሓለዋኻ ኣይፈለየኒ። ክብርን ዕብየትን ንዓኻ ሕጅን ንዘለዓለምን ይኹን እሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 16 **መጋቢት** **(ረቡዕ)** | **ዮናስ** 3፡ 1-10<br>**መዝ** 51፡ 3-4, 12-13, 18-19<br>**ሉቃ** 11፡ 29-32 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ዮናስ 3 “. . . እግዚኣብሔር ንዮናስ ‘ተንሥእ፡ ናብ ነነዌ ናብታ ዓባይ ከተማ ኪድ፣ ኣነ ዝህበካ መልእኽቲ ስበኸላ’ በሎ። ዮናስ ንእግዚኣብሔር ተኣዚዙ፣ ተንሢኡ ኸኣ ናብ ነነዌ ኸደ። . . . ‘ነነዌ ኣብዘን ኣርብዓ መዓልቲ እዚኣን ኽትግምጠል እያ’ ኢሉ ንሕዝቢ ነነዌ ሰበኸሎም። ሰብ ነነዌ ከኣ ነቲ ናይ ኣምላኽ መልእኽቲ ኣመንዎ። ኩሉ ኺጸውም ድማ ኣወጁ፣ ከም ዝተጣዕሱ ምእንቲ ኼርእዩ ኸኣ ካብ ዓበይቶም ክሳዕ ነእሽቱኦም ወጮ ተኸድኑ። . . . ኣምላኽ ከኣ ካብ እኩይ ግብሮም፡ ማለት ካብ ክፉእ መንገዶም ከም ዝተመልሱ ረኣየ፣ ስለዚ ሓሳቡ ለወጠ፣ ከምቲ ተዛሪብዎ ዝነበረ ከኣ ኣይቀጽዖምን።” ይብለና።<br>• መዝሙር 51 ከኣ “ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፥ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ኣነ ንኣኻ ፡ ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሜኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ኽትፈርደኒ ሓቅኻ ኢኻ እንተ ቀጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ። . . . ሓጎስ ምድኃንካ ምለሰለይ፡ ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ። . . . ኦ ኣምላኽ፡ እቲ ንኣኻ ዘቕርቦ መሥዋዕተይ ትሑት መንፈስ እዩ፣ ንስኻ ድማ ንትሑትን ንዝተጣዕሰን ልቢ ኣይትንዕቀን ኢኻ።” እናበልና ክንጽሊ ይምህረና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 11 ከኣ ብዛዕባ ትእምርቲ ዮናስ ይዛረበና። “እዚ ወለዶ እዚ ሕሱም ወለዶ እዩ፣ ትእምርቲ ይደሊ ኣሎ፣ ብዘይካ ትእምርቲ ነቢይ ዮናስ ድማ ትእምርቲ ኣይክወሃቦን እዩ። ከምቲ ዮናስ ንሰብ ነነዌ ትእምርቲ ዝኾኖም፣ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ነዚ ወለዶ እዚ ትእምርቲ ኪኾኖ እዩ። . . . ሰብ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ተነሲሖም እዮም እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርዲ ምስ እዚ ወለዶ እዚ ተንሢኦም ኪፈርድዎ እዮም። እንሆ፡ ካብ ዮናስ ዚዓቢ ግና ኣብዚ ኣሎ።” እናበለ ይዛረበና።<br><br>ኢየሱስ ነቶም ቃል ኣምላኽ ተነጊርዎም ኪንስሑ ዘይደልዩ ሰባት ‘ሕሱም ወለዶ’ እናበለ ይነቕፎም። ኣምላኽ ንወዱ ሰዲዱ ነቲ ጥዑም ብስራት ናይ መንግሥቲ ኣምላኽ ምስ ነገረና፣ ክንሳሕን ናብኡ ክንምለስን ምስኡ ክነብርን ይደልየና። ብዙሓት ካባና ግና ነዚ ቃል ኣምላኽ ዋጋ ንህቦ ስለ ዘየሎና ካብቶም “ሕሱም ወለዶ” ምኻና ንርእስና ንፈርድ ኣሎና። ንሕናውን ከም ነነዌ እንተ ዘይተነሲሕና ክንጠፍእ ምኻና ይንገረና ኣሎ። ብምብላዕ ብምስታይ፡ ብባእሲ ብጸርፊ፡ ብህልኽ ብጽልኢ፡ ብቂም በቓልን መንግሥቲ ኣምላኽ ኣይትርከብን እያ። ሕይወትና ከኣ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣይጭረስን እዩ። ሎሚ ኣብዛ ምድሪ ዝጅምር ናይ ሰላም ናይ ፍቕሪ ናይ ሕውነት መንግሥቲ፡ ኣብቲ ላዕላይ ሰማይውን ዚቕጽል ሕይወት ኣሎና። እንሆ እቲ ካብ ኩሎም ነብያት ዚዓቢ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን ዝኾነ ኢየሱስ ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ መንነትና ክንፈልጥን ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክንጽምበርን ይሓተና ኣሎ፣ ንስምዓዮ። ነቶም ብፍቕሮም ዝልለዩ ደቂ መዝሙር ኢየሱስ ክንከውን ንስኻ/ኺ ኣነን ንጽዋዕ ኣሎና። ቃል እግዚኣብሔር ሎሚ ይእውጅ ኣሎ፦ “እንታይ ሕሱም ወለዶ፡ ካብ እከይ ግብርኻ ተመለስ። እንታ ዘማዊ ወለዶ ተመለስ። እንታይ ዓማጺ፡ ሰራቒ ዘይናቱ ዝደሊ፡ ሰኽራም፡ በላዒ ፈታዊ ርእሱ ወለዶ ናብ ኣምላኽ ተመለስ። ኣንታ ሁከተኛ ተባኣሲ፡ ቂምተኛን ፈዳይ ሕነን፡ ናብ ልብኻ ትመለስ/ሲ። ኣንታ ዕርቂ ዘይትፈቱ ወለዶ ናብ ኣምላኽ ተመለስ። ኣንታ መምለኺ ርእሱን፡ መምለኺ ገንዘብን ካልኦት ጣዖታትን ወለዶ ተመለስ። ከይትጠፍእ ተመለስ!” “ኦ ጐይታ ንቃልካ ዝሰምዕ ልቢ ሃበና! ኣ ጐይታ መሓረና! ራሕርሓልና! ብቅዱስ መንፈስካ ብኃጢኣትና ርትዓና። ንኃጢኣትና ክንጽየፎ ኣዕይንቲ ልባትና ክፈተልና። ባህጊ መንግሥትኻ ኣሕድረልና! ኣሜን።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 17<br>**መጋቢት**<br>(ሓሙስ) | **ኣስቴር ሐ፥**12, 14-16, 23-25<br>**መዝ** 138፡ 1-3, 7-8<br>**ማቴ** 7፡ 7-12 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ መጽሓፍ ኣስቴር ምዕራፍ “ሐ” ከኣ ብዛዕባ ኣስተር ምእንቲ ድኅነት ሕዝቢ እስራኤል ዝጸለየቶ ጸሎት የቕርበልና። “ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣምላኽይን ንጉሠይን፡ ኣምላኽ ንስኻ በይንኻ ኢኻ። ኣነ በይነይ እየ፣ በጃኻ ሓደ እኳ ኪረድኣኒ ዚኽእል የልቦን እሞ ርድኣኒ። ኣነ ንሕወተይ ኣብ ሓደጋ ከውድቓ መዲበ ኣለኹ። . . . ኦ ጐይታ ዘክረና፣ ኣብዚ ግዜ ጸበባና ንዓ ርድኣና። ንኣይውን፡ ኣምላኽ ኩሎም ኣማልኽትን፡ ጐይታ ነገሥታት ምድርን ኢኻ እሞ፡ ትብዓት ሃበኒ። ኣብ ቅድሚ እቲ ጨካን ኣንበሳ ዝኾነ ኣርጤክስስ ክዛረብ ምስ ኣቶኹ፡ ዘእምን ቃላት ሃበኒ። . . .” እናበለት ከም ዝጸለየት ይነግረና።<br>• መዝሙር 138 ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር ብምሉእ ልበይ ኣመስግነካ ኣሎኹ፣ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኽኣ መዝሙር ምስጋና እዝምረልካ ኣሎኹ። ቃልካን ስምካን ዓቢይ ከም ዝኾነ ኣርኢኻ እኻ እሞ፡ ናብ ቅዱስ መቕደስካ ኣቢለ ኽሰግድ፡ ንስምካውን ስለ ምሕረትካን ሓቅኻን ኢለ ኽመስግኖ እየ። ምስ ጸዋዕኩኻ መለስካለይ፡ ብኃይልኻ ኣበርታዕካኒ።” እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 7 ከኣ “ለምኑ ኺወሃበኩም እዩ፣ ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፣ ማዕጾ ኳሕኩሑ ኪርሓወልኩም እዩ። ከመይ ዝለመነ ኹሉ ኺቕበል፣ ዝደለየ ይረክብ፡ ማዕጾ ዝኳሕኩሐ ድማ ይረኃወሉ እዩ። . . . እምበኣርከስ ንስኻትኩም እኳ፡ ክፉኣት ክነስኹም ሠናይ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፣ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ንዝለመንዎ ክንደይ ኣብዚኡ ሠናይ ነገር ዘይህቦም?” እናበለ ይምህረና።<br><br>ናይ ሎሚ ወንጌል ብእምነት ንኣምላኽ ምጽላይን ምልማንን ይምህረና ኣሎ። ኣምላኽ ጸሎትና ክሰምዕ፡ ካብ ዝተጸበናዮ ንላዕሊ ከኣ ኪህበና ከም ዝደሊ ይነግረና ኣሎ። ንግሥቲ ኣስቴር ናይዚ እምነት ኣብነት ኮይና ቀሪባትልና ኣላ። ንሕይወታ ዘሰግእ ነገር እኳ እንተ ኾነ፡ ንኣምላኽ ብእምነት፡ ትብዓትን ጥበብን ክህባ ትልምኖ። ጸሎታ ስለ ዝሰምዖ ድማ ትዕወት። ንሕዝባ ካብቲ ኬጥፍኦም ተሃንዲዱ ዝነበረ ጸላኢ ተድኅኖም። ኣነ ንስኻ/ኺ ድማ ከምኡ ክንገብር ንኽእል ኢና። ንርእስና፡ ንሥድራና፡ ከምኡውን ንሃገርና ብጸሎትና ከነድኅን ንኽእል ኢና። ጸሎትና ዕዉትን ዘሰልጥን ንኪኸውን ግና ምስ ኣምላኽ ጥዑይ ዝምድና ክህልወና ኣለዎ። መልእኽቲ ያዕቆብ 4ይ ምዕራፍ “ንኣምላኽ ስለ ዘይለመንኩም ድማ የብልኩምን። ንፍትወት ሥጋኹም ምእንቲ ኽተርውዩ ኢልኩም ብኽፉእ ሓሳባት ስለ እትልምኑ ኣይትቕበሉን።” ይብለና። ብትእዛዛት ኣምላኽ ክንመላለስ ዘይንደሊ ክነስና፣ ንካልኦት ኣማልኽቲ እናምለኽና ካብ እግዚኣብሔር ድሌታት ሥጋና (ስራሕ፡ ገንዘብ፡ ጥዕና፡ ጽባቑ፡ ወ.ዘ.ተ.) ንከማልኣልና ጥራይ ክንልምኖ ከሎና ኣይንረክብን። ኣምላኽ ኣብ ምሉእ ሓጎስ ኬብጽሓና ዘይኽእል ነገራት ኣይህበናን እዩ። ቅድም መንግሥቱን ጽድቁን ምስ ሓዝና ግና ካልእ ኩሉ ከም ተወሳኺ ከም ዝህበና ኣተስፊዩና እዩ። “ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽይ፡ ምስ ጸዋዕኩኻ መሊስካለይን ብኃይልኻ ኣበርቲዕካንን ኢኻ እሞ ኣመስግነካ ኣሎኹ። ኩሉ ግዜ ከኣ መዝሙር ምስጋና ክዝምረልካ እየ።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 18 **መጋቢት** (ዓርቢ) | **ሕዝ** 18፡ 21-28<br>**መዝ** 130፡ 1-8<br>**ማቴ** 5፡ 20-26 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ሕዝቅኤል 18 ብዛዕባ ናይ ኃጥእ ምምላስ ወይ ናይ ጻድቕ ምውዳቕ ጉዳይ ከመይ ከም ዝኾነ የረድኣና። “ግናኸ ኃጥእ ሰብ፡ ነቲ ዚገብሮ ዝነበረ ኃጢኣት ኩሉ ገዲፉ፡ እንተ ተመልሰ፣ ኩሉ ሕግታተይ ከኣ እንተ ሓለወ፣ ቅንዕናን ጽድቅን ድማ እንተ ገበረ፣ ንሱ ኣይክመውትን እዩ። ብርግጽ ብሕይወት ኪነብር እዩ። ኩሉ ኃጢኣቱ ኺኅደገሉ እዩ። . . . ግናኸ ጻድቕ ሰብ ሠናይ ምግባር እንተ ኃደገ፣ ኃጢኣት እንተ ገበረ፣ ከምቲ ኃጥእ ሰብ ዚገብሮ፡ ነቲ ዜጸይፍ ነገር ኩሉ እንተ ገበረ፣ ብሕወት ኣይክነብርን እዩ። ካብቲ ዚገብሮ ዚነበረ ጽድቂ ሓንቲ እኳ ኣይክትዝከርን እያ። ስለ ዝኸሓደን ኃጢኣት ዝገበረን ኪመውት እዩ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 130 ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር በደልና እንተ ጸብጸብካስ፡ ኦ ጐይታይ ካብ ኩነኔ መን ኪመልቍ ይኽእል? ግናኸ ምእንቲ ኽንፈርሃካ፡ ንስኻ ኃጢኣትና ትኅድገልና። . . . ምሕረት ኣብ እግዚኣብሔር፡ ብዙኅ ምድኃን ከኣ ኣብኡ እዩ እሞ፡ ኦ እስራኤል ንእግዚኣብሔር ተጸበዮ። እግዚኣብሔር ንሕዝቢ እስራኤል ካብ ኩሉ ኣበሳኦም ኬድኅኖም እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 5 ከኣ “ጽድቅኹም ካብ ጽድቂ መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን እዝዩ እንተ ዘይበዝኅ፡ ናብ መንግሥተ ሰማያት ኣይክትኣትዉን ኢኹም ኢለ እነግረኩም ኣሎኹ። ነቶም ቀዳሞት ‘ዝቐተለ ኪፍረዶ እዩ እሞ፡ ኣይትቕተል’ ከም ዝተባህሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ንኃዉ ዜቐጥዕ ዘበለ ኹሉ ኪፍረዶ እዩ፣ ንኃዉ ‘ጨርቃም’ ዚብሎ ድማ ኣብ መጋባእያ ኺፍረዶ፡ ‘ኣታ ዓሻ’ ዚብሎውን ንገሃነመ እሳት ኪፍረዶ እዩ፣ እብለኩም ኣሎኹ። እምበኣርከ መባእካ ናብ መሠውዒ እንተ ኣምጻእካ፡ ኃውኻ ኸኣ ተቐይሙልካ ምህላዉ እንተ ዘከርካ፣ ነቲ መባእካ ኣብ ቅድሚ መሠውዒ ኅደጎ፣ ኪድ ቅድም ምስቲ ኃውኻ ተዓረቕ፣ ደኃር ድማ ተመሊስካ መባእካ ኣቕርብ።” ይብለና።<br><br>ወንጌል፡ ጽድቅና ከም ናይቶም ሰብ ክርእዩሎም ኢሎም ዚገብሩ ሰባት ዘይኮነስ ካብ ልብና ኪኸውን ከም ዘለዎ ይነግረና ኣሎ። ቀንዲ መምዘኒ ጽድቅና ድማ ምስ ኣኅዋትናን ኣኃትናን ብፍቕሪ ምንባር እዩ። ከይንንዕቆምን ከይንጸርፎምን የጠንቅቐና። እንተ በዲልናዮም ከኣ ቀልጢፍና ክንዕረቐምን ይቕሬታ ክንሓቶምን ከም ዘሎና ይነግረና። ነዚ ይቕረ ምብህሃል ድማ ቅድሚ ንኣምልኾ ቤተክርስቲያን ምምጻእና ክንሰርዖ ከም ዝግብኣና የረድኣና። ከመይ ብዘይ ብኣኡ ንርእስና ኣይንመሓር፡ መባእና ድማ ብኣምላኽ ተቐባልነት ኣይህልዎን እዩ። ነዚ ሓቒ እዚ ብግቡእ ካብ ዘይምርዳእና፡ ክንደይ ግዜ ብብኡሳትና ንቤተክርስቲያን ዘይተመላለስና? ክንደይ ግዜ ንዕርቒ ዘይኣበና? ወይ ከኣ ክንደይ ዝኾኑ ካብ ቤተሰብና ብባእሲ ተፈላልዮም ዝነብሩን፡ ግና ቤተክርስትያን ምምልላስ ዘይሓደጉን ሰባት ንፈልጥ? እቶም ንዝተብእሱ ኣኅዋት ወይ ጎረባባቲ ወይ መሳርሕቲ ኣብ ክንዲ ምዕራቕ “ምኺንኳ ሓቕኻ/ኺ ኢኻ/ኺ። እዚ ሰብ ኣይኮነን/ኣይኮነትን።” እናበልና ወገን ሒዝና ባእሲ እነጕሃህርከ ክንደይ ኢና? ኣንቱም ሰባት ከይንጠፍእ ንጠንቀቕ። ኣምላኽ መሓርን ርኅሩኅን ስለ ዝኾነ ኢና እምበር ኃጢኣትናስ ጸብጺብካ ዘውዳእ ኣይኮነን። ኣምላኽ ግና ነቲ ናብኡ ብንስሓ ዝምለስን ጽድቂ ዝገብርን ሰብ በደሉ ኣይዝክርን፡ ኣይጽብጽበሉንውን እዩ። እቶም መገዲ ጽድቂ ሒዝና እንጕዓዝ ዘሎና ከኣ ንድሕሪት ኣይንበል። ኣብ ጽድቅና ንጽናዕ። እቲ ክሳዕ መጨረሻ ዝቀዳደም ጥራይ እዩ ዚስዕር። እምበር እቶም ጽድቂ ገዲፎም ናብ ኃጢኣት ዝምለሱስ እቲ ናይ ቀደም ጽድቆም ከም ዘይጽብጸበሎምን ንዘክር። ስለዚ ሎሚ ከመይ ኣሎኹ? “ኦ ጐይታ እንተ ተበዲለ ክምሕር፣ እንተ በዲለ ከኣ ብትሕትና ይቕሬታ ክሓትት ጸጋኻ ሃበኒ። ንዝተባእሱ ንምዕራቕ ትግሃትን ጥበብን ሃበኒ። ዘረባ ብምቕብባል ከኣ ንሰባት ከየባእስ መልሓሰይ ዕተበለይ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 19 **መጋቢት** (ቀዳም) | **ዘዳ** 26፡ 16-19<br>**መዝ** 119፡ 1-2, 4-5, 7-8<br>**ማቴ** 5፡ 43-48 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘዳግም 26 "እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ከም ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ድማ ብመንገዱ ከም እትኸዱ፡ ሕግታቱን ትእዛዛቱን ፍርድታቱን ከም እትሕልዉ ቃሉውን ከም እትሰምዑ፡ ሎሚ ኣፍለጠኩም። እግዚኣብሔር ከኣ ሎሚ ንስኻትኩም ከምቲ ዝበለኩም ሕዝቡ ኽም ዝኾንኩም፣ ከምቲ ንሱ ዘተስፈወኩም ከኣ ብፍላይ ገንዘቡ ኽም ዝኾንኩም፣ ኩሉ ትእዛዛቱ ድማ ከም እትሕልዉ ኣፍለጠኩም። ንሱ ኸኣ ልዕሊ ኩሎም ዝፈጠሮም ሕዝብታት ልዕል ከም ዘበለኩም፣ ንስኻትኩም ከኣ ንስሙ ኽብርን ምስጋናን ከም እተቐርቡ፣ ከምቲ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ዝበለኩም ድማ ንእኡ ዝተቐደሰ ሕዝቢ ኽም እትኾኑ ኣፍለጠኩም።" ይብል።<br>• መዝሙር 119 ከኣ "እቶም ኃጢኣት ዘይገበሩ፡ ሕጊ እግዚኣብሔር እናፈጸሙ ዚነብሩ ሰባት፡ ብፁዓን እዮም። ሕጉ ዚሕልዉ፡ ብምሉእ ልቦም ዚእዘዝዎ ብፁዓን እዮም። ኦ እግዚኣብሔር ክግታትካ ሃብካና፡ ተጠንቂቕና ኽንእዘዞ ከኣ ነገርካና። እሙን ኮይነ ሥርዓታትካ ክሕሉ ባህጊ ኣሎኒ። ነቲ ቅኑዕ ዝኾነ ፍርድኻ ምስ ተመሃርኩ ብምሉእ ልበይ ከመስግነካ እየ። ሥርዓታትካ ክሕሉ እየ፣ ኦ እግዚኣብሔር ፈጺምካ ኣይትኀደገኒ።" ይብል።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 5 ከኣ "'ብጻይካ ኣፍቅር፡ ጸላኢኻ ጽላእ' ከምዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ጸላእትኹም ኣፍቅሩ ንዝረግምኹም መርቑ። ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኽትኮኑ፡ ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ፀሓይ የብርቕ፡ ንጻድቃንን ንኃጥኣንን ድማ ዝናም የዘንም እዩ እሞ፣ ንዚጸልእኹም ጽቡቕ ግበሩ፣ ስለቶም ዚጸርፍኹምን ዚሰጉኹምን ጸልዩ እብለኩም ኣሎኹ። ነቶም ዚፈትውኹም እንተ ፈተኹም፡ እንታይ ዓስቢ ኣሎኹም? ተቐበልቲ ቐረጽስ ከምኡዶ ይገብሩ ኣይኮኑን? ነኀዋትኩም ጥራይ ሰላምታ እንተ ሃብኩምከ፡ እንታይ ኃለፋ ገበርኩም? ኣሕዛብሲ ኸምኡዶ ይገብሩ ኣየለዉን? እምበኣርከ ኸምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፣ ንስኻትኩምውን ፍጹማት ኩኑ።" ይብለና።<br><br>ወንጌል ከምቲ ሰማያዊ ኣቦና ንሕናውን ፍጹማት ክንከውን ይነግረና ኣሎ። እዚ ከኣ ንኹሉ ሰብ ብምፍቃር ኢና እንበጽሖ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሩ ኸኣ ኣካፊሉና እዩ። ኢየሱስውን 'ከምቲ ዘፍቀርክኹም ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ' ኢሉና እዩ። ጽልኢ ኣብ ልብና ክህሉ ከም ዘይብሉ ይምህረና ኣሎ። ኣብ ልዕሊ እዚ ንጸላእትና ከነፍቅር ይእዝዘና ኣሎ። ከመይ ገይርና ጸላእትና ከነፍቅር ንኽእል? ኩላትና 'እዚ ክኸውን ዝኽእል ኣይኮነን' በሃልቲ ኢና። እዚ ብሥጋ ዝከኣል ኣይኮነን። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልባትና ምስ ሰፈረን ማኅደር ቅ. ሥላሴ ምስ ኮናን ግና ይከኣል እዩ። እቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ብእምነት ምስ እንወስዶ ይልውጠና እዩ። ሽዑ ንሕና ዘይኮናስ እቲ ኣባና ዘሎ ኢየሱስ ብኣና ገይሩ ንኩሉ ሰብ የፍቅር። ካብ መጀመርያ ንሕና ንኣምላኽ ዝተቐደሰ ሕዝቢ ኢና። ምስኡ ኺዳን ዘሎና ሕዝቢ ኢና። ንሕናስ ካብቶም "ኃጢኣት ዘይገበሩ፡ ሕጊ እግዚኣብሔር እናፈጸሙ ዚነብሩ ሰባት፡ ብፁዓን እዮም። ሕጉ ዚሕልዉ፡ ብምሉእ ልቦም ዚእዘዝዎ ብፁዓን እዮም፣" ዝተባህለሎም ሕዝቢ ኢና። ልብናን ኣእምሮናና ግና ገና ብሥጋዊ ኣካያይዳ ስለ እተመልአ ነዚ ናይ ኣምላኽ ምሥጢር ክርድኦ ኣይከኣለን። ስለዚ እቲ ሕቶ ምኽኣልን ዘይምኽኣልን ዘይኮነስ፡ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ውሽጥና ኪወርስ ናቱ ክገብረናን ፍቓደኛተት ዲና ኣይኮናን? እዩ። ስለዚ ፍቕደኛታት ንኹን። ልባትና ነቲ ክልውጠና ዚኽእል ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ንኽፈተሉ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንኩሉ ሰብ (ንጸላእተይውን) ምእንቲ ኼፍቅርሲ ብመንፈስካ ምልኣኒ። ምሉእ ብምሉእ ናትካ ግበረኒ፡ ለውጠኒ። ከም ኣተሓሳስባኻ ከም ዝሓስብ ግበረኒ። ከም ትእዛዛትካ ንኽከይድ ከኣ ኣኽእለኒ።" |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - 3ይ ሰሙን ጾመ ኣርብዓ

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ**<br>**ሰንበት - ዘመጻጒዕ** |
|---|---|---|
| 20<br>*መጋቢት*<br>2016 | 2ቆሮ 6፡ 2-14<br>*ያዕ* 4፡ 1-14<br>*ግሓ* 15፡ 6-24<br>*ማቴ* 9፡ 1-9 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ቆሮንጦስ 6 ሓዋርያ ጳውሎስ " 'ብምሽእቲ ሰዓት ሰማዕኩኻ ብመዓልቲ ምድኃን ረዳእኩኻ' ከም ዚብሎ፡ እንሆ፡ እታ ምሽእቲ ሰዓት ሕጂ እያ፣ እንሆ እታ መዓልቲ ምድኃን ሕጂ እያ። መታን ኣገልግሎትና ከይንቀፍ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ምኽንያት መዓልቀፊ ኣይንኾኖን ኢና። እኳ ደኣ ብኹሉ ከም ኣገልግለቲ ኣምላኽ ንርእስና ብብዙኅ ትዕግሥቲ፡ ብመከራ፡ ብጭንቂ፡ ብጸበባ፡ ብመግረፍቲ፡ ብማእሰርቲ፡ ብእምባጋሮ፡ ብጻዕሪ፡ ድቃስ ብምስኣን፡ ብጥሜት፣ ብቕድስና፡ ብምስትውዓል፡ ብዓቕሊ፡ ብለውሃት፡ ብመንፈስ ቅዱስ፡ ብሓቀኛ ፍቕሪ፡ ሓቂ ብምዝራብ፡ ብኃይሊ ኣምላኽ፡ . . . ከም ድኻታት፡ ግና ንብዙኃት ነሃብትም ኢና። ኩሉ ከሎናስ ሓንቲ ከም ዘይብልና ኴንና ንርእ ኣሎና።" ይብል።<br>• *መልእኽቲ ያዕቆብ* 4 ከኣ "እቲ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ ውግእን ባእስን ካበይ እዩ ዚመጽእ ዘሎ? ካብቲ ኣብ ውሽጥኹም ኮይኑ ዚዋጋእ ዘሎ ፍትወት ሥጋኹምዶ ኣይኮነን? ሃረር ትብሉ፡ ስለ ዘይረኸብኩም ከኣ ትቐትሉ፣ ክፉእ ትምነዩ፡ ሕናቲ እኳ ክትረኽቡ ዝለ ዘይከኣልኩም ትብኣሱን ትዋግኡን ኣሎኹም። ንፍትወት ሥግኹም ምእንቲ ከተርውዩ ኢልኩም ብኽፉእ ሓሳባት ስለ እትልምኑ ኣይትቕበሉን። ኣቱም ከሓድቲ! ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ ከም ዝኾነዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እቲ ዓርኪ ዓለም ኪኸውን ዚደሊ ሰብ ጸላኢ ኣምላኽ ይኸውን።" ይብለና።<br>• ግብረ ሓዋርያት 15 ብዛዕባ ጉባኤ መራሕቲ ቤተክርስቲያን የቕርበልና። "እቶም ሓዋርያትን መራሕቲ ቤተክርሲትያንን ከኣ ነዚ ነገር እዚ ኪምርምሩ ተኣከቡ። ብዙኅ ክትዕ ምስ ኮነ ኸኣ፣ ጴጥሮስ ተንሢኡ ኸምዚ በሎም፦ ' . . . እቲ ልቢ ዚፈልጥ ኣምላኽ፡ ከምቲ ንኣና ዚሃበና ንኣታቶምውን መንፈስ ቅዱስ ብምሃቡ ከም ዝተቐበሎም መስከረሎም። ልቦም ብእምነት ስለ ዝነጽሐ፡ ኣብ ሞንጎናን ኣብ መንጎኦምን ሓንቲ እኳ ኣይፈላለየን። . . . ንሕና ሓዋርያትን መራሕትን ቤተክርስቲያንን ኣኅዋትኩም . . . ብዘይካ እቲ ዝተገበአ ገለ ኃለፉ ፆር እኳ ከይነኽብደልኩምን፡ ንመንፈስ ቅዱስን ንኣናን ተራእዩና ኣሎ። ስለዚ ንርእስኹም ንጣዖት ካብ ዝተሠውዐ ምግብን ካብ ደምን፡ ካብ ሥጋ ዝሓለቐ እንስሳን ካብ ዝሙትን ተኸልከሉ። ካብዚ እንተ ተኸልከልኩም ጽቡቕ ክትረኽቡ ኢኹም።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 9 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ንሓደ ልሙስ ከም ዘሕወየ ይነግረና። "ኢየሱስ ድማ ነቲ እምነቶም ርእዩ፡ 'እጆኻ እዚ ወደይ፡ ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ እዩ' በሎ። . . . 'እምበኣር ወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ኃጢኣት ኪኃድግ ሥልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ' ኢሉ ሽዑ ነቲ ልሙስ 'ተንሥእ! ዓራትካ ኣልዒልካውን ናብ ቤትካ ኪድ' በሎ። ተኣንሢኡ ድማ ናብ ቤቱ ኸደ። እቶም ሕዝቢ ኸእ እዚ ርእዮም ፈርሁ፣ ንሰብ ከምዚ ዝበለ ሥልጣን ንዝሃበ ኣምላኽ ድማ ኣመስገኑ።" ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ከም ጐይታን መድኅንን ንኣና ካብ ሕማምና ኪፍውስ፡ ካብ ኃጢኣትና ከኣ ኬንጽሓና እዩ መጺኡልና። ናይ ምድኃን ሥራሑ ከኣ በቶም ንሱ ዝመረጾምን ዝለኣኾምን መራሕቲ ቤተክርስቲያኑ ሎሚ ኣብ ሞንጎና ይቕጽሎ ኣሎ። ንሕዝበ እግዚኣብሔር በታ ኪኸዳ ዘለዎ ቅንዕቲ መንገዲ ምእንቲ ከለልዩ ተጋቢኦም ብጸሎትን ብምምይያጥን ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስን ኪውስኑን ኪመርሑን ንርእዮም። ሓዋርያ ጳውሎስ ኩሉ ተጻብኦታት እናተጻወረ ነቲ ዝተዋህቦ ናይ ድኅነት መልእኽቲ ናብ ዓለም ኬብጽሕ ክደክም ከሎ ከኣ ንርእዮ ኣሎና። ኢየሱስ ብሥልጣን ይዓዩ ነበረ፣ መራሕቲ ቤተክርስቲያን ከኣ ከምኡ በቲ ዝሃቦም ሥልጣን ይመርሑ። ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰብ እንርእዮ ውግእ ዝለዓል ብምኽንያት ኃጢኣት ምዃኑ ንምርዳኡ ከቢድ ኣይኮነን። ካብቲ ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ዚዋጋእ ዘሎ ፍትወት ሥጋና እዩ ዝለዓል። ሃገር ኣብ ልዕሊ ሃገር ወይ መንግሥቲ ኣብ ልዕሊ መንግሥቲ ዝለዓል ስለምታይ ድዩ? ብረብሓዶ ኣይኮነን? ገለ መሬት ወይ ሃብቲ ንምቁጽጻር ንቃተል። ኣብ ሞንጎ ሥድራቤታት ብዙሕ ጊዜ ብምኽንያት ንብረትን ውርሻን ሁከት ይለዓል። ከምኡውን ንመነባብሮና የድልየና ብምባል ንብረትን ገንዘብን ንኣምላኽ ንልምኖ ኢና። ንፍትወት ሥጋና ምእንቲ ከነርዊ ኢልና ምስ እንገብሮ ግና ኣምላኽ ኣይህበናን እዩ። ኣምላኽ ዝህቦ ትርጉም "ምድኅን"፡ ብብልዕን ብመስተን፡ ትምኒት ሥጋና ብምምላእን ዝግለጽ ኣይኮነን። ድኅነትሲ ኣብ ንኣምላኽ ምፍላጥን ምፍቃርን እዩ ዚርከብ። ንኣምላኽ ዝረኸበት ነፍሲ ብኹሉ ምልእትን ሕጉስትን እያ። ነዚ ርክብ'ዚ ዚዓግት ኃይሊ ኃጢኣት እዩ። ኣብዚ ግዜ ጾመርብዓ ከኣ ብዝበለጸ ንምላኽ ክንፈልጦን ክነፍቅሮን ንዓዩ። ጐይታ ይሓግዘና! "ኦ ሰማይ ምድርን ዝፈጠርካ ልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽ! ብፍቕርኻ ስሓበኒ። ዝያዳ ንክፈልጠካ ሃረርታ ኣሕድረለይ። ኣብነትን ጸሎትን ቅዱሳንካ ይርደኣኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 21 **መጋቢት** (ሰኑይ) | **1ጴጥ** 5፡ 1-4<br>**መዝ** 23፡ 1-6<br>**ማቴ** 16፡ 13-19 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1 ጴጥሮስ 5 ንመርሕቲ ቤተክርስቲያን ክምዕዶም ከሎ ንርኢ። “ኣነ ኸምኣቶም መራሕ ቤተክርስቲያን፣ ናይቲ ክርስቶስ ዝተቐበሎ ስቓይ መስካሪ፣ ኣብቲ ደኃር ኪመጽእ ዘሎዎ ክብሪውን ተማቓሊ ዝኾንኩ፣ ነቶም ኣብ ማእከልኩም ዘለዉ መራሕቲ ቤተክርስቲያን እምዕዶም ኣሎኹ። እቲ ኣምላኽ ዝሃበኩም መጓሰ ጓሰይዎ፣ እንተኾነ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ብፍታው ደኣምበር ብግዲ ኣይኹን። ብጽቡቕ ድላይ እምበር ንኸንቱ ረብሓ ኣይኹን። ነቲ መጓሰ ኣርኣያ ኩንዎ እምበር፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተዋህብኹም ጕይቶት ኣይትኹኑ። እቲ ሓለቓ ጓሶት ምስ ተገልጸ ድማ ዘይጽምሉ ኣኽሊል ክብሪ ኽትቅበሉ ኢኹም።” ይብሎም።<br>• መዝሙር 23 ከኣ “እግዚኣብሔር ጓሳይ እዩ፣ ዝጎድለኒ የብለይን። ኣብ ልሙዕ ሻኻ የውዕለኒ፣ ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ። ንሱ ሓድሽ ኃይሊ ይህበኒ፣ ከምቲ ዘተስፈወኒ፡ ብመንገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ።” እናበለ እግዚኣብሔር ብርእሱ ጓሳና ከም ዝኾነ ይነግረና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 16 ከኣ “ኢየሱስ ‘ሰባት ንወዲ ሰብ መን እዩ ይብልዎ?’ ኢሉ ንደቀ መዛሙርቱ ሓተቶም። ንሳቶም ድማ ‘ገሊኦም ዮሓንስ መጥምቕ’፡ ገሊኦም ‘ኤልያስ’፡ ገሊኦም ‘ኤርምያስ’፡ ወይ ድማ ‘ሓደ ካብ ነብያት እዩ’ ዚብሉ ኣለዉ በልዎ። ንሱ ኸኣ ‘ንስኻትኩምከ መን ትብሉኒ?’ በሎም። ስምዖን ጴጥሮስ ድማ ‘ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ’ ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ድማ ‘ስምዖን ወዲ ዮና፡ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ደኣምበር ሥጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ፡ ብፁዕ ኢኻ’ ኢሉ መለሰሉ። ‘ኣነ ኸኣ እብለካ ኣሎኹ፣ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ኸውሒዚ ድማ ቤተክርስቲያነይ ክሓንጻ እየ፣ ደጌታት ሲኦል ከኣ ኣይኪኀይልዋን እዮም። መርኖታት መንግሥተ ሰማያት ድማ ኽህበካ እየ፣ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ፣ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኸኣ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ።” ከም ዝበሎ ይነግረና።<br><br>ቅዱስ ሓዋርያ ጴጥሮስ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥልጣን መሪሕነት ቤተክርስቲያኑ ኪቕበል ከሎ ንርኢ። ብመሠረቱ ኣምላኽ እዩ ዝጓሰየና። ንኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ልኢኹ ኣድኂኑና። ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ኣብ ምድሪ መንግሥቲ ኣምላኽ (ቤተክርስትያን) ተኸለ። ንኣኣ ዝመርሕዋ ከኣ ሓዋርያት ሾመ። ንጴጥሮስ ከም ናቱ ወኪል ኮይኑ ንቤተክርስቲያኑ ኪመርሕ መዘዞ። ድሕሪ ርደተ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ሓዋርያ ጴጥሮስ ንቤተክርስቲያን ክመርሓን ክጓስያን ንርእዮ። ኣብዚ ዘንበብናዮ መልእኽቱ ድማ፡ ነቶም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝመርሑ ዝነበሩ ካልኦት ሓዋርያት ብጾቱ፡ ከም እሙናት ኣገልገልቲ ጐይታ ኮይኖም፡ ከም ጐይቶት ዘይኮነስ ከም እሙናት ኣገልገልቲ፡ ንሕዝቦም ኪመርሑን ኣርኣያ ኪኾኑን ክምዕድ ከሎ ንርእዮ። ብዙሓት ካብ ክርስቲያን ነዚ ሓቂ ኣይተቐበልዎን። “ብዘይካ ቃል-ኣምላኽ ካልእ መራሒ የብልናን” ብምባል፡ ኩላቶም በብርእሶም ይኸዱን፣ ንቃል-ኣምላኽ በብዝመስሎም ኪትርጉሙን ንርእዮም። ስለዚ ነቲ ናይ ክርስቶስ ትእዛዝን ራእይን ማለት “ከማና ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ ሓልዎም. . . ኩላቶም ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ እልምነካ ኣሎኹ” (ዮሓ 17፡11፣ 21) ኢሉ ዝጸለዮ ከንቱ ከይከውን፡ ምእንቲ ሓድነት እዛ ቤተክርስቲያን ኩሉ ግዜ ክንጽሊ ይግብኣና እዩ። እግዚኣብሔር ኣብ ሓደ መጓሰ ጠርኒፉ እዩ ዚመርሓና። ኢየሱስ እቲ ሓደ ሕያዋይ ጓሳና እዩ። ናብ ‘ሕይወት ምስ ተረፉ’ ከኣ ይመርሓና። ካብ ኃጢኣትና የንጽሓና፣ ካብቲ ናይ ሰማይ እንጌራ ዝኾነ ሥጋኡን ደሙን ከኣ ይምግበና። ካብቲ እኩይ ይሕልወና፣ ካብ ኢዱ ዚምንዝዓና ኃይሊ ከኣ የልቦን። ኣብ ምድራዊ ጉዕዞና ሸግርን ፈተናን እኳ እንተበጽሓና፣ ኣብኡ እምላኽ ምሳና ስለ ዘሎ ክፉእ ኣይንፈርህን ኢና። ካብ ሕጂ ንዘለዓለምን እነዕርፈሉ ኣብ ሕፅኒ ኣምላኽ ወይ ኣብ ቤቱ ከም እንነብር ይገብረና። “ኦ እግዚኣብሔር ኣቦናን ጓሳናን፡ ሓደ መጓሰ ከም እንኸውን ግበረና! ቅዱሳት ጓሶት ከኣ ሃበና።” |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| **22**<br>**መጋቢት**<br>(ሠሉስ) | **ኢሳ** 1፡ 10, 16-20<br>**መዝ** 50፡ 8-9, 16-17, 21, 23<br>**ማቴ** 23፡ 1-12 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኢሳይያስ 1 "ኣቱም ከም መራሕቲ ሰዶም ዝኾንኩም መራሕቲ ኢየሩሳሌም፣ ነዚ እግዚኣብሐር ዝብለኩም ዘሎ ስምዑ። ኣቱም ከም ሕዝቢ ገሞራ ዝኾንኩም ደቂ ይሁዳ፡ ናብ ሕጊ እግዚኣብሐር ኣምላኽና ጽን በሉ። . . . ተነስሑ ካብ ኃጢኣትኩምውን ተሓጸቡ፣ ገዛእ ርእስኹም ኣንጽሑ፣ ኣብ ቅድመይ ክፉእ ምግባር ኅደጉ። ሠናይ ምግባር ተመሃሩ፣ ብቕንዕና ፍረዱ፣ ንጥቑዓት ርድእዎም፣ ንዘኽታማት ፍትሒ ኣውፅኡሎም፣ ንመበለታት ተጣበቑለን። 'እምበኣር ሕጂ ንዑ፣ ንሓድሕድና ንማጎት' ይብል እግዚኣብሐር 'ብኃጢኣትኩም እኳ ከም ደም እንተ ቐሕኩም፡ ከም በረድ ከፃዕድወኩም እየ። . . . ሕራይ እንተ በልኩምንን እንተ ተኣዘዝኩምንን ምድሪ እተፍርዮ ሠናይ ዘበለ ኽትበልዑ ኢኹም። ምእዛዝ እንተ ኣቦኹም ግና ብሰይፊ ኽትቀተሉ ኢኩም።" ይብለና።<br>• መዝሙር 50 ከኣ "ብዛዕባቲ ኣብ ቅድመይ እተቐርቦ መሥዋዕትታትን ዚሓርር መሥዋዕትን ኣይወቕሰካን እየ። . . . ንኃጥእ ግና ኣምላኽ ከምዚ ዚስዕብ ይብሎ፣ 'ከመይ ገይርካ ኢኻ ቃላተይ እትደግም? ብዛዕባ ኺዳነይውን ክትዛረብ እትደፍር? ክእርመካ እንተበልኩ ተግሣጸይ ትጸልእ፣ ንትእዛዘይ ብድኅሬኻ ትድርብዮ። . . . እዚ ኩሉ ጌርካ ኣነ ስቕ በልኹኻ፣ ስለዚ ከማኻ ዝኾንኩ መሰለካ፣ ግናኸ ክግስጸካ፡ ንኃጢኣትካ ኬፍልጠካ እየ። . . . መሥዋዕቲ ምስጋና ዚሥውዓለይ የኽብረኒ፣ ነቲ ዚእዘዘኒ ኹሉ ኽኣ ኽድኅኖ እየ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማቲዎስ 23 ከኣ ብዛዕባ ግብዝና መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ይዛረበና። "ብድኅሪ እዚ ኢየሱስ ነቶም ሕዝብን ንደቀ መዛሙርቱን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፦ 'መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ኣብ መንበር ሙሴ ተቐሚጦም ኣለዉ። ስለዚ ንሳቶም ዚብልኹም ኩሉ ግበሩን ሓልዉን፣ ግናኸ ይብሉ ደኣ እምበር ኣይገብሩን እዮም እሞ ከምቲ ዚገብርዎ ኣይትግበሩ። . . . ኩሉ ግብሮም ሰብ ምእንቲ ኪርእዮም ይገብሩ፣ . . . ኣብ ዕዳጋታት ሰብ ኢድ ክነስኣሎምን 'መምህር' ኢሉ ኺጽውዖምን ይፈትዉ። . . . እቲ ርእሱ ዜልዕል ኪሓስር እዩ፣ ርእሱ ዜትሕት ከኣ ልዕል ኪብል እዩ እሞ እቲ ኻባኻትኩም ዝዓበየ ኣገልጋሊኹም ይኹን።" ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ንባብት ደጊሙ ክንሳሕ ይጽውዓና ኣሎ። ብልቢ ንቃል ኣምላኽ ክንገብሮን ክንሰዕቦን የተባብዓና ኣሎ። ጽድቕና ካብቶም ቃል ኣምላኽ ዚምህሩና መራሕትና ግና ብግብሪ ንርእሳቶም ዘይፍጽምዎ ንላዕሊ ክኸውን ከም ዘለዎ ይነግረና። ምናልባት ነቲ ዘይሓንጽ ተግባራቶም ርኢና "ንሳቶምኳ ዘይፍጽምዎ ኣነ ደኣ ዓለማዊ . . . " ኢልና ኣብ ግጉይ ተግባራትና ከይንቐጽል የጠንቕቐና ኣሎ። ኣምላኽ ነቲ ኣምስሉ ሕይወትና - ኣባና ዘሎ ይኹን ኣብ መራሕትና - ይፍንፍኖ እዩ። ስለዚ እዩ "ከም መራሕቲ ሰዶም ዝኾንኩም . . . ኣቱም ከም ሕዝቢ ገሞራ ዝኾነኩም" ኣናበለ ዝገንሓና ዘሎ። ብዙሕ ኣምስሉነት፡ ናብ ቤተክርስቲያን ምምልላስን ኣብ ኃጢኣት ምንባርን፡ ብሓደ ኪኸዱ ኣምላኽ ይርኢ ስለ ዘሎ እዩ ዝጋናሕ ዘሎ። መጀምርያ ካብ ኃጢኣትና ክነጽሕን፡ ቀጺልና ከም ትእዛዛት እግዚኣብሐር ክንመላለስን፡ ብድሕሪኡ ምስ ኣምላኽ ክንማጎትን፡ ዘድልየና ክንሓቶን የተባብዓና ኣሎ። ኣምላኽ ንዕቡያት ከም ዝጻረሮም ንፈልጥ ኢና። ንርእስና ብመንጽር ቃል-ኣምላኽ ጥራይ ንመርምራ፣ ብርግጽ ኩሉ ግዜ ጎዲልና ተረኺብና ኢና። ብዘይ ምምኽናይ ንነሳሕ። ናይ ካልኦት ካባና ዝገደዱ ሰባት ኃጢኣት ርኢና ክንጸናናዕ ኣይግብኣናን እዩ። ደሓር ከኣ ኣብ ፍርዲ ብምእታውና መሊስና ኢና ናብ ዝገደደ ኃጢኣትን እንወድቕ ዘሎና። ሕራይ እንተ በልና ኣምላኽ ካብ ኃጢኣትና ኪፍውሰና ተዳልዩ ኣሎ። ንኣምላኽ ሕራይ ስለ ዘበልና ድማ ከምቲ ዘተስፈወና በረኸቱ ኪመልኣና እዩ። "ኦ ኣምላኽ ካብ ንሰባት ምፍራድ ሓልወኒ። ናብ ቃልካ ጥራይ ኬድህብን፡ ከም ዝጎደልኩ ኪርዳእን፡ ንኃጢኣተይ ከየመኽነኹ ኪንሳሓሉን ከኣ ሓይልኻ ሃበኒ። ንጽድቂ ሃረር ክብላን ኪስዕባን ጸጋኻ ኣብዝሓለይ። ንጓሶትና፡ ንካህናትን መነኮሳትን ከኣ ንሕዝቦም ናይ ብሓቂ ኣርኣያ ደኣ ኣምበር ዕንቅፋት ከይኮኑዎስ ሓይልኻ ሃቦም። ካብቲ ፈታኒ፡ ካብቲ እኩይ ተጻራሪና ከኣ ሓልዎም። ናይ ትሕትናን ንስሓን ኣብነት ከም ዝኹኑና ከኣ ግበሮም።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 23 **መጋቢት** **(ረቡዕ)** | **ኤር** 18፡ 18-20<br>*መዝ* 31፡ 5-6, 14, 15-16<br>**ማቴ** 20፡ 17-28 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኤርምያስ 18 “ሽዑ እቶም ሕዝቢ ‘ንዑ ንኤርምያስ ንጣበበሉ። ሕጊ ዘምህሩና ኻህናትን፡ ምኽሪ ዚህቡና ለባማት፡ ቃል እግዚኣብሔር ዚነግሩና ነብያትን ኣይክንስእንን ኢና። ስለዚ ንዑ ንኤርሚያስ ንኽሰሶ፣ ዚብሎ ዘበለ ኩሉ ኣይንስምዓዮ’ በሉ። ሽዑ ኣነ ‘ኦ ጐይታይ፡ ጥርዓነይ ስማዕ፡ ነቲ ጸላእተይ ብዛዕባይ ዚብልዎ ዘለዉ ኸኣ ስምዓዮ። ኣብ ክንዲ ሠናይዶ እከይ ይፍደ እዩ? ንሳቶም ግና ኣብኡ ምእንቲ ኺወድቕ ጉድጓድ ኲዓቱለይ። ኣነ ግና ኹራኻ ኻብኣቶም ከተርሕቕ ኢለ ኣብ ቅድሜኻ ቘይመ ከም ዘለመንኩሎም ዘክር።” ይብል።<br>• *መዝሙር* 31 ብዛዕባ ኣብ እግዚኣብሔር ምውካል ይዛረበና። “ኣነ ኣባኻ እምዕቈብ ኣለኹ፣ ኦ እግዚኣብሔር ንስኻ እሙን ኣምላኽ ኢኻ እሞ፡ ኣድኅነኒ። ነቶም ኣምላኽቲ ሓሶት ዜምልኹ ትጸልኦም ኢኻ፣ ኣነ ግና ኣባኻ እየ ዝውከል። . . . ሕይወተይ ኣብ ኢድካ ኣዩ፣ ካብ ጸላእተይ ኣናግፈኒ፣ ካብ ሰጐግተይ ኣድኅነኒ። ንኣይ ንባርያኻ ብለውሃትካ ጠምተኒ፡ ብምሕረትካ ኸኣ ኣድኅነኒ።” ይብል።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 20 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ንሥልሳይ ግዜኡ ብዛዕባ ሕማማቱን ሞቱን ትንሣኤኡን፣ ብዛዕባ ልማኖ ደቂ ዘብዲዎስን ይነግረና። ኣደ ደቂ ዘብዴዎስ ናብ ኢየሱስ ቀሪባ ደቃ ሓደ ብየማኑ ሓደ ከኣ ብጸጋሙ ኣብ መንግሥቱ ኼቐምጦም ከም ዝለመነቶ፣ ኢየሱስ ከኣ “እትልምንዎ ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ ነቲ ኣነ ዝሰትዮ ናይ መከራ ጽዋዕ ክትሰትዩኽ ትኽእሉዶ?’ በሎም። . . . እቶም ዓሠርተ ደቀ መዛሙርቱ ነዚ ሰሚዖም በቶም ክልተ ኣኅዋት ኣመና ሓረቑ። ስለዚ ኢየሱስ ጸዊዑ ‘ንኣሕዛብ እቶም ሹማምንቶም ከም ዚገዝእዎም፡ ዓበይቶም ድማ ኣብ ልዕሊኦም ከም ዚሥልጥኑ ትፈልጡ ኢኹም። ኣባኻትኩም ግና ከምዚ ኣይኮነን፣ እቲ ካባኻትኩም ኪዓቢ ዚደሊ ኣገልጋሊኹም ይኹን። . . . ከመይ ወዲ ሰብ እውን እንተኾነ ኬገልግልን ሕይወቱ ምእንቲ ብዙኃት በጃ ኪህብን ደኣ እምበር ኬገልግልዎ ኢሉ ኣይመጸን።’ በሎም።” ይብለና።<br><br>ሎሚ ንባባት ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ሕማማት ኢየሱስን፣ ነቶም ኣገልገልቲ ወንጌል ዝኾኑ ሓዋርያት ክበጽሖም ዘለዎ ‘ናይ መከራ ጽዋዕ’ እዩ ዚዛረበና ዘሎ።  እቲ ኢየሱስ ሒዙልና ዝመጸ ጥዑም ብስራት (ወንጌል)፡ መንግሥቲ ኣምላኽ ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰብ ምትካላ እዩ። ኣምላኽ ኣብ ሞንጎ ነቶም ንወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ጐይታን መድኃንን ኣሚኖም ዝተቐበልዎ ኩሎም፡ ሕዝቡ ከም ዝገበሮም እዩ። ነዛ መንግሥቲ እዚኣ ዝጻረር ሓይሊ ግና ኣሎ። ንሱ ከኣ እቲ ኣባና ኣብ ውሽጢ ሥጋና ዘሎ ንኣምላኽ ዚጻረር ክፉእ ትምኒታትን ዘይስሩዕ ባህግታትን (ኃጢኣት)፡ እቲ ንህላዌን ንዕቤት ኣምላኽ ዘይቕበል ዓለማዊ ኣተሓሳስባታትን፣ ብዓቢኡ ኸኣ ሰይጣንን ምስ ኩሎም ሰዓብቱን (ናይ ጸልማት መንግሥቲ) እዮም። ኢየሱስ ነዞም ተጻረርቲ ሓይልታት ብሕማማቱን ሞቱን ትንሥኤኡን እዩ ስዒርዎም። ከም ትሑት ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ከኣ ኬገልግለና ተረኺቡ። ሓዋርያቱን ተከተልቶምን ኩሎም ከኣ እታ ናቱ ጽዋዕ እናሰተዩ ብመንገዲ መስቀል ተጓዒዞምን ስዒሮምን። ንሕናውን ከምኡ በዛ መንገዲ እዚኣ ኢና እንዕወት። ኣብ ልባትና ብዘይካ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይን ካልእ ኩሉ ቦታ ክህልዎ የብሉን። ንፍቕሪ ኢና እንግዛእ። ፍቕሪ ኢና ናብ ዓለም እነብጽሕ። ስለ ፍቕሪ ኢና እንሳቐ። ሞትውን እንተኾነ ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ፡ ካብ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣይፈልየናን እዩ። መንግሥቲ ኣምላኽ ናይ ፍቕሪ ቦታ እዩ። እቶም ኣብኡ ዝነብሩ ከኣ ንፍቕሪ ዝፈልጡ ጥራይ እዮም። ንፍቕሪ ክንጭብጥ ክንብል ኢና ኣብ መስቐል እንበጽሕ። ነዚ ኢና ተጸዊዕና። እቶም ንርእሶም ዜምልኹ ንፍቕሪ ኣይግዝእዋን እዮም። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ናይ ብሓቂ ናይ ኢየሱስ ደቀ መዛምርቱ ዲና? ነታ ናቱ ጽዋዕ ንሰትያዶ ኣሎና? ብዘሎና ናይ ኣገልግሎት ሥልጣንከ ንጐይትት ዲና? “ኦ ኢየሱስይ ነዒይንቲ ልቦናይ ክፈተለይ። ፍቕርኻ ክርዳእ ሓግዘኒ። ካብ ፍቕርን ኣምልኾ ርእሰይን፡ ኣምልኾ ዓለምን፡ ኣምልኾ ገንዘብን ስልጣንን፡ ኣምልኾ ጽባቔይን ወጺኦ፡ ኣገልጋሊ ፍቕሪ ኪኸውን ጸጋኻ ኣብዝሓለይ። ኣገልጋሊ ኣሕዋተይን/ኣሓተይን ከም ዝኸውን ግበረኒ። ነቶም ጽጉማት ክረድእ ሕግዘኒ። ናይ ሰላምካ መሳርሒ ከኣ ግበረኒ። ከም ሰዓቢኻ ዚበጽሓኒ ንዕቀት፡ ጽርፊ፡ ስደት ወይ መከራ ክጸውር ሓይልኻ ሃበኒ። መስቀለይ ጾይረ ነንመዓልቱ ከም ዚስዕበካ ግበረኒ። ንድሕሪት ከም ዘይጥምት ግበረኒ። ትሑት ኣገልጋሊ ኣሕዋተይ/ኣሓተይ ከም ዝኸውን ግበረኒ። እሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 24<br>**መጋቢት**<br>(ሓሙስ) | **ኤር** 17፡ 5-10<br>**መዝ** 1፡ 1-4, 6<br>**ሉቃ** 16፡ 19-31 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኤርምያስ 17 "እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡- ኣብ ሰብ ዚውከል እው፡ እምንቶኡ ኣብ ምድራዊ ሰብ ዚገብር፣ ብልቡ ኻባይ ካብ እግዚኣብሔር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። . . . እቲ ኣባይ ኣብ እግዚኣብሔር ዜውከል፣ እወ ትጽቢቱ ኣባይ ኣብ እግዚኣብሔር ዚገብር ሰብ ግና ቡሩኽ እዩ። ንሱ ከምታ ኣብ ጥቃ ማይ ዝተተኽለት . . . ቆጽላ ኸኣ ለሚዑ ዚነብር ኦም እዩ።" ይብለና።<br>• *መዝሙር 1 ከኣ "ምኽሪ ክፉኣት ሰባት ዘይሰምዕ፡ ብመንገዲ ኃጥኣን ዘይኸይድ፣ ኣብ ኣኼባ መላገጽቲ ድማ ዘይጽምበር፣ እኳ ደኣ ንሕጊ እግዚኣብሔር ብምእዛዝ ዚሕጐስ፣ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዜስተንትኖ ሰብ ዕዉት (ብፁዕ) እዩ። ንሱ ኸምታ በብእዋኑ ፍሬኣ እትህብ፡ ቆጽላ ዘይነቅጽ፡ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም እዩ። ዝገብሮ ኹሉውን ይሰልጦ።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ሉቃስ 16 ከኣ ብዛዕባ ኣልኣዛርን እቲ ሃብታም ሰብኣይን ይምህረና። "ቀይሕ ቀሚሽን ቅጭን በፍታን ዚኸደን ኩሉ መዓልቲ ኸኣ እናጋየጸ ዚሕጐስ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ሓደ ብቝስሊ ዝተወርሰ፡ ኣብ ኣፍ ደጊኡ ዘንበርዎ፣ ኣልኣዛር ዝስሙ ሰብኣይውን ነበረ። ካብቲ መኣዲ እቲ ሃብታም ዚወድቕ ርፍራፍ ኪጸግብ ድማ ሃረር ይብል ነበረ፣ ኣኽላባት ኣናመጹ ኸኣ ቝስሉ ይልሕሱ ነበሩ። እቲ ድኻ ሞተ፡ መላእኽቲ ናብ ሕቑፊ ኣብርሃም ወሰድዎ። እቲ ሃብታም ከኣ ሞተ፡ ተቐብረውን። ኣብ ሲኦል፡ ኣብ ስቓይ ኮይኑ ዓይኑ ቋሕ እንተ ኣበለ፡ ካብ ርሑቕ ንኣብርሃምን፡ ንኣልኣዛርውን ኣብ ሕቑፉ ረኣየ።" እናበለ የዘንትወልና።*<br><br>ኣብ ምድሪ ከምዚ ናይ ኣልኣዛር ብሕማም ብድኽነት ሕይወትና ክንሓልፍ ከሎና ኣምላኽ ካብ ላዕሊ ይርኢ ከም ዘሎ ከይንርስዕ እዩ ዝነግረና ዘሎ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሉ ኩነታት ሕይወትና ናብ ኣምላኽ እምበር ናብ ሰብ ከይንውከል ይምህረና ኣሎ። ዝሳቐ ሰብ ንኩሉ ግዜ ዘይሕጐስ፣ ምድራዊ ሃብቲ ከኣ ዘሓጕስን ነባርን ይመስለና። ሓጎስ ግና ኣብቶም ናይ ብሓቂ ትጽቢቶም ኣብ እግዚኣብሔር ዝገብሩ ሰባት ጥራይ እያ ኣትርከብ። ካብዚ ምስ ኣምላኽ ዝህልወና ርክብ ዚፈስስ ጣዕምን ሓጎስን ኣሎ። ነቲ ኣብ ዓለም ከሎና ዝህልወናን እንስእኖን ነገራት ብዓይኒ ኣምላኽ ክንርእዮን ክነስተውዕሎን ምኽኣል ዓቢይ ጸጋ እዩ። እቲ ሃብታም ገንዘቡ ወሲኹ ስለ ዘይወዓለ ክሓምም ከሎ፣ እቲ ድኻ ኣማኒ እግዚኣብሔር ግና በታ ዝረኸባ መዓልታዊ እንጌራኡ ይሕጕስን የመስግንን። ጥዑም ድቃስ ከኣ ይድቅስ። ኣብ ሕማሙ ንእግዚኣብሔር ዝጽበዮ ሰብ ምጽንናዕን ተስፋን ይረክብ፣ እቲ ሃብታም ንእግዚኣብሔር ዘይፈልጥ ግና ብገንዘቡ ጥዕና ክገዝእ ህርድግ ይብልን ዕረፍቲ ከኣ ይስእን። እምበኣር ሎሚ ትጽቢትና ኩሉ ኣብ ኣምላኽ ክንገብሮ ንጽዋዕ ኣሎና። ካብ ምጕርምራም ንውጻእ። ካብ ሰብ ዘይገበረለይ ንውጻእ። ናብ ኣምላኽ ንጠምት፡ ኣብ ሕማምና ኾነ ኣብ ስእነትና ንድለዮ። ንኣምላኽ ኣብ ቃሉ ንድለዮ፡ ንጸሊ፡ ጸገምና ነካፍሎ፡ መልሱ ብእምነት ንጸበ። ኩሉ ጊዜ ነበርቲ ከም ዘይኮና ንዘክር። ናብታ ሰማያዊት ቤትና ገጽና ንጠምትን ክንኣትዋ ሃረር ንበልን። ዕርቡን ሰማያዊ ሕይወት ከኣ ኣብ ኣምላኽ ምውካልን ብፍቕሪ ምስ ኹሉ ሰብ ምንባርን እዩ። እቲ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ዚውከል ሰብ ናይ ብሓቂ ዕድለኛ እዩ። ጠልን በረኸትን ኣምላኽ ኣብ ውሽጡ ኣይከቋርጽን እዩ። ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ናይ ኣምላኽ እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ ከኣ ካብ ልቡ ኣይጐድልን። እቲ ካብ ሰብ ዝጽበ ግና ከጕርምርም ይነብር። "ኦ ጐይታ ሰማይን ምድርን ንሕወተይ ርአ። ኣብቲ ኩነታተይ እቶ። ምሳይ ኩን ኣብ ኩሉ ዝሓስቦን ዝገብሮን ምርሓኒ። ኣባኻ ጥራይ ክውከል ሓግዘኒ። ብቃልካ ምሃረኒ፡ ኣብ ልበይ ምጽንናዕካ ስደደለይ። ብእትገብረለይ ሠናይ ኩሉ ከኣ ኣብ ቅድሚ ሰብ ክነግረልካ እየ።" |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr><td>25 መጋቢት<br>(ዓርቢ)</td><td>ዘፍ 37፡ 3-4, 12-13, 17-28<br>መዝ 105፡ 16-21<br>ማቴ 21፡ 33-43፣ 45-46</td><td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>
• ዘፍጥረት 37 ብዛዕባ ዮሴፍን ኣሕዋቱን ይዛረበና። “ያዕቆብ ንዮሴፍ ኣብ እርግናኡ ስለ ዝወለዶ፣ ኃለፋ ኩሎም ደቁ ይፈትዎ ነበረ። ወለል ዚብል ጽቡቕ ክዳን ከኣ ገበረሉ። እቶም ኣኅዋቱ፡ ኣቦኦም ኃለፋ ኹልቶም ከም ዝፈትዎ ርእዮም ጸልእዎ፣ ብኅውነት ድማ ኪዛረብዎ ኣይከኣሉን። . . . ኣኅዋቱ ካብ ርሑቕ ምስ ረኣይዎ፣ ገና ናባኦም ከይቀረበ ከሎ ከኣ፡ ኪቐትልዎ ተተናኸሉ። . . . ብዕሥራ ቅርሺ ብሩር ከኣ ኣብ እስማኤላውያን ሸጥዎ። ንሳቶም ድማ ናብ ግብጺ ወሰድዎ።” እናበለ የዘንትወልና።<br>
• መዝሙር 105 ከኣ “እግዚኣብሔር ናብ ሃገሮም ጥሜት ኣውረደ፣ ኩሉ መግቢ ከኣ ኣጥፍኦ። ግናኸ ቐቅድሚኦም ሰብኣይ ለኣኸ፣ ንሱ እቲ ከም ባርያ ዝተሸጠ ዮሴፍ ነበረ። . . . ንጉሥ ግብጺ ልኢኹ (ካብ ማእሰርቲ) ኣፍትሖ። እቲ ገዛእ ኣሕዛብ ሓራ ኣውጽኦ። ኣብ መንግሥቱ ሸሞ፣ ኣብ ኩሉ ግዝኣቱ ኸኣ ኣዛዚ ገበሮ።” ይብለና።<br>
• ወንጌል ማቴዎስ 21 ከኣ ብዛዕባ ምስላ ሓረስቶት ኣታኽልቲ ወይኒ ይዛረበና። እቲ ዋና ኣታኽልቲ ወይኒ “ንሓረስቶት ብመገስ ሂብዎም ናብ ካልእ ሃገር ከደ። ጊዜ ፍርያት ምስ በጽሐ ፍሬኡ ኬምጽእሉ ኣገልገልቱ ናብቶም ሓረስቶት ለኣኸ። እቶም ሓረስቶት ከኣ ነቶም ኣገልገልቱ ኂዞም፡ ንገሊኦም ወቕዕዎም፡ ንገሊኦም ቀተልዎም፡ ንገሊኦምውን ብእምኒ ቐጥቀጥዎም። . . . ወዱ ናባታቶም ለኣኸ። . . . ‘እንሆ እቲ ወራሲኡ እዚ እዩ፣ ርስቱ ንኣና ኪኾነና ንዑ ንቕተሎ’ ተበሃሃሉ። ኂዞም ካብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ንወፃኢ ኣውፂኦም ቀተልዎ። . . . ኢየሱስ ከኣ በሎም፦ ‘እቲ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ እምኒ፡ ንሱ ርእሲ መኣዝን ኮነ፣ እዚ ካብ እግዚኣብሔር ኮነ፣ ንኣዕይንትናውን ዜደንቕ እዩ’ ዚብልዶ ኣብ መጻሕፍቲ ከቶ ኣየንበብኩምን? ‘ስለዚ ድማ እታ መንግሥቲ ኣምላኽ ካባኻትኩም ከም እትውሰድ ፍሬኣ ንዜፍሪ ሕዝቢውን ከም እትወሃብ እብለኩም ኣሎኹ።” ይብሎም።<br><br>
ካብዚ፡ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ምድኃን ጥበብ ኢና ክንመሃር። ነቲ ንኣምብርሃም ዝመሓለሉ ኪዳን ምእንቲ ኪፍጽም፡ ደቂ እስራኤል ብጥሜት ምእንቲ ከይጠፍኡ፡ ካብ ጥሜት ምእንቲ ኬሳግሮም፡ ብጥበቡ ንዮሴፍ በሕዋቱ ንባርነት ኺሸየጥ የፍቐድ። ነቲ ክፉእ ተግራቶም ንድኅነቶም ይገበሮ። ኣብ ግብጺ፡ ንዮሴፍ ጥበብን ፍልጠትን ብምሃብ፡ ካብ ባርነት ናብ ክብርን ሹመትን ከም ዝድይብ ይገብሮ። ካብቲ ናይ ነዊሕ ዓመታት ጥሜት ከኣ ብናቱ ሓገዝ ንያዕቆብን ደቁን የሳግሮምን የድኅኖምን። ኣምላኽ ንኢየስሱ ወዱ ንመላእ ዘመደ ኣዳም - ኪኖ ሕዝቢ እስራኤል - ኬድኅን ምስ ለኣኾ ድማ፡ ብሕማማቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ገይሩ እዩ ዝፍጽሞ። ሊቃውንቲ ካህናትን ፈሪሳውያንን ንኢየሱስ ኬጥፍእዎ መዲቦም፣ ናይ መስቀል ሞት ኣፍረድዎ። እዚ ግና ከምቲ ናይ ዮሴፍ ንብርነት ምሻጥ ንድኅነት ኣሕዋቱን መላእ ደቂ ያዕቆብን ዝኾነ፣ ከምኡ ኢየሱስ ብስቕለቱን ሞቱን ዕዳ ኃጢኣትና ስለ ዝኸፈለልና ንድኅነት ኩልና ደቂ ኣዳም ኮነ። ካብ ኃጢኣትን ናይ ዘለዓለም ጥፍኣትን፡ ናብ ውሉድ ኣምላኽን ወረስቲ መንግሥተ ሰማይን ምኳን ኣብቂዑና። ከምቲ ኣሕዋቱ ንዮሴፍ ብቅንኢ ከጥፍእዎ ዝመደቡ፣ ሊቃነ ካህናትን ፈሪሳውያንን ከኣ ንኢየሱስ ብቕንኢ ኬጥፍእዎ መደቡ። ጥበብ ኣምላኽ ግና ኪኖ እቲ ንሕና ክንግምቶ እንኽእል ዝኸይድ ክንዲ ዝኾነ፣ ነቲ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ እምኒ፡ ርእሲ መኣዝን ይገብሮ። ዓቢይ ናይ ድኅነት ሕንጻ ከኣ ብእኡ ይሓንጽ። ንዓና ነቶም እንኣምን ከኣ፡ ካብቲ ኣብ ሕይወትና ዘጋጥመና ሕማቕ ነገራት፡ ኣምላኽ ሠናይ ኬውጽእ ስለ ዝከኣሎ ሃዲእና ጥራይ ንጸበዮ። ጐይታ ዓቢይ ናይ ድኅነት ሥራሕ ኪፍጽም ከኣ ክንርእዮ ኢና። ብፍላይ ካብ ሥድራናን ቤተሰብናን - ከምቲ ንዮሴፍ ዘጋጠሞ - ብዘይበደልናዮ ነገር ኣብ ልዕሌና ክለዓሉ ከለዉ፡ ብዙሕ ይሳቐየና እዩ። ንክፉእ ብክፉእ ክንምልሰሉውን ንፍተን ኢና። ዮሴፍ ኣብ ሥልጣን በጺሑ ኣሕዋቱ ድማ ጥሜት ወሪድዎም ኪሸምቱ ንግብጺ ምስ መጹ፡ ሕኔኡ ኪፈዲ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ረኺቡ ነይሩ። ግና ነዚ ኩሉ ሰጊሩ እቲ ኣምላኽ ንሥድራቤቱ ንምድኃን ብዓቢይ ጥበብ ዝገበሮ ሥራሕ የለልዮን ነኅዋቱ ከኣ ብፍቕርን ናፍቖትን ይቕበሎም። ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል “ኣ ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም ኣሞ መሓሮም” ኢሉ ምእንቲ ሰቐልቱ እዩ ዝጸለየ። መስዋዕቲ መስቐል ከኣ ናይ ፍቕሪ መስዋዕቲ እዩ። እቲ ብእምነት ዝነብር ሰብ ብደነ ሞት እኳ እንተ ኸደ ክፉእ ኣይፈርህን፡ ከመይ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ከም ዘላ ስለ ዝኣምን። “ኦ ጐይታ እታ እተድኅን ኢድካ ምሳይ ትኹን። ኣብቲ ዝፍተነሉ ግዜ ካብ ጸላእተይ ኣድኅነኒ። ኣብ ፍቕሪ ደው ክብል ከኣ ምሃረኒ።”</td></tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 26<br>**መጋቢት**<br>(ቀዳም) | **ሚክያስ** 7፡ 14-15, 18-20<br>**መዝ** 103፡ 1-4, 9-12<br>**ሉቃ** 15፡ 1-3, 11-32 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ሚክያስ 7 ብዛዕባ እግዚኣብሔር ንእስራኤል ከም ዝራኅርኃሎም ይዛረበና። "ኦ ኣግዚኣብሔር፡ ኑቶም ዝኃሬኻዮም ሕዝብኻ ኑቶም ኣብ ዱር፣ ኣብ ማእከል ፍርያም መውዓሊ እንስሳ ንበይኖም ዚነብሩ ዘለዉ መጓሰ ርስትኻ ጓሰዮም። . . . ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣበሳ ዚኃድግ፣ በደል እቶም ዚተረፉ ርስቱ ዝኾኑ ሕዝቢ ዜኅልፍ፣ ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ የልቦን። ንኣና ኽትምሕር ባህ ስለ ዚብለካ፣ ቍጥዓኻ ንሓዋሩ ኣይጸንሕን። መሊስካ ኽትርኅርኃልና፡ ንኣበሳና ኣብ ትሕቲ እግርኻ ኽትረግጾ፡ ንኹሉ ኃጢኣትና ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ኽትድርብዮ ኢኻ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 103 እግዚኣብሔር ከም ዜፍቅረና ይነግረና። "ኦ እግዚኣብሔር ኣመስግነካ ኣሎኹ፣ ነቲ ዝተገብረለይ ኹሉ ሠናይ ከኣ ኣይርስዖን እየ። ንስኻ ንኹሉ ኣበሳይ ትኅድገለይ፡ ንኹሉ ሕማመይ ትፍውስ። ንሕይወተይ ካብ ጥፍኣት ትብጀዋ፣ ብዘለዓለማዊ ምሕረትን ርኅራኅን ትኽልለኒ። . . . መግናሕቱ ንግዜኡ እዩ፣ ንዘለዓለም ከኣ ኣይቅየምን እዩ። ከም መጠን ኃጢኣትና ኣይቀጽዓናን እዩ፣ ከም መጠን ኣበሳና ድማ ኣይፈድየናን እዩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 15 ከኣ ብዛዕባ እቲ ጥፉእ ወዲ የዘንትወልና። "ንሓደ ሰብኣይ ክልተ ደቂ ነበርዎ። እቲ ንእሽቶ ኸኣ ነቦኡ 'ኣቦ! ካብዚ ጥሪት እቲ ዚብጽሓኒ ግደ ሃበኒ' በሎ፣ ንሱ ኸኣ ነቲ ገንዘቡ መቐሎም። ድኅሪ ሒደት መዓልቲ ኸኣ እቲ ንእሽቶ ወዲ፡ ዘለዎ ኹሉ ኣኪቡ፡ ናብ ርሑቕ ሃገር ኸደ። ኣብኡ ድማ ነቲ ጥሪቱ ብዝርገት እናነበረ በተኖ። ዘለዎ ኩሉ ወድአ፣ ኣብታ ሃገር ብርቱዕ ጥሜት ኮነ፣ ንሱ ኸኣ ኪስእን ጀመረ። . . . ሽዑ ናብ ልቡ ተመሊሱ 'እንጌራ ዚተርፎም ኣገልገልቲ ኣቦይ ክንደይ እዮም፣ ኣነ ግና ኣብዚ ብጥሜት እመውት ኣሎኹ። ተንሢአ ደኣ ናብ ኣቦይ ኪኸይድ እሞ፦ ኣቦ! ኣብ ቅድሚ ሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ኃጢኣት ገበርኩ። ደጊም ወድኻ ኪበሃል ኣይበቅዕን እየ፣ ከም ሓደ ካብ ገላዉኻ ግበረኒ ኽብሎ' በለ። ተንሢኡ ኸኣ ናብ ኦቦኡ ተመልሰ፣ ኣቦኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረኣዮ እሞ ደንገጸሉ፣ ጐይዩ ኸኣ፡ ብክሳዱ ሓኒቑ ሰዓሞ።" ይብለና።<br><br>ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንወንጌል ብሓደ ሓጺር ዛንታ ጸሚቑ የቕርበልና። እቲ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዘውረዶ ምኽንያት ከኣ 'እግዚኣብሔር ኣቦኹም እዩ፡ የፍቅረኩም እዩ፡ ኣብ ቤቱ ኽትነብሩን ተኻፈልቲ ሃብቱ ክትኮኑ ይጽውዓኩም ኣሎ። ኃጢኣትኩም ከይተረፈ ንኸፍቅረኩም ኣይክልክሎን እዩ" ንክብለና እዩ። ንሕና ግና ንኹሉ ጸጋታቱን ህያባቱን ከምድላይና ምእንቲ ክንገብር በቲናዮ። ከም ድላይና ኣብ ዓለም ክንዘልል፡ ክንሰዕስዕ፡ ክንበልዕ ክንሰቲ፡ ክንዓብድ ስለ ዝደለና ካብኡ፡ ካብቲ መንገድትቱን ንሃድም። ዓለም ግና ከምቲ ንሕና ዘፍቀርናያ ኣይተፍቅረናን እያ። ገንዘብና ምስ ወዳእና ወይ ምስ ሓመምና ኣይትድንግጸልናን እያ። ኣነ፡ ንስኻ፡ ንስኺ፡ ኩላትና እቲ ንእሽቶ ወዲ ኢና። ሓደኳ "ኣነ ኣይኮንኩን" ኪብል ዚኽእል የብልናን። ተግባርና ኩሉ መዓልቲ ዚምስክሮ ሓቂ እዩ። ካብ ንኣምላኽ ንኃጢኣት ንግዛእ ኣሎና። ንእግዚኣብሔር ከም ኣቦና ክንፈልጦን ከነኽብሮን ከነፍቅሮን ኣይንደልን። ምስኡ ምንባር ንዒቕና ንዓለም ንሥጋ ንሰይጣን ንመርጽ። እግዚኣብሔር ኣቦና ስለ ዝኾነ ግና ብኣና ብቐጻሊ ይሓስብን ክንምለሶ ሃረር ይብልን ይጽበየናን። ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ኣየቋርጽን። ናብኡ እንምለሰላ መዓልቲ ከኣ ኣብ ቤት ኣቦና ዓቢይ በዓል ይኸውን። ዘጥፋእናዮ ክብሪ ኩሉ ይምለሰልና። እዚ እዩ እቲ ጥዑም ብስራት። ናይ ብሓቂ ንኣና ኽምሕር ባህ ይብሎ፣ ቍጥዓኡ ንሓዋሩ ኣይጸንሕን፣ መሊሱ ይርኅርኃልና፡ ንኣበሳና ኣብ ትሕቲ እግሩ ይረግጾ፡ ንኹሉ ኃጢኣትና ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ይድርብዮ። ንፍቕሪ ኣምላኽ ብግብሪ ምስ ኣስተማቐርናዮ ሽዑ ኢና ከም ዳዊት "ኦ እግዚኣብሔር ኣመስግነካ ኣሎኹ፣ ነቲ ዝተገብረለይ ኹሉ ሠናይ ከኣ ኣይርስዖን እየ። ንስኻ ንኹሉ ኣበሳይ ትኅድገለይ፡ ንኹሉ ሕማመይ ትፍውስ" እናበልና ከነመስግንን፡ ደቂ እቲ ርኅሩኅ ኣምላኽ ምኻና ክንሕጐስን እንኽእል። ሕጂ "ናብ ቤት ኣቦይ ደኣ ክምለስ" እንብለሉ ሰዓት እዩ። "ኣቦ! ኣብ ቅድሚ ሰማይን ኣብ ቕድሜኻን ኃጢኣት ገበርኩ። ደጊም ወድኻ/ጓልካ ኪበሃል ኣይበቅዕን እየ፣ ከም ሓደ ካብ ገላዉኻ ግበረኒ።" |

# *መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - 4ይ ሰሙን ጾመ ኣርብዓ*
# *ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም*

---

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| *ዕለት* | *ንባብ* | *ኣስተንትኖ*<br>*ሰንበት - ዘደብረ ዘይት* |
|---|---|---|
| 27<br>*መጋቢት*<br>2016 | **ኤፌ** 4፡ 23-ፍ<br>2**ጴጥ** 3፡10-15<br>**ግሓ** 15፡ 6-21<br>**ማቴ** 24፡ 3-36 | *ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?*<br>• *መልእኽቲ ናብ ሰብ ኤፌሶን 4 "በተሓሳሰባኹምውን ተሓደሱ። ነቲ ብኣርኣያ እግዚኣብሔር፡ ብጽድቅን ብቕድስናን ዝተፈጥረ ሓዲሽ ሰብ ከኣ ልበስዎ። እምበኣር ኩልና ናይ ሓደ ሰብነት ኣካላት ስለ ዝኾና፡ ነፍሲ ወከፍ ሓሶት ምዝራብ ገዲፉ ምስ ብጻዩ ሓቂ ይዛረብ። ክትቍጥዑ ከሎኹም ኣብ ኃጢኣት ከይትብጽሑ ተጠንቀቑ። ኣብ ቍጥዓኹም ፀሓይ ኣይትዕረብኩም። ንድያብሎስ ከኣ መንገዲ ኣይትሃብዎ። . . . ዘይጠቕም ዘረባ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ።" እናበለ ይምዕደና።*<br>• *መልእኽቲ ጴጥሮስ 3 ከኣ "መዓልቲ ጐይታ ከም ሰራቒ ኮይና ኽትመጽእ እያ፣ ሽዑ ሰማያት ጥዋዕዋዕ ኣናበለ ኪኃልፍ እዩ፣ ፍጥረት ሰማይ ብሓዊ ነዲዱ ኪመኽኽ እዩ፣ ምድርን ኣብኣ ዘሎ ነገርን ኪነድድ እዩ። እዚ ኹሉ ከምዚ ኢሉ ዚጠፍእ ካብ ኮነ፣ እንታይ ዝዓይነቶም ሰባት ኢኹም ክትኮኑ ዚግብኣኩም? ነታ ኣምላኽ ዚመጸላ መዓልቲ እናተጸበኹምን እናኣቀላጠፍኩምን ብቕዱስ ሕይወትን ብፍርሃት እግዚኣብሔርን ክትነብሩ እዩ ዝግብኣኩም።" እናበለ ይመኽረና።*<br>• *ግብረ ሓዋርያት 15 ብዛዕባ ጉባኤ መራሕቲ ቤተክርስቲያን የቕርበልና። ' . . . እቲ ልቢ ዚፈልጥ ኣምላኽ፡ ከምቲ ንኣና ዚሃበና ንኣታቶምውን መንፈስ ቅዱስ ብምሃቡ ከም ዝተቐበሎም መስከረሎም። ልቦም ብእምነት ስለ ዝነጽሖ፡ ኣብ ሞንጎናን ኣብ መንጎኦምን ሓንቲ እኳ ኣይፈላለየን። . . . ንሕና ሓዋርያትን መራሕትን ቤተክርስቲያንን ኣኀዋትኩም . . . ብዘይካ እቲ ዝተገበአ ገለ ኃለፋ ፆር እኳ ከይነኽብደልኩምን፡ ንመንፈስ ቅዱስን ንኣናን ተራእዩና ኣሎ። ስለዚ ንርእስኹም ንጣፆት ካብ ዝተሠውዐ ምግብን ካብ ደምን፡ ካብ ሥጋ ዝሓለቓ እንስሳን ካብ ዝሙትን ተኸልከሉ። ካብዚ እንተ ተኸልከልኩም ጽቡቕ ክትረኽቡ ኢኹም።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ማቴዎስ 24 ከኣ ብዛዕባ ኅልቀተ ዓለም ይዛረበና። "ኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎም፦ 'ሓደ እኳ ከየስሕተኩም ተጥንቀቑ። 'ኣነ ክርስቶስ እየ' ኣናበሉ ብዙኃት ብስመይ ኪመጹ እዮም። ውግእን ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም፣ ኣስተውዕሉ፡ ኣይትሰምብዱ፣ እዚ ኹሉ ብግድን ኪኸውን እዩ። እንተ ኮነ መወዳእት ሽዑ ኣይኮነን። . . . ብዙኃት ሓሰውቲ ነብያት ኪትንሥኡ፡ ንብዙኃትውን ኬስሕቱ እዮም። ብሰንኪ ብዝኂ ክፍኣት ከኣ ፍቕሪ ብዙኃት ክትዝሕል እያ። እቲ ክሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና ንሱ ኪድኅን እዩ። ንኹሎም ኣሕዛብ ምስክርነት ምእንቲ ኪኸውን እዚ ወንጌል መንግሥቲ'ዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ኪስበኽ እዩ፣ ሽዑ መወዳእታ ኪኸውን እዩ።" ይብለና።*<br><br>*ሎሚ ወንጌል ብዛዕባ ኣብ ኅልቀተ ዓለም እንታይ ከም ዝጽበየና ይነግረና ኣሎ። ብዙሓት - ቅዱስ መጽሓፍ እናጠቐሱ - ብዛዕባ መጨረሻ ዓለም ዝሰበኹን ዝጸሓፉን፡ ገና ዚጽሕፉ ዘለዉን ኣሎዉ። 'በዛ ዓመት እዚኣ፡ ባዛ መዓልቲ እዚኣ ክትከውን እያ' ኢሎም ዝተነበዩን፡ ከም ትንቢቶም ክኾነሎም ዘይከኣለንውን ኣሎዉ። "ኣነ ክርስቶስ እየ' ዝበሉውን ኣይተሳእኑን። እቶም ዝበዝሑ ግና፡ ብናታቶም ፍልስፍናታትን፡ ናይ ሳይንስ ፍልጠትን ተመኪሖም፡ ክሳዕ "ኣምላኽ የልቦን፡ ንሕና ኢና ኣማልኽቲ' እናበሉ ዝምህሩ ብቀጻሊ ይለዓሉ እዮም። ገለ ሰባት ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ክርስቲያን ኪሰብኩ ምስ ሰምዑ፡ "ናይ መንኩም ክንኣምን ኢና? ኩሉኹም ሓሰውቲ" ዚብሉ ኣለዉ። ብዙሕ ምድንጋራት ኣሎ። ወንጌል ክርስቶስ ብብዙሕ ትምህርቲ ሓሶት ተኸቢቡ እዩ ዝርከብ። ሰይጣን ክርስቶስ ከይፍለጥን ሓቂ ከይትወጽእን ብዙሕ ጨርባሕባሕ፡ ብዙሕ ምድንጋር ከም ዝፍጠር ምግባር ስርሑ እዩ። ስለዚ መሠረት ክርስትናና ንፍለጥ። ሓዋርያትን፡ ቀዳሞት ኣበዉን፡ መራሕቲ ቤተክርስቲያንን ዝምህሩና ጽን ንበል። ሓደ እኳ ከየስሕተና ንጠንቀቕ። ልዕሊ ኩሉ ከምቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ ዝምዕደና ዘሎ፡ ነታ ኣምላኽ ዚመጸላ መዓልቲ እናተጸበና፡ ብቕዱስ ሕይወትን ብፍርሃት እግዚኣብሔርን ክነብር ይግብኣና። መዓልቲ ፍርዲ ከም ዘላ ኣይንረስዕ። ኢየሱስ ብመላእኽቱ ተዓጂቡ ብክብሪ ክምለስ እዩ እሞ፡ "እቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ እቲ ዓለም ኪፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግሥቲ ክትወርሱ ንዑ" ከም ዝብለና ንግበር። ከም ዘይንመውት ኣብዚ ምድሪ መንግሥተ ሰማያት ክንፈጥር ኣይንድከም። ኩሉ ኪሓልፍ እዩ። ሽዑ ጣዕሳ ትርጉም የብሉን። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ቃልካ ኣብ ልበይ ዓሪፉ ከም ዘፍሪ ግበሮ። ልበይ ከም ከውሒ፡ ከም እሾኽ ኮይኑ ከይጸንሕ፡ ብመንፈስ ቅዱስካ ለውጠኒ። ኣሜን!"* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **28 መጋቢት** (ሰኑይ) | 2 **ነገ** 5፡ 1-15<br>**መዝ** 42፡ 2-3, 43፡ 3-4<br>**ሉቃ** 4፡ 24-30 | **ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?**<br>• 2ይ ነገሥት 5 ንእማን ሓለቓ ሠራዊት ንጉሥ ሶርያ ብማይ ጸሎት ሩባ ዮርዳኖስ ካብ ለምጹ ከም ዝሓወየ የዘንትወልና። "ስለዚ ንእማን በፍራሱን ብሠረገላታቱን መጺኡ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት ኤልሳዕ ደው በለ። ኤልሳዕ ከኣ ናብኡ ልኡኽ ሰዲዱ 'ናብ ዮርዳኖስ ኪድ እሞ ሾብዓተ ሳዕ ተሓጸብ፡ ቊርበትካ ድማ ኪሓዊ እዩ' በሎ። ንእማን ግና ኈርዩ ኸደ እሞ 'እንሆ ኣነስ ብርግጽ ወፂኡ፡ ብስም እግዚኣብሔር ኣምላኹ ተማህሊሉ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝሓመመ ቊርበተይ ጽላል ኢዱ ኣውዲቑ ዜሕውየኒ መሲሉኒ ነይሩ። ካብ ማያት እስራኤልስ እቲ ኣብ ዳማስቆ ዘሎ ኣባናን ፈርጳርስን ዚበሃል ሩባታትዶ ግዳ ኣይበልጽን፣ ኣብኡ ተሓጺበዶ ኣይምሓወኹን?' በለ። (ምኽሪ ገልውኡ ሰሚዑ ግና ተሓጽበ) . . . ቊርበቱ ከኣ ሓወየ፣ ከም ቊርበት ንእሽቶ ቈልዓ ኾይኑ ድማ ጸረየ። . . . 'እንሆ ሕጂስ ብጀይካ ኣምላኽ እስራኤል ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየልቦ ፈለጥኩ፣ . . .' በሎ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 42 ከኣ "ንኣኻ ንሕያው ኣምላኽ እናናፍቕ ኣሎኹ። ኦ ኣምላኸይ፡ ኣነ መጺኣስ መኣዝ ኮን እየ ኣብ ቅድሜኻ ዝሰግድ? ለይትን መዓልትን እበኪ ኣሎኹ፣ ንብዓተይውን ተቐለብኩ፣ ጸላእተይ ከኣ ኹሉ ግዜ 'ኣምላኽካ ኣበይ ኣሎ?" ይብሉኒ ኣለዉ።" ቀጺሉ ኣብ ምዕራፍ 43 "ብርሃንካን ሓቅኻን ልኣኽ፣ ንሳተን ይምርሓኒ፣ ናብ ጽዮን ናብታ ቅድስቲ እምባኻን ናብታ መኅደሪትካ ዝኾነት ቤት መቕደስን የብጽሓኒ። ሽዑ ኦ ኣምላኽ ናብ መሠዊኻ ኪኣቱ እየ፣ ንስኻ ናይ ደስታይን ናይ ታሕጓሰይን መሠረት ኢኻ፣ ኦ ኣምላኽ፡ ኦ ኣምላኸይ፡ ብበገና ኽመስግነካ እየ።" እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ሉቃስ 4 ከኣ ኢየሱስ "ነቢይ ኣብ ዓዱ ከቶ ከም ዘይከብር ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ብዘመን ኤልያስ እቲ ሰማይ ሠለስተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ዝተዓጽወሉ፡ ኣብ ኩላ እታ ምድሪ ኽኣ ብርቱዕ ጥሜት ዝኾነሉ ወርኀት፡ ኣብ እስራኤል ብዙኃት መበለታት ከም ዝነበራ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። እንተኾነ ኤልያስ ናብታ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ኣብ ሰራጵታ ናይ ሲዶና እትርከብ ደኣ እምበር ካብኣተን ናብ ሓንቲ እኳ ኣይተላኸን። ኣብ ዘመን ነቢይ ኤልሳዕውን ኣብ እስራኤል ብዙኃት ለምጻማት ነይሮም፣ እንተኾነ ብዘይካ ንእማን ሶርያዊ ኻብኣቶምሲ ሓደ እኳ ኣይነጽሐን" ከም ዝበሎም ይነግረና።<br><br>ቀደም ይኹን ሎሚ እግዚኣብሔር ኃያል ቅልጽሙ ዘርጊሑ ትእምርቲ ይገብር እዩ። እንተኾነ ንፍሉይ ዕላማ ድኅነት እዩ ዚገብሮ። ናይ ተቐበልቱ እምነትን ቅሩብነትን የድልዮ፡ ከምኡውን ነቲ ዝርኢ ሕዝቢ ናብ ኣምላኽ ንከድህብን ከም ምልክት ህላዌ ኣምላኽን እዩ ዝገብሮ። ግብረ-ትእምርቲ እምበኣር ኩሉ ሰብ፡ ብፍላይ ኣቶም ኣምላኽ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰብ ሎሚ ከም ዚዓዪ ዘይኣምኑ ሰባት ንምርታዕ እዩ ዝፍጸም። ንእማን ሶርያዊ ተረቲዑ "'እንሆ ሕጅስ ብጀይካ ኣምላኽ እስራኤል ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየልቦ ፈለጥኩ" እናበለ ከኣ ይእመን። ንኢየሱስ ከኣ እቶም ደቂ ዓዱ፡ ደቂ ናዝሬት፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም ካብ ትንቢት ኢሳያስ ኣንቢቡ "እዚ ጽሑፍ እዚ ሎሚ ኣብ ኣእዛንኩም ተፈጸመ" ምስ በሎም፣ "እዝስ እቲ ወዲ ዮሴፍዶ ኣይኮነን?" ኢሎም፡ ዝብልዎ ጠፍኦም። እቲ ኣብ ሞንጎኦም ኪዓቢ ከሎ ሓንቲኳ ልዕሊ ሰቡ ዘይነበሮ፡ ሕጂ "ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ" ምስ በሎም ምእማኑ ኣሸገሮም። ገሊኣቶም ከኣ ምናልባት ትእምርቲ (ከም ሓደ ማጂሽያን) ክርእዮም ተሃንጥዮም ነይሮም ይኾኑ። ኢየሱስ እቲ ኣተነኦምን ምስቲ ዋሕዲ እምነቶም ርእዩ፡ ነቲ ንሱ ዝሰብኮ ዝነበረ ወንጌል ንምቅባል ቅሩባት ከም ዘይነበሩ ስለ ዝፈለጠ፡ ሓንቲ እኳ ኪገብር ኣይፈቐደን። ትእምርታቱ ክርእዩ ከኣ ኣይከኣሉን። ንሕና እዉን፡ ብፍላይ እቶም ክርስትያን፡ ንኣምላኽ ካብ ቀደም እንፈልጦ ይመስለና እሞ ንቃል ኣምላኽ ብህርፋን ክንሰምዖ ኣይንደልን። ብመጀመርያ እቲ ቃል ኣምላኽ ኣብ ልብና ክሰጥምን፡ ንሕና ከኣ ክንቅበሎን ከሎና እቲ ናይ መጀመርያ ትእምርቲ ወይ ናይ ልቢ ለውጢ ይፍጸም። ንእምላኽ ሕያውን፡ ገባርን ሓዳግን ምኻኑ ምስ ኣመንናዮ ብዝበለጸ ብትእምርትታቱ ኣብ ሞንጎና ይሰርሕ። እምበኣር እቲ ዝዓበየ ትእምርቲ ንኣምላኽ ኣብ ቃሉ ክንረኽቦ ምስ እንጅምር እዩ ዝፍጸም። "ኦ ጐይታ ለውጠኒ! ኣብ ቃልካ ከም ዘለልየካ ግበረኒ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **29 መጋቢት** (ሠሉስ) | *ዳን* 3፡ 25, 34-43<br>*መዝ* 25፡ 4-9<br>*ማቴ* 18፡ 21-35 | *ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?*<br>• *ትንቢት ዳኒኤል* 3 *ብዛዕባ ጸሎት ኣዛርያ (ዳኒኤልን ብጾቱን ኣብ እቶን ሓዊ ምስ ተደርበዩ) የቕርበልና። "ምእንቲ ስምካ ክትብል ፈጺምካ ኣይትኅደገና፣ ንኪዳንካውን ኣይተፍርሶ። ምእንቲ ፈታዊኻን ምእንቲ ይስሓቕ ባርያኻን ምእንቲ ናትካ ቅዱስ ዝኾነ ያዕቆብን ክትብል ምሕረትካ ካባና ኣይተርሕቕ። . . . ግናኸ ብዝተጣዕሰ ልብን ብትሑት መንፈስን ናባኻ መጺእና ኣሎና እሞ . . . ኽትቅበለና ንልምነካ ኣሎና። . . . ንሕናውን ብምሉእ ልብና ከም እንኽተለካ ግበረና። ከመይ ነቶም ብኣኻ ዚውከሉ ኅፍረት ኣይክረኽቦምን እዩ። ሕጂ ኸኣ ብምሉእ ልብና ክንሰዕበካ ኢና፣ ነኽብረካ ኣሎና፡ ገጽካ ኣብርሃልና፣ ንልምነካ ኣሎና። . . . ብመጠን እቲ ዜደንቕ ተግባራትካ ኣድኅነና፣ ኦ እግዚኣብሔር! ንስምካ ኽብሪ ሃቦ።" እናበለ ይጽሊ።*<br>• *መዝሙር* 25 *ከኣ "እግዚኣብሔር ጎደናታትካ ኣፍልጠኒ፡ መገድታትካ መሃረኒ። ንስኻ ኣምላኽ ምድኃነይ ኢኻ እሞ፡ ከም ትእዛዛትካ ኽነብር ምሃረኒ። ኩሉ መዓልቲ ትጽቢተይ ካባኻ እዩ። . . . ኦ እግዚኣብሔር ነቲ ብንእስነተይ ዝገበርክዎ ኃጢኣተይን ኣበሳይን ኣይትዘክሮ፣ ከም ለውሃትካ፡ ምእንቲ ፍቕርኻ ኢልካ ዘክረኒ። እግዚኣብሔር ሠናይን ቅኑዕን እዩ እሞ፡ ንኃጥኣን መንገዱ ኺምህሮም እዩ።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ማቴዎስ* 18 *ከኣ ብዛዕባ በደል ኣኅዋትና ምምሓር ይምህረና። ጴጥሮስ "ጐይታይ! ኃወይ እንተ በደለንስ ክንደይ ሳዕ ይቕረ ኽብለሉ? ክሳዕ ሾብዓተዶ?' በሎ። ኢየሱስ ድማ 'ሾብዓተ ሻዕ ሰብዓ ደኣ እምበር ክሳዕ ሾብዓተ ኣይብለካን' በሎ። ቀጺሉ ኢየሱስ ብምስላ ብዛዕባ እቲ ንጉሥ* 10,000 *ዲናር ዝመሓሮ ሰብ የዘንትወልና። ንሱ እቲ ዝተማሕረ ሰብ ግና ነቲ* 100 *ዲናር ዝእውዶ ዝነበረ ኻልእ ሰብ ክምሕሮ ከምዘይደለየን፡ ብምኽንያት ተግባሩ ከኣ ተመሊሱ እቲ ንጉሥ "ተቘጢዑ ኩሉ ዕዳኡ ክሳዕ ፈጺሙ ዚፈዲ ንዜሳቕይዎ ኣኅሊፉ ሃቦ" ይብለና።*<br><br>*ወንጌል ደጋጊሙ እግዚኣብሔር ኃጢኣትና ምእንቲ ክምሕረና፡ ንሕና ነቶም ዚበደሉና ክንምሕር ከም ዝግብኣና ይምህረና። ኩሉ ግዜ ኃጢኣት ስለ እንገብር፣ ንኻልኦት ከምኡ ኩሉ ግዜ ክንምሕሮም የድልየና ማለት እዩ። ደቂ እግዚኣብሔር ክንከውን እምበኣር መሓርቲ ክንከውን የድልየና። ነቲ ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይምፍላጥና ግና ንዝበደሉና ንከይንምሕሮም መሰል ዘሎና ኮይኑ ይስምዓና። ኣዘራርባና ኩሉ ጊዜ ነዚ ሓቂ እዚ ይምስክሮ እዩ። "ከምዚ ስለ ዝገበረኒ ገጹ ክርእዮ/ክርእያ ኣይደልን እየ" ወይ ከኣ "እዚ ሰብ መኣዝ ኮይኑ/ኮይና!"፣ ከምኡውን "ጽናሕ እሞ ከርእዮ እንድየ!" ንብል። ክዓርቁና ንዝመጹ ሰባት ድማ "በዚ ሰብ እዚ/እዚኣ ከይትመጹኒ" ንብሎም። ከምኡ ኢልና ከሎና ከኣ ቤተክርስቲያን ክንከይድ ኣየሰክፈናን። ዘጉደልና ኣይመስለናን። እዚ ከኣ ኣምላኽ ዘለዎ ኣመለኻኽታ ስለ ዘይንፈልጥ እዩ። ዳኒኤልን ብጾቱን ግና ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንኸየፍርሱ ሕይወቶም መስዋዕቲ ንኽኸፍሉ ድሕር ኣይብሉን። ኣብ ውሽቲ እቲ እቶን ሓዊ ከለዉ ብዛዕባ ኃጢኣት መላእ ሕዝቦም ምሕረት ይልምኑ ነበሩ። መዓልቲ መጸ "እግዚኣብሔር ጎደናታትካ ኣፍልጠኒ፡ መገድታትካ መሃረኒ።" እናበልና ክንልምን የድልየና እዩ። ብጸጋ ኣምላኽ ጥራሕ ኢና ክንምሕር እንኽእል። ከመይ ዓለም ዝኸዶ መንገዲ ይኹን፡ ሥጋና ዝደልዮ ኩሉ፡ "ገጽ ኣይተርኢ" እንደበለ ኣንጻር ምሕረት እዩ ዚምህረና። ንሕነ ምፍዳይ እዩ ዝመርጽ። ቃል ኣምላኽ ግና፡ ሕነ ምፍዳይ ናይ ኣምላኽ ሥራሕ ጥራይ ምዃኑ ይምህረና እዩ። ኩሉ ግዜ ተበዲልካ ምምሓር "ዘንዕቐና" ዘይኮነስ፡ ናይ ብሓቂ "ውሉድ ኣምላኽ" ምዃና ዘርኢ፡ እቶም ጀጋኑ ክርስትያን ዝህብዎ ምስክርነት ሕይወት እዩ። "ኦ ጐይታይ! ዝምሕር ልቢ ሃበኒ። ከምቲ ንስኻ ንኩሉ ኃጢኣተይ ኩሉ ግዜ እትምሕረኒ፣ ከምኡ ንዝበደሉኒ ክምሕር ምሃረኒ። ኣብቲ ድሕሪ ምሕረት ዚመጽእ ሰላምን ውሉድ ኣምላኽ ምዃንን ጥራይ ብእምነት ምጽባይ ሓግዘኒ።"* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 30 **መጋቢት** **(ረቡዕ)** | **ዘዳ** 4፡ 1, 5-9<br>**መዝ** 147፡ 12-13, 15-16, 19-20<br>**ማቴ** 5፡ 17-19 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኦሪት ዘዳግም 4 ንእግዚኣብሔር ክንእዘዝ ይምህረና። “ሕጂ ድማ ኦ እስራኤል፡ ምእንቲ ብሕይወት ክትነብሩን ናብታ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ነቦታትኩም ዚህበኩም ምድሪ ኽትኣትዉን ክትወርሱዋን፣ ነዚ ኣነ ኽትገብርዎ ኢለ ዝምህረኩም ዘሎኹ ሕግታትን ፍርድታቱን ስምዑ። . . . ሓንትስ እቲ ዓይንኹም ዝረኣዮ ነገር ከይትርስዑ፣ ብኹሉ መዓልታት ሕይወትኩም ድማ ካብ ልብኹም ከይወፅእ፡ ንርእስኹም ተጠንቀቑ፣ ነፍስኹም ሓልዉ፣ ንደቅኹምን ንደቂ ደቅኹምን መሃርዎም።” ይብለና።<br>• መዝሙር 147 ከኣ “ኦ ኢየሩሳሌም፡ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዮ፣ ኦ ጽዮን ንኣምላኽኪ ወድስዮ። ከመይ ንመሃርሃር መዓጹኺ ዜጽንዕ፣ ንሕዝብኺ ዚባርኾም እዩ። . . . ትእዛዙ ናብ ምድሪ ይሰድድ፡ እቲ ዝበሎ ድማ ቐልጢፉ ይፍጸም። . . . ትእዛዛቱ ንሕዝቡ ሥርዓታቱን ሕግታቱን ድማ ንእስራኤል ሃበ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 5 ከኣ ብዛዕባ ሕጊ ሙሴ ይዛረበና። “ንሕጊ ሙሴ ኾነ ንነብያት ክፍጽሞም ደኣ እምበር፣ ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም። ሰማይን ምድርን ኪሳዕ ዚኃልፍ፡ ኩሉ ሕጊውን ክሳዕ ዚፍጸም፣ ካብ ሕጊ የውጣ ወይ ሓንቲ ሕንጻጽ ከም ዘይትኃልፍ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። እምበኣርሲ ካብዘን ናእሽቱ ትእዛዛት ሓንቲ ዘፍረሰ፣ ከምኡውን ንሰብ ዝመሃረ፣ ካብ መንግሥተ ሰማያት ንእሽቶ ኺበሃል እዩ። እናፈጸመ ዚምህር ግና፡ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዓቢይ ኪበሃል እዩ። ጽድቅኹም ካብ ጽድቂ መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን እዝዩ እንተ ዘይበዝኀ፣ ናብ መንግሥተ ሰማያት ከቶ ኣይትኣትዉን ኢኹም ኢለ እነግረኩም ኣሎኹ።” ይብለና።<br><br>ብሕይወት ምእንቲ ክነብር ንትእዛዛት እግዚኣብሔር ክንሕልዎን ንደቅና ክንምህሮምን ከም ዘድልየና ይምህረና ኣሎ። ቃል ኣምላኽ “ሕይወት” ዚብሎ ታሕጓስን ሰላምን ዕረፍትን ዘለዎ ሕይወት ማለት እዩ። ሥድራ ቤት ኣምላኽ ምዃን ማለት እዩ። እዚ ከኣ ልዕሊ ኹሉ ብእግዚኣብሔር ምእማን ማለት እዩ። ንሱ ንዓና ዘሓጉሰና ከም ዝፈልጥን ናብ ምሉእ ናጽነትን ታሕጓስን ኪመርሓና ከም ዝኽእል ምእማንን በታ ንሱ ዘርእየና መንገዲ ምስዓብን ማለት እዩ። ሓቂ ኣብ ቃሉ ጥራሕ ኢና እንረኽቦ። ኣብ ዓለም ክንደይ ምትላልን ሓሶትን እዩ ኸቢቡና ዘሎ። ገለ መማህራን፡ ምእንቲ ክንሕጕስ ንሥጋና ንስምዒታቱን ከነምልኽ የተባብዑና። ብዝብላዕ፡ ብዝስተ፡ ብእንኽደኖን እንረግጾን፡ ብጾታዊ ርክባት፡ ብሃብቲ ምጥራይ፡ ወይ ብሥልጣን ምሓዝ ክንሕጕስ የተባብዑና። ቃል ኣምላኽ ግና በዚ መንገዲ እዚ ሓጐስ ከም ዘይንረክብ ይነግረና። እዚኣቶም ዕላማታት ሕይወትና ምስ ገበርናዮም ከኣ ኩሉ ካልእ መጋበሪ ጥራይ ይኸውን። ምስ ሰባት ዘሎና ዝምድናታትና ከኣ ነዚኣቶም ንምርካብ ከም መጋበሪ ንጥቀመሎም። ምትንኻልን ምትላልን ሓሶትን ከም ክእለት ይውሰድ። ንዕብዳንን ሰኽራንን ጽቡቐ ስም ቀይርናሉ “ምዝንጋዕን ጸወታን” ኢልና ኣጠሚቕናዮ። ንሥድራና ዚብጽሖም ጊዜን ገንዘብን ኣብኦም ነባኽናዮን ነጥፍኦን። ቃል ኣምላኽ ግና ንስስዕቲ፡ ንሰኽራን፡ ንዝሙት፡ ንምሕሻሽን፡ ንሥድራና ምጕሃዩን ኃጢኣት ምዃኖም ብግልጺ ይነግረና። በዚ ጎደና ተመላሊስና ከኣ ዘላቒ ሓጎስ ክንሓፍስ ከም ዘይንኽእል ብግልጺ ይነግረና። ካልኦት ስለ ዝገብርዎ ብዕሙትካ ምስዓብ ቀታሊ እዩ። ንኣኻ/ኺ ንኣይ ኣምላኽ ናይ ኣእምሮ ጸጋ ሂቡና እዩ። ሓቅን ሓሶትን ኪፈሊ ዝኽእል ሕልና እውን ኣሎና። ፍልጠት ቃል እግዚኣብሔር ከኣ ንልብናን ንኣእምሮናን ብጽበለጸ የብርሆ። ስለዚ ሎሚ እቲ እንኸዶ ዘሎና መንገዲ ነስተውዕሎ። ናይ ብሓቂ ሓጎስን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኬምጽኣልና ይኽእልዶ? ስለምንታይ ብኡ ንጕዓዝ ኣሎና? ናብ ገደል ከይንኣቱ ኣዕይንትና ንኽፈት። “ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፡ መገድኻ ኣርእየኒ። ክስዕቦ ትብዓት ሃበኒ። ንፍልጠት ትእዛዛትካ ከም ዝሃርፎ ግበረኒ። ንሰብ ኪመስል ክብል ንሕማቕ ከይስዕቦ ትብዓት ሃበኒ። እኳ ድኣ ነቶም ነታ ቅንዕቲ መንገድኻ ዘይፈለጥዋ ክምህሮም ሓይልን ጥበብን ሃበኒ።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 31<br>**መጋቢት**<br>(ሓሙስ) | **ኤር** 7፡ 23-28<br>**መዝ** 95፡ 1-2, 6-9<br>**ሉቃ** 11፡ 14-23 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኤርምያስ 7 "እኳ ደኣ 'ድምፀይ ስምዑ፣ ኣነ ኸኣ ኣምላኽኩም ኪኸውን እየ፣ ንስኻትኩም ድማ ሕዝበይ ክትኮኑ ኢኹም። ጽቡቕ ምእንቲ ኽትረኽቡ እውን፡ በቲ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘበለ ኹሉ መንገድታት ተመላለሱ፡' ኢለ እየ ዝኣዘዝኩኹም። ግናኸ ብምኽሪ ርእሶምን በቲ ኽፉእ ህልኽ ልቦምን ደኣ ኸዱ፣ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ምድፋእ ድማ ንድኅሪት ኣቢሎም ተመልሱ እምበር፣ ንኣይስ ኣይሰምዑንን ኣእዛኖም ድማ ናባይ ጽን ኣየበሉን።" ይብለና።<br>• መዝሙር 95 ከኣ "ንዑ፡ ንእግዚኣብሔር ብሓጐስ ንዘምር፣ ንኸውሒ ምድኃንና እልል ንበለሉ፣ ብምስጋና ናብ ቅድሚኡ ንብጻሕ፣ ብመዝሙር እልል ንበለሉ። . . . ንዑ ፍግም ኢልና ንስገደሉ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንምበርከኽ። . . . 'ከምቲ ኣቦታትኩም ኣብ መሪባ፡ ከምቲ ሓደ መዓልቲ ኣብ ማሳ ኣብ ምድረ በዳ ልቦም ዘትረሩ፣ ልብኹም ኣይተትርሩ። ንሳቶም ሸሕ እኳ ነቲ ዝገበርኩሎም እንተ ረኣዩ፡ ፈተኑንን ተኸራኸሩንን'።" ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 11 ከኣ ብዛዕባ ንኢየሱስ ብኤል ዜቡል ከም ዝበልዎ ይነግረና። "ኢየሱስ ዓባስ ጋኔን የውጽእ ነበረ፣ እቲ ጋኔን ምስ ወፀ፡ እቲ ዓባስ ዝነበረ ሰብ ተዛረበ፣ እቶም ሕዝቢ ከኣ ተገረሙ። ገለ ኻብኣቶም ግና፡ 'ነጋንንቲ ብብኤል ዜቡል፡ ብሓለቓ ኣጋንንቲ እዩ ዜውጽኦም ዘሎ' በሉ። . . . ንኣይ 'ነጋንንቲ ብብኤል ዜቡል እዩ ዜውፅኦም ዘሎ' ትብሉንስ መንግሥቲ ሰይጣን ንሓድሕዳ እንተ ተፈላለየት ደኣ፡ እታ መንግሥቱ ከመይ ኢላ ትቐውም? ኣነ ነጋንንቲ ብብኤል ዜቡል ዘውፅኦም ካብ ኮንኩስ፡ ደቅኹም ደኣ ብመን የውፅእዎም ኣለዉ? ስለዚ ንሳቶም ፈራዶኹም ኪኾኑ እዮም። ኣነ ነጋንንቲ በጻብዕ ኣምላኽ ዘውፅኦም ካብ ኮንኩ ግና መንግሥቲ ኣምላኽ ኣባኹም በጺሓ እያ። . . . እቲ ምሳይ ዘይኮነ፣ ንሱ መቓናቕንተይ እዩ፣ እቲ ምሳይ ዘይእክብ ድማ ይብትን።" ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ቀደም ብነብያቱ ንሕዝቢ እስራኤል ይመርሖም ነበረ። ኣብቲ ዳሕራይ ጊዜ ከኣ ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ብቃልን ብሓይሊ ትእምርትን ኣብ ሞንጎ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ወንጌል ድኅነት ሰበኸ። ብግዜና ድማ ቃሉ ብሰበኽቲ ወንጌል ናባና ይበጽሕ ኣሎ። ንድምፂ ኣምላኽ ነድህበሉን ንሰምዖንዶ ኣሎና? ወይስ፡ ርእስና ብዝበለና ወይ በቲ ዓለምና እትኸዶ መንገዲ ሕይወትና ንመርሕ ኣሎና? ወይስ፡ ኣምላኽ ነቶም ዝኣምንዎን ዝጽበይዎን ዝገብረሎም ምሕረትን ፈውስን ርኢና ወይ ሰሚዕና ነነኣእሶን ንንዕቐን ኣሎና? ወይስ፡ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምስ ኣሕዋትና ንምምላኽ፡ ንቃል ኣምላኽን ንጸሎትን፡ 'ጊዜ የብለይን' እናበልና ንርእስና ነተዓሻሹ ኣሎና? ኣነን ንስኻን ንስኽን ንኣምላኽ መዛንኡ ወይ ብፍልጠትን ጥበብን ኃይልን ማዕርኡ ኣይኮናን። ኣምላኽ ኣብ መንገዲ ደው ኢሉ፡ ነታ መንገዲ ደሓን ከርእየና ከሎ ድኣ ከመይ ኢልና ኢና እንንዕቓ? ስለምንታይ ኢና ልብና እነትርር? ምእንቲ ነቲ ቃሉ ክነጽጎ፡ ስለምንታይ ዝተፈላለየ ሰነ ሞጎተ ነምጽእ? ኣብ ዙርያና እሞ ንጠምት ክንደይ ሰባት ንፈልጥ? ክንደይ ዝኣኽሉ ኻብኣቶምከ ብሕወቶም ሕጉሳት ኮይኖም ንረኽቦም? እቶም ሕጉሳትከ ምንጪ ሓጎሶም እንታይ እዩ? እቲ ዝበዝሐ ሰብ ንሓጎስ ኣብ ብልዕን መስተን፡ ኣብ ገንዘብ ምግባር፡ ኣብ ሳዕሲዒትን ጸወታን፡ ኣብ ፍትወት ሥጋ (ፍኑው ጾታዊ ርክብ)፡ ኣብ ናይ ሥልጣን ቦታ ምድያብ፡ ካልእ ንዓኡ ዚመስል ዝረኽባ ይመስሎ። ካልኦት ከኣ ኣብ ውድድርን ዓወትን ይኣምኑ። ልዕሊ ሰብ ምኳንን ንካልኦት ምብላጽን ዘሓጉሶም ኮይኑ ይስምዖም (ማለት ብፍልጠት፡ ብገንዘብ፡ ብሥልጣን፡ ብሓይሊ፡ ብጉልበት፡ ወይ ብጽባቔ)። ሓደ እዋን ክልተ መሓዙት ደቂ ኣንስትዮ፡ ከዕልላ ከለዋ፡ እታ ሓንቲ "እንቲ እታ ኩስቶ ትፈልጥያዶ? ኣይትሓፍር ኣይትሓንኽሲ ኣነ ዝተኸደንኩዋ ዓይነት ክዳን እምበር ተኸዲና ረኣኹልኪ" ትብላ። እታ ካልኣይታ ትኸቕብል ኣቢላ ድማ "እታ ፋራ? እምበኣር ሎሚ ምሳና ክትወዳደር ደልያ?" ይበሃሃላ ነይረን። ንኣኣተን ክትመስል ምፍታና ኣሕሪቑወን። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ነቶም ልዕሌና ዘለዉ ዝገበርዎ ክንገብር ሒኹ ምባልናኸ ሓጎስና ክውሰኸልና ይኽእልዶ? ኣምላኽ ነዚ ምስ ረኣየ እዩ "ገንዘብኩም ኣንጌራ ኣብ ዘይኮነ፡ ጻማኹም ድማ ኣብ ዘየጽግበኩም እተጥፍኡስ ስለምንታይ? . . . እዝንኹም ናባይ ጽለዉ እሞ ንዑ፡ ስምዑ፡ ብሕይወት ክትነብሩ ኢኹም።" (ኢሳ 55፡2) እዩ ዝብለና። ምኽሩ ንስማዕ። "ኦ ጐይታ፡ ንከንቱ ከይደክምን ንዘየርብሓኒ ከይደልን፡ ልበይ ንቃልካ ከየትርርን ሓልወኒ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **01 ሚያዝያ 2016** (ዓ.ቢ.) | *ሆሴ* 14፡ 2-10<br>*መዝ* 81፥6-11, 14, 16<br>**ማር** 12፡ 28-34 | *ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?*<br>• *ትንቢት ሆሴእ* 14 *"ናብ እግዚኣብሔር ተመለሱ እሞ፡ . . . 'ኩሉ ኣበሳና ይቕረ በለልና፡ ጸሎትና ተቐበል፣ ንሕና ድማ ኣብ ክንዲ ኣሩሕ መሥዋዕቲ ምስጋና ኽነቕርበልካ ኢና። . . . ድኅሪ ደጊም ነቲ ብኢድና ዝሠራሕናዮ ጣዖት 'ኣምላኽና ኢኻ' ኣይክንብሎን ኢና። . . . 'ሕዝቢ እስራኤል ድኅሪ ደጊም ምስ ጣዖታት ዜራኽብ ኣይኪህልዎምን እዩ። ኣነ ኸኣ ጸሎቶም ክሰምዕ እየ፣ ከምኡውን ኪከናኸናኖም እየ፣ ከም ዘለምዐ ጽሕዲ ኾይነ ኽጽልለሎም እየ፣ መበቈል ኩሉ ፍረን በረኸትን ክኾነሎም እየ።" ይብለና።*<br>• *መዝሙር* 81 *ከኣ "ያር ካብ ምስካም ኣድኅንኩኹም፣ . . . ምስ ጸበበኩም ናባይ ኣእወኹም ኣነውን እናገፍኩኹም፣ . . . ኦ ሕዝበይ፡ ኣሰምዓልኩም ኣሎኹ እሞ ስምዑኒ፣ ኦ እስራኤል፡ ኣየ እንተ ትሰምዑኒ፣ ካልእ ኣምላኽ ኣብ ማእከልኩም ኣይሃሉ፣ ንካልእ ኣምላኽውን ኣይትስገዱ። . . . ኣየ ሕዝበይ እንተ ዚሰምዑኒ፣ . . . ንጸላእቶም ቀልጢፈ መዋረድክዎም፣ ንተጻረርቶምውን መጥፋእኩዎም ነይረ።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ማርቆስ* 12 *ከኣ ብዛዕባ እቲ ዝዓበየ ትእዛዝ ይዛረበና። "ካብ ኩለን ትእዛዛሲ ኣየነይቲ እያ ቀዳመይቲ? ኢሉ ድማ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ 'እታ ቀዳመይቲ እዚኣ እያ፣ 'ኦ እስራኤል ስማዕ፣ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንሱ በይኑ እግዚኣብሔር እዩ። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ኣእምሮኻን ብኹሉ ኃይልኻን ኣፍቅሮ።' . . . እታ ንኣኣ እትመስል ካልኣይቲ ትእዛዝ ድማ፡ 'ብጻይካ ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ' እትብል እያ። ካብዚኣተን እትዓቢ ትእዛዝ የልቦን' ኢሉ መለሰሉ።" ይብለና።*<br><br>*ወንጌል ኩሉ መንፈሳዊ ሕይወትና ኣብ "ፍቕሪ" ከም ዝምርኰስ ይነግረና ኣሎ። ንኣምላኽ ክንፈልጦን ክንፈትዎን መሠረት ኩሉ ርክባትና እዩ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ፡ ኩልና ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ ሰለ ዘይፈለጥናዮ ኩሉ ዝምድናታትና ተዘናቢሉ ንርእዮ ኣሎና። ንኣምላኽ ምስ ፈለጥናዮን ምስ ሓዝናዮን እዩ ኣመለኻኽታና ክመዓራረ ዝጅምር። ኣምላኽ ምሳና ናይ ቀረባ ርክብ ይደሊ። ንሱ "ፍቕሪ" እዩ። ንሱ ኣቦና እዩ። ንሱ ይሓልየልናን ይኂስየናን። ንሱ ቀረባና እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ክሳዕ ዘይፈለጥናዮ ሕይወትና ዕረፍቲ ክረክብ ዘበት እዩ። ነቲ ፍቕሩ ኣይኣመናዮን። መንፈሳውያን ኣዕይንትና ብእምነት ስለ ዘይዓበያ፡ ነዚ ሓቂ ክንርእዮ ይኸብደና ኣሎ። ንሕና ንኣምላኽ ክንገብረሉ ንሕተት ዘሎና ይመስለና። ኣምላኽ ግና ዝጎድሎ ስለ ዘይብሉ፡ እንታይ ኢና እሞ ክንምልኣሉ? ነቲ ሕፃን እሞ ንተዓዘብ። ወለዱ ንሱ ክገብረሎም ኣይጽበዩን እዮም። ንዕኦም ርእዩ ክሕጐስ ከሎ ናብኦም ክመጽእ ብናፍቖትን ብፍቕርን ኢዱ ዘርጊሑ "ኣቦየ፡ ኣደየ" እናበለ ክቕበሎምን ክስዕሞምን ከሎ ሓጎሶም ይመልእ። ኣምላኽ ከኣ ካብኡ ብዝበለጸ እዩ ዝደልየናን፡ ዝናፍቐናን። ንሕና እቲ ሕፃን ክገብሮ ዝኽእል ንኣምላኽ ፍቕርና ክንህቦ ንኽእልዶ ኣሎና? ናብ ሕቑፉ ክንድርበ ንደሊዶ? መኣዝ እዩ ዚመጽእ ኢልና ሃረር ኢልና ንጽበዮዶ? ምስ መጸኸ ኩሉ ዝወዓልናዮ ክነግሮ ንህንጠዶ? ንኣብነት ውሉድካ ንዓኻ/ኺ ርእዩ እንተ ዝሕባእ እንተ ዝርሕቀካ/ኪ እንታይ ምተሰምዓካ/ኪ? ንእግዚኣብሔር እምበኣር ብእኡ ብዘይምግዳስናን፡ ናብ ሰብን ካልእ ነገራትን ጥራይ ብምድሃብናን ይጉሂ። ካብኡ ንላዕሊ ክሓልየልና ዝኽእል ከም ዘየልቦ ይፈልጥ እዩ። ነገራት ወይ ፍጡራት ንልባትና ክመልኡዎ ከም ዘይኽእሉ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ። ከምቲ ሓደ ወላዲ/ወላዲት ዝገብሮ ከኣ ይደልየናን ናብኡ ክንምለስ ከኣ ብፍቕሪ ይጽውዓና። ሎሚ እግዚኣብሔር ይጽውዓካ/ኪ ኣሎ። ድምፁ ስማዕ/ዒ።  ልብና ንኽፈተሉ። ንሱ ብፍቕሩ ክመልኣና እዩ። ካብኡ ኢና ንካልኦት ምፍቃር እንመሃር። ኣምላኽ ኣቦና ምዃኑ ምስ ኣመናን ምስ ተቐበልናዮን፣ ሽዑ ኢና ንኩሉ ሰብ ከም ውሉድ ኣምላኽ ምዃኑ ከነለልን ከነፍቅርን እንኽእል። እሞ ናብ ቤት ኣቦና ንመለስ። ነቶም በእዳውና ዝሠራሕናዮም ጣዖታትና ንደርብዮም። ሽዑ ንሱ ባዕሉ ካብ ኩሉ ያርና ከናግፈና እዩ። እንተ ጸበበና እሞ ናብኡ ምስ ኣእወና ንሱ ኬናግፈና እዩ። ባዕሉ ኪከናኸነና እዩ፣ ከም ጽሕዲ ኾይኑ ኽጽልለና እዩ። መበቈል ኩሉ ፍረን በረኸትን ክኾነልና እዩ። "ኦ እግዚኣብሔር ኩሉ ኣበሳና ይቕረ በለልና። ብፍቕርኻ ምልኣና። እምነት ወስኸና፣ ንፍቕርኻ ዝበቅዕ መሥዋዕቲ ምስጋና ኽነቕርበልካ ደግፈና።"* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 02<br>**ሚያዝያ**<br>(ቀዳም) | **ሆሴ** 6፡ 1-6<br>**መዝ** 51፡ 3-4, 18-21<br>**ሉቃ** 18፡ 9-14 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ሆሴእ 6 ብዛዕባ ሓቂ ዘይብሉ ጣዕሳ ይዛረበና። “እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፦ ‘ኦ ሕዝቢ እስራኤል፡ እንታይ ክገብረኩም እየ? ኦ ሕዝቢ ይሁዳ እንታይ ክገብረኩም እየ? ንኣይ ዘሎኩም ፍቕሪ ከም ደመና ብጊሓት፡ ከምቲ ኣንጊሁ ዚጠፍእ ኣውሊ እዩ። ስለዚ ብነብያት ገይረ ዚቘርጽ ቃል ጥፍኣት ለኣኽኩልኩም ፍርደይ ከም ብርሃን ወጋሕታ ኣብ ልዕሌኹም ኪወድቕ እዩ፣ ካብ መሥዋዕቲ ኽተቕርቡለይሲ ምሕረት ክትገብሩ እፈቱ። ካብ ዚሓርር መሥውዕቲ ኽተቕርቡለይ ከኣ እምላኽ ምኧነይ ክትፈልጡ እፈቱ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 51 ከኣ “ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፣ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ኣነ ንኣኻ ፡ ንኣኻ በይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሚኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ኽትፈርደኒ ሓቕኻ ኢኻ፣ እንተ ቐጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ። . . . ንእምባ ጽዮን ብጸጋኻ ሠናይ ግበረላ፣ መከባብያታት ኢየሩሳሌም ንደቕ። ሽዑ ብመሥዋኦቲ ጽድቂ፣ ብዚሓርር መሥዋዕቲ፡ ብምሉእ መሥዋዕቲ ባህ ኪብለካ እዩ፣” ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 18 ከኣ ብዛዕባ ጸሎት እቲ ፈሪሳውን ተቐባል ቀረጽን ይነግረና። “እቲ ፈሪሳዊ ደው ኢሉ ብልቡ፡ ‘ኦ ኣምላኽ! ከምቶም ካልኦት ሰባት፡ ከተርቲ፡ ዓመጽቲ፡ ዘመውቲ፡ ወይ ከምዚ ተቐባል ቀረጽ እዚ ስለ ዘይኮንኩ አመስግነካ ኣሎኹ። ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ እጸውም፣ ካብ ኩሉ ገንዘበይ ከኣ ዕሽር አውጽእ’ እናበለ ጸለየ። እቲ ተቐባል ቀረጽ ግና ኣብ ርሑቕ ደው ኢሉ፣ ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ኬብል እኳ ከይደፈረ፡ ‘ኦ ኣምላኸይ! ንኣይ ንኃጥእ ምሕረኒ’ እናበለ ኣፍ ልቡ ይወቅዕ ነበረ። ገዛእ ርእሱ ልዕል ዜብል ኩሉ ኺዋረድ፣ ገዛእ ርእሱ ዜትሕት ኩሉ ግና ልዕል ኪብል እዩ እሞ እዚ ኃለፋ እቲ ጸዲቑ ናብ ቤቱ ኸም ዝተመልሰ እብለኩም ኣሎኹ።” ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ንስሓና ብእግዚኣብሔር ቅቡል ምእንቲ ኪኸውን ብትሕትናን ብሓቅን ብልብን ኪኸውን ከም ዘለዎ ይምህረና ኣሎ። ኣብ ቤተክርስቲያን መጺእና እንገብሮ ጸሎት ጥራይ ኣኻሊ ከይመስለና። ክንደይ ጊዜ ኢና፡ “ካብዚ ሰብዚ / ካብዛ ሰብ እዚኣ፡ ኣነ ብዓሰር ጊዜ እሓይሽ!” ዘይንብል? ሰባት ክንሓሚ ከሎና፡ ብፍላይ ንእንጸልኦም ወይ ንዝበደሉና እሞ ዝተቐየምናሎም ሰባት፡ ብምንእኣሰ ኢና እንዛረብ። ዘውቱር ኣዘራርባና እዩ። እምበኣር ንርእስና ከይነልዕል ቃል-ኣምላኽ የጠንቅቐና ኣሎ። ኣምላኽ ርእሰ ምምጽዳቕውን ኣይፈቱን እዩ። ንጉድለትናውን ክነመኻንየሉ ኣይደልን እዩ። እቲ ሰቡር ልቢ ዘለዎ ሰብ፡ “ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፣ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። ኣነ ንኣኻ ፡ ንኣኻ በይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቕድሚኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ኽትፈርደኒ ሓቕኻ ኢኻ፣ እንተ ቐጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ” ንክብል ስንዱው እዩ። እምበኣር ናብ ንስሓ ክንመጽእ ከሎና፡ ብመጀመርያ ንኣምላኽ ከም ዝበደልና ክርድኣና ኣሎዎ። ኃጢኣትና ከሕፍረና ኣሎዎ። ክንጸልኦ ኣሎና። ክንምለሶ ወይ ክንደግሞ ኣይንሓስብን ኢና። ንሰብና ክንመስል ኣይኮናን ናብ መንበረ ኑዛዜ እንቐርብ። ነቲ እንርድኦ ኩሉ ኃጢኣትና ገለ ከየትረፍና ኢና ክንሳሕ ዝግብኣና። ልዕሊ ኩሉ፡ ንዝበደሉና ክንሓድገሎም መደብ ዘይብልና ከሎና፡ ምንዛዝ ትርጉም የብሉን። ስለዚ ናብ ምሥጢራት ቅድሚ ምቕራብና ወይ ንኣምልኾ ሰንበት ናብ ቤተክርስቲያን ቅድሚ ምምጻእና፡ ንዝተበኣስናዮም ሰባት ክንዕረቐም የድልየና። ምሕረት ከይገበርና ምሕረት ኣይንረክብን ኢና። ሓደ ሓደ ጊዜ ንክንምሕር ስለ ዝኸብደና፡ ፍሉይ ጸጋ ካብ ኣምላኽ ምልማን የድልየና። ሽዑ እዩ እቲ ኣምልኾና ንኣምላኽ ባህ ዜብሎ። ሽዑ እዩ እቲ ዝኣሰረና ልምዲ ኃጢኣትና ዚብተኽ። ሽዑ እዩ ዝምድናታትና ክጥዒ ዚጅምር። ሽዑ እዩ ካብ ጽልኢ ዝመጽእ ጸቕጢታት ካብ ኣእምሮና ዚለዓለልና። ሽዑ ይፈኹሰናን ክንሕጐስን ንኽእል። ደቂ ኣምላኽ ምኧና ዘሓጕሰና ሽዑ እዩ። “ኦ እግዚኣብሔር ንፍቕርኻ ከም ዜስተውዕሎ ግበረኒ። ዝተበትኸ ዝምድናታተይ ኣጥዕየለይ። ልዕሊ ኩሉ ብኃጢኣተይ ክእመን ጸጋኻ ኣብዝሓለይ። ንዕርቂ ስንዱው ልቢ ሃበኒ። ነቶም ዝበደሉኒ ኩሎም ክምሕር ሓይሊ ሃበኒ። ስለ ምሕርትካ ከኣ አመስግነካ ኣሎኹ።” |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - 5ይ ሰሙን ጾመ ኣርብዓ

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ<br>ሰንበት - ዘገብረኄር |
|---|---|---|
| 03<br>**ሚያዝያ**<br>2016 | 2ጢሞ 2፡ 1-8<br>**1ጴጥ** 2፡ 15-18<br>**ግሓ** 16፡ 17-19<br>**ማቴ** 25፡ 14-24 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2ይ መልእኽቲ ናብ ጢሞቴዎስ 2 "ጢሞቴዎስ ወደይ! በቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎ ጸጋ ደልድል። ነቲ ኣብ ቅድሚ ብዙኃት ምስክር ካባይ ዝሰማዕካዮ ነገር፡ ካልኦት ኪምህሩ ንዚከኣሎም እሙናት ሰባት ኣድሪ ሃቦም። ከም ንፋዕ ናይ ክርስቶስ ኢየሱስ ወተሃደር ምሳይ ኳንካ መከራ ጽገብ። ንኣዛዚኡ ኬሓጉስ ዝደሊ፡ ኣብ ኣገልግሎት ዘሎ ወተሃደር፡ ብኻልእ መነባብሮ ኣይሕለኽን እዩ። . . . ነቲ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝተወልደ፡ ካብ ምዉታት ዝተንሥአ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘክሮ። እቲ ኣነ ዚሰብኮ ወንጌል እዚ እዩ።" ይብሎ።<br>• 1ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ 2 ከኣ "ከመይ ሠናይ እናገበርኩም፡ ዕሽነት እቶም ደናቑር ሰባት ክትዓብሱ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ብሓርነት ንበሩ እምበር፡ ከምቶም ነቲ ሓርነትሲ መጐልበቢ ኽፍኣት ዚገብርዎ ኣይትኹኑ። ንኹሉ ሰብ ኣኽብሩ፡ ፍቕሪ ኣኅዋት ይሃልኹም፡ ንኣምላኽ ፍርህዎ፡ ንንጉሥ ኣኽብርዎ። እቱም ግቡዛት፡ ነቶም ሕያዎትን ልኡማትን ጐቶትኩም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ዓመጽቲውን ከይተረፈ ብኹሉ ክብሪ ተኣዘዝዎም።" ይብለና።<br>• ግብረ ሓዋርያት 16 ብዛዕባ ጳውሎስን ሲላስን ከም ዝተኣስሩ የዘንትወልና። "ንሳ ከኣ (እታ ጠንቋሊት) ደድኅሪ ጳውሎስን ደዲኅሬናን እናሰዓበት 'እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣገልገልቲ ልዑል ኣምላኽ እዮም፡ መገዲ ምድኃን ከኣ ይምህርኩም ኣለዉ' እናበለት ዓው ኢላ ትዛረብ ነበረት። ነዚ ነገር እዚውን ብዙኅ መዓልቲ ደጋገመቶ፣ ጳውሎስ ድማ ድኅሪ ብዙኅ ምጽማም ግልጽ ኢሉ ነቲ ርኹስ መንፈስ 'ካብኣ ክትወፅእ ብስም ኢየሱስ እእዝዘካ ኣሎኹ' በሎ። በታ ጊዜ እቲኣውን ወፀ። ጐይቶታ ድማ ተስፋ ረብሓኦም ከም ዘቋረጸ ምስ ረኣዩ፡ ንጳውሎስን ሲላስን ኃዚዎም፣ ጐቲቶም ናብ ዕዳጋ ወሰዱም፡ ናብቶም ሹማምንቲ ኣቕረብዎም።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 25 ከኣ ብዛዕባ ምስላ መክሊት ይዛረበና። "ንነፍሲ ወከፎም ከከም ዓቕሞም፡ ንሓደ ኃሙሽተ መክሊት፡ ነቲ ካልኣይ ክልተ፡ ነቲ ሣልሳይ ድማ ሓደ ሂብዎም ገሸ። እቲ ኃሙሽተ መክሊት ዝተቐበለ ብኡብኡ ኸይዱ ነገደሉ። ካልእ ኃሙሽተ መክሊት ድማ ረብሐ። ከምኡ ድማ እቲ በዓል ክልተ፡ ካልእ ክልተ ረብሐ። እቲ ሓንቲ መክሊት ዝተቐበለ ግና ከይዱ፡ ምድሪ ኵዒቱ ወርቂ ጐይታኡ ሓብአ።. . . 'ጐይታኡ ድማ ጽቡቕ! ኣታ ሕያዋይን እሙንን ኣገልጋሊ! ብዉሑድ ተኣሚንካ ኢኻ እሞ ኣብ ልዕሊ ብዙኅ ኪሸመካ እየ፣ ናብ ሓጎስ ጐይታኻ እቶ' በሎ። (ከምኡ ነቲ ካልኣይ)። . . . 'ነዚ ሃካይ ጊልያ ግና ኣብ ፍጹም ጸልማት ደርብይዎ፣ ኣብኡ ኸኣ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪኸውን እዩ።" ይብለና።<br><br>ወንጌል ኣምላኽ ነቶም እሙናት ኣገልገልቱ ከመይ ገይሩ ኣብ መንግሥቱ ከም ዝሸሞምን ዘኽብሮምን ይነግረና ኣሎ። ስለዚ ንኣምላኽ ምእዛዝና ወይ ምግልጋልና ንከንቱ ኣይኮነን። ብመጀመርያ ኣምላኽ ንኩላትና ዝተፈላለየ ክእለትን ውህበትን ይህበና እዩ። ክነፍረየሉ ድማ ይጽበ። ከም ንፋዕ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ወተሃደር፡ ብናይ መነባብሮ ጸገማት ምኽንያት ከይገበርና ክነገልግሎ ይጽበየና። ጐይታና ብሕወትና ንእምነትና ከነርእዮ ይሓተና፦ እዚ ማለት ሠናይ እናገበርና፡ ዕሽነትን ጉድለትን ኣኅዋትና እናጾርና፡ ንኹሉ ሰብ እናኽበርና፡ ብፍቕሪ ኣኅዋትን ፈሪሃ-እግዚኣብሔርን ክንመላለስ፡ ካብ ኃጢኣት ርሒቕና ብሓርነት ክነብርን ይጽበየና። ንመራሕቲ ሃገር/ዓዲ ብምኽባርን ምእዛዝን ክንጉዓዝ ይደልየና። ብተወሳኺ ነቲ ናይ ወንጌል ስብከት ወይ ኣገልግሎት ከሰዕበልና ዚኽእል ጸገም፡ መከራ ወይ ስደት ብእምነትን ብትዕግሥትን ምኽባል ይሓተና። ከም ኣብነትና ሎሚ ቃል ኣምላኽ ንጳውሎስን ሲላስን የቕርበልና። ናብ ቤት ማእሰርቲ ዘብጽሖም ነታ በቲ ርኹስ መንፈስ ተኣሲራ እትሳቐ ዝነበረት ነፍሲ፡ ብስም ኢየሱስ ስለ ዘገላገልዎ ጥራይ እዩ። በቲ ናታ ማእሰርቲ ዝረብሐ ሰባት ስለ ዝተጻረርዎም እዩ። ወንጌል ሓቂ ኪሰበኽ ዘየርብሖም ወገናት ኩሉ ግዜ ክህልዉ እዮም። ንምስክርነትና ብሓሶት ኪዋግኡና ኣይከቋሩጽን እዮም። እቲ እኩይ ሰይጣን ብዓቢኡ ኣንጻርና ነቶም ምሩኻቱ ወይ መተዓይይቱ ከለዓዕለልና እዩ። እንተ ኾነ ግና ኢየሱስ እዩ ዚስዕር። በቲ ፈተና ከም ወርቂ ተፈቲና እናጸረና ንወጽእ ማለት እዩ። ኣብ መጨረሻ ኣብ መንግሥቲ ጐይታና ንሸመቱን ክብሩን ንበቅዕ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ኣነ ምሳኻ ኮይነ ክዓይን ኪዋጋእን እየ። ኃይልኻ ሃበኒ። ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ እሙን ወተሃደርካ ግበረኒ። ናትካ ፍቕሪ ንመላእ ዓለም ከም ዜብጽሕ ግበረኒ። ኣማኻሪ ፍቕርኻ ግበረኒ። እሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **04 ሚያዝያ** (ሰኑይ) | **ኢሳ** 65፡ 17-21<br>**መዝ** 30፡ 2, 4-6, 11-13<br>**ዮሓ** 4፡ 43-54 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳያስ 65 ብዛዕባ ሓዲሽ ሰማይን ምድርን ይዛረበና። “እንሆ፡ ኣነ ሓዲሽ ሰማይን ሓዲሽ ምድርን እፈጥር ኣሎኹ፣ እቲ ናይ ቐደም ኣይክዝከርን፡ ፈጺሙውን ኪርሳዕ እዩ። እንሆ፡ እታ ኣነ ዝፈጥራ ኤየሩሳሌም ብእልልታ ክትመልእ እያ፣ ሕዝባ ኸኣ ኺሕጕሱ እዮም። እወ፡ በቲ ኣነ ዝፈጥሮ ተሓጐሱ፣ ንዘለዓለም ከኣ ደስ ይበልኩም። ኣነ ድማ ብኢየሩሳሊም ክሕጐስ፣ ብሕዝባውን ደስ ኪብለኒ እዩ፣ ድምፂ ብኽያትን ድምፂ ኣውያትን ድኅሪዚ ኣብኣ ኣይኪስማዕን እዩ።” ይብለና።<br>• ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ፡ ኣነ ናባኻ ኣእወኹ፡ ንስኻውን ኣጥዐኻኒ። . . . እቱም ቅዱሳኑ ንእግዚኣብሔር ዘምሩሉ፣ እቲ ቕዱስ ዝኾነ እግዚኣብሔር ዝገበሮ እናዘከርኩም ኣመስግኑ። . . . ንስኻ ከኣ ንብኽያተይ ናብ እልልታ ለወጥካለይ፣ ከለይ ፈታሕካ፣ ደስታውን ኣዕጠቕካኒ።” ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 4 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ወዲ ሓደ ሹም ከም ዘሕወየ ይዛረበና። “እቲ ሹም ከኣ ‘ጐይታይ ወደይ ከይሞተ ከሎ ወረድ’ በሎ። ኢየሱስ ድማ ‘ኪድ፡ ወድኻ ሓውዩልካ እዩ’ በሎ። እቲ ሰብኣይ በቲ ኢየሱስ ዝተዛረቦ ቃል ኣሚኑ ከደ። ኪወርድ ከሎ ኣገልገልቱ ተቐቢሎም ‘ወድኻ ሓውዩ’ ኢሎም ኣበሠርዎ። ንሱ እታ ዝሓወየላ ሰዓት ሓተቶም፣ ንሳቶም ድማ ‘ትማሊ ብሳብዓይቲ ሰዓት ናይ ቀትሪ ረስኒ ኃዲግዎ’ በልዎ። ሽዑ ኣቦኡ በታ ኢየሱስ ‘ወድኻ ሓውዩ እዩ’ ዝበሎ ሰዓት ምዃና ፈለጠ፣ ምስ ኩሉ ሥድራ ቤቱ ከኣ ኣመነ።” ይብለና።<br><br>እቲ እግዚኣብሔር ብነብይ ኢሳይያስ ገይሩ ዝነገረና ቃል፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰብ ወሪዱ ሓዲሽ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ማለት ቤተክርስቲያኑ ይተክል። እዛ ናይ ድኅነት መርከብ ሕሙማት ዝፍወሱላን፡ ኃጢኣተኛታት ዝነጽሑላን፡ ሕዙናት ዝጸናንዑላን፡ ኣምላኽ ዝነብረላን ቦታ እያ። ብርደት መንፈስ ቅዱስ፡ ሓዲሽ ዘመን ተኸፊቱ እዩ። እቲ ናይ እምኒ ልቢ ወጺኡ፡ ናይ ሥጋ ልቢ ይልወጥ። እዚ ሓዲሽ ልቢ ነቲ ምሥጢራት ኣምላኽ ኬስተውዕል ዝኽእል ይኸውን። እተን ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዓ ዘይኽእላ ዝነበራ ኣእዛን፡ ድምፂ ኣምላኽ ይሰምዓ። ንኢየሱስ ዚስዕባ ነፍሳት ይበዝሓ። ወንጌል ናብ ኩሉ ዓለም ይዝርጋሕ፡ ከምኡ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ይበዝሕ። ቃል እግዚኣብሔር ልባትና ይሰብር፡ ብኃጢኣትና ይረትዓና። ቃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ወጸ፡ ኣብ ልቢ እቶም ዚኣምንዎ ወዲቑ ይፈሪ (ይልውጥ)። ጽምኢ ቃል ኣምላኽ ይበዝሕ፣ ነፍሳት ይፍወሳን ይድኅናን፣ ሓዲሽ ዘመን ይኽፈት፣ ኩሉ ነገር ከኣ ብኃይሊ መፈስ ቅዱስ ይሕደስን ከም ብሓዲሽ ይፍጠርን። እቲ ናይ ቀደም ናይ ኃጢኣት ሕይወትና ተሪፉ፡ ብክርስቶስ ሓደስቲ ፍጡራት ንኸውን። ልብና ናይ ንኣምላኽ ምስ ኮነ፡ ኩሉ ይቕየር። እቲ ሓዲሽ ፍጥረት ምዃና፡ ኣብዚ ምድሪ ጀሚሩ ንዘለዓለም እናደመቐ ይኸይድ። ምስ ዳዊት ከኣ “እቱም ቅዱሳኑ ንእግዚኣብሔር ዘምሩሉ፣ እቲ ቕዱስ ዝኾነ እግዚኣብሔር ዝገበሮ እናዘከርኩም ኣመስግኑ። . . . ንስኻ ከኣ ንብኽያተይ ናብ እልልታ ለወጥካለይ፣ ከለይ ፈታሕካ፣ ደስታውን ኣዕጠቕካኒ።” ክንብል ንኽእል። |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| **05**<br>**ሚያዝያ**<br>(ሠሉስ) | **ሕዝ** 47፡ 1-9, 12<br>**መዝ** 46፡ 2-6, 8-9<br>**ዮሓ** 5፡ 1-16 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ሕዝቅኤል 47 ብዛዕባ ካብ ቤተመቕደስ ዚፍልፍል ወሓዚ ማይ ይዛረበና። “እንሆ ከኣ ማይ ካብ ትሕቲ መድረኽ እታ ቤተመቕደስ ናብቲ ንሳ እትጥምቶ ናብ ምብራቕ እቢሉ ይውሕዝ ነበረ። . . . ‘እዚ ማያት እዚ በታ ምድሪ ናብ ምብርቕ ኣቢሉ ኽሳብ ለሰ ዮርዳኖስ ኪወርድ፣ ናብ ምዉት ባሕሪ ኺፈስስ እዩ። ናብ ምዉት ባሕሪ ምስ ፈሰሰ ኸኣ እቲ ማይ ጨው ባሕሪ ናብ ጥዑም ማይ ኪልወጥ እዩ። እቲ ውሕዝ ዝበጽሖ ዘበለ ኩሉ ዓይነት እንስሳን ዓሳን ኪህልውዎ እዮም። . . . እቲ ውሒዝ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ ኹሉ ብሕይወት ኪነብር እዩ። . . . ወሰን ወሰን እዚ ርባ በዝን በትን ኩሉ ዓይነት ፈራዩ ኣእዋም ኪበቊል እዩ። ኣቝጽልቱ ኣይኪጽምሉን ካብ ምፍራይውን ኣይኪቋርጽን እዩ። ካብቲ መቕደስ ዚፍልፍል ማይ ስለ ዜስትዮ፣ ኣብ ወወርኂ ሓዲሽ ፍረ ኺፈሪ እዩ። ፍሬታቱ ንምግቢ ኣቝጽልቱ ድማ ንመድኃኒት ኪኸውን እዩ’ በለኒ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 46 ከኣ “ስለዚ ምድሪ እንተ ተገልበጠት እምባታትውን ኣብ መዓሙቚ ባሕሪ እንተ ጠሓሉ፣ ማያቱ እንተ ሃመመን እንተ ዓፈረን፣ ኣኽራን ብነድሮም እንተ ኣንቀጥቀጡ፡ ንሕናስ ኣይንፈርሕን ኢና። ወሓይዙ፡ ንኸተማ ኣምላኽ፡ ነታ ቕድስቲ ቦታ፡ ማኅደር እቲ ልዑል፡ ዜሓጒስ ርባ ኣሎ። . . . ንዑ ነቲ እግዚኣብሔር ዝገበሮ ግብርታቱ ረኣዩ፦ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝገበሮ ዜደንቕ ነገራት ጠምቱ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 5 ብዛዕባ እቲ ን38 ዓመት ዝሓመመ ሰብኣይ ኣብ ቤተ ሳይዳ ኢየሱስ ከም ዘሕወየ ይነግረና። “ኢየሱስ ከኣ ‘ተንሥእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ኺድ’ በሎ። እቲ ሰብኣይ ብኡብኡ ሓወየ፣ ዓራቱ ኣልዒሉ ውን ከደ።” ይብለና።<br><br>እቲ ካብ ትሕቴኡ ማይ ዚፈልፈለ ቤተመቕደስ፡ ኣምሳል ኢየሱስ እቲ መድኃኒና እዩ። ካብኡ ዝውሕዝ ናይ ድኅነት ኃይሊ ንዝተንከፎ ዘበለ ይፍውስ። ንኩሉ ተበላሽዩ ዝጸንሐ ሕይወት የጥዕዮ። ሕይወትና ኢየሱስ ምስ ተንከፎ፡ ቃሉ ኣብ ልባትና ምስ በጽሐ ከይለወጠ ኣይምለስን እዩ። ብደሙ ኃጢኣትና ይሕጸብ፡ ነፍስና ከኣ ትነጽሕ። ባራዩ ኃጢኣትን ሰይጣንን ምኳን ነብቅዕ። እቲ ሕሰም ናብ ጣዕሚ ይልወጥ። መንፈሱ ኣብ ልዕሌና ምስ ኣንጀርበበ፡ ኩሉ ግዜ ልሙዓት ንኸውን፡ ብዙሕ ፍሬ ከኣ ንፈሪ። ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ሓጐስ፡ ትዕግሥቲ፡ ልግሲ፡ ሕያውነት፡ ለውሃት፡ ርእሰኻ ምግታእን፡ እሙን ምኳንን የፍርየልና። በዚ ከኣ ንካልኦት ምኽንያት ምፍዋሶም ንኸውን። ካብ ሰብ ከማና ወይ ካብ ዓለም ምድኃን ኪመጸና ኣይኽእልን እዩ። ከምቲ ን38 ዓመት ተደኺሱ ዝነበረ ሰብኣይ፡ ኢየሱስ ጥራይ ዝነበረ ፈውሱ፣ ከምኡ ድኅነትናን ፈውስናን ብኢየሱስ ጥራይ እዩ ዝፍጸም። ነቶም ኣብ ኢየሱስ ዝተጸግዑ ሰባት፡ ናይዛ ዓለም ምንዋጽ ኣየፍርሆምን እዩ። ከመይ ንሱ ጽኑዕ ዕርዲ እዩ። ምስ ኢየሱስ ክነብር እንተ መረጽና፡ ነበርቲ እታ ኸተማ ኣምላኽ፡ እታ ቕድስቲ ቦታ፡ ማኅደር እቲ ልዑል ንኸውን፣ በቲ ኣብእ ዘሎ ዜሓጒስ ርባ ንጠልልን ንፍወስን ንፈርን ማለት እዩ። ሎሚ ኣምላኽ ‘ናባይ ንዑ’ እናበለ ይዕድመና ኣሎ። ነቲ እግዚኣብሔር ዝገበሮ ግብርታቱ ክንርኢ ንኺድ። ነቲ ኣብ ምድሪ ዝገበሮ ዜደንቕ ነገራት ከኣ ንጠምት፡ እሞ ነመስግኖ። ኢየሱስ ንዓይ፡ ንዓኻ/ኺ ኃጢኣተኛታት እዩ ዚፈቱ። ከም መድኃኒ፡ ከም ጠበቃና ደኣምበር ከም ፈራዲ ኣይመጽኣን። ኢየሱስ ከፍቅረካ/ኪ ኣይትደልን ማለት ድዩ? ስለምንታይ ድኣ ማዕጾ ልብኻ/ኺ ትዓጽወሉ ኣሎኻ/ኺ? ኣብዛ ምድሪ ንክንደይ ዓመታት ክነብር እየ ኢልካ/ኪ ትሓስብ? ብርግጽ ዝፈልጠን ሓደኳ የልቦን። ስለዚ ኣዕሩኽ ኢየሱስ ምኳን ይሕሸና። “ኦ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ፡ ዕርክነትካ እደሊ ኣሎኹ። ከም እተፍቅረኒ ብቃልካ ኣፍሊጥካኒ ኢኻ እሞ፡ ንዓ ኣብ ሕይወተይ እቶ። እቲ ናባኻ ንከይቀርብ ዝኣሰረኒ ኃይሊ ብተኸለይ። ነተን ዝተረፋኒ መዓልታት/ዓመታት ሕይወተይ ምስኻ ክጐዓዘን እደሊ ኣሎኹ። ብኢደይ ሒዝካ ኣሳልየኒ። ከፍቅረካ ጸጋኻ ኣብዝሓለይ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 06<br>**ሚያዝያ**<br>**(ረቡዕ)** | **ኢሳ** 49፡ 8-15<br>**መዝ** 145፡ 8-9, 13-14, 17-18<br>**ዮሓ** 5፡ 17-30 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳያስ 49 "ብምሸእቲ ግዜ ሰማዕኩኻ፣ ብመዓልቲ ምድኃን ከኣ ረዳእኩኻ። ኣብዛ ሕጂ በሪሳ ዘላ ርስትኻ ኽም ብሓድሽ ከንብረካ እየ፣ ክሕልወካን ብኣኻ ድማ ምስ ኩሎም ሕዝብታት ኪዳን ክኣቱን እየ። 'ንእሱራት ናጻ፡ ነቶም ኣብ ጸልማት ዘለዉ ድማ ናብ ብርሃን ዉፁ' ክብሎም እየ፣ ንሳቶም ከኣ ከምተን ኣብ መንገዲ ዚበልዓ፡ ኣብ መላጥ ኩረቢት ድማ መጓሰዩ ዚረኽባ ኣባጊዕ ኪኾኑ እዮም። እቲ ዚርኅርኆሎም ኪመርሖም፡ ኣብ ዓይኒ ማይ ከኣ ኬብጽሖም እዩ እሞ፣ ኣይኪጠምዩን ኣይኪጸምኡን እዮም፣ ሃሩር ወይስ ፀሓይ ኣይኪጉድኦምን እዩ። . . . ስለዚ እግዚኣብሔር ከምዚ ኢሉ ይምልስ ኣሎ፦ 'ኣደዶ ንፍረ ከርሳ ኽሳዕ ዘይትርኅርኆሉ፡ ነቲ ዚጠቡ ውሉዳ ኽትርስዕ ይከኣላ እዩ? ሽሕ እኳ ኣደ ውሉዳ እንተ ረስዐት፡ ኣነስ ከቶ ኣይክርስዓኩምን እየ።'" ይብለና።<br>• መዝሙር 145 ከኣ "እግዚኣብሔር መሓርን ርኅሩኅን እዩ፣ ዓቃልን ብምሕረት ምሉእን እዩ። እግዚኣብሔር ንኹሉ ሠናይ እዩ፣ ንኹሉ ፍጥረቱ ከኣ ይርኅርኆሉ። . . . መንግሥትኻ መንግሥቲ ዘለዓለም እያ፣ ንስኻ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ ንጉሥ ኢኻ። እግዚኣብሔር በቲ ዝሃቦ ተስፋ እሙን እዩ፣ እግዚኣብሔር ብዝገብሮ ዘበለ ኹሉ ጻድቕ እዩ። . . . እግዚኣብሔር ንዝጽውዕዎ ኹሎም፡ እወ፡ ብሓቂ ንዝጽውዕዎ ኹሎም ቀረባኦም እዩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 5 ብዛዕባ ኢየሱስ ሕይወት ከም ዝህብን፡ ሥልጣን ከም ዘለዎን ይዛረበና። "ኣቦ ንሓደኳ ኣይፈርድን እዩ፣ እንተኾነ ኩሉ ፍርዲ ንወልዲ ሃቦ። እዚ ከኣ ከምቲ ነቦ ዜኽብሮ ገይሩ ኩሉ ሰብ ንወልድ ምእንቲ ኼኽብሮ እዩ። እቲ ንወልድ ዘየኽብር ነቲ ዝለኣኾ ኣቦውን ኣየኽብሮን እዩ። ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ እቲ ንቓለይ ዚሰምዕ፡ በቲ ዚለኣኸኒውን ዚኣምን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣላቶ፣ ንሱ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ይሳገር እምበር ናብ ፍርዲ ኣይክበጽሕን እዩ።" ይብለና።<br><br>ኣብ ቅዱስ ታሪኽ ደጋጊምና ከም እንረኽቦ፡ እግዚኣብሔር ብግዙፍ ጥራይ ኣይኮነን ንደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ዘውጽኦም። ብመንፈስውን ካብ ኣምልኾ ጣዖታትን ኃጢኣቶምን ሓራ ኪኾኑ ኩሉ ጊዜ ይሰዕቦም ከም ዝንበረ ንርኢ። ብመዓልቲ ምድኃን ከኣ ኢየሱስ ወዱ ልኢኹ ሓዲሽ ነገር ይገብር። ብመስቀል ጐታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዓና ናይ ኃጢኣት እሱራትን፡ ኣብ ትሕቲ መንግሥቲ ጸልማት ክንግዛእ ዝጸናሕናን፣ ካብ ማእሰርትና ናጻ ይገብረና። ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዘሳገረና ኃያል መድኃኒና ንሱ እዩ። ናይ ሕይወትን ሞትን ሥልጣን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ሓያል ንጉሥ እዩ። መንግሥቱ መንግሥቲ ዘለዓለም እያ። ንሱ ይርኅርኃልና ናብ መንገዲ ጽድቂ ይመርሖና። ኣብ ልሙዕ ሻካ ዝጓሰየና ሕያዋይ ጓሳና እዩ፣ ናብ ዓይኒ ማይ ከኣ የብጽሖና። ምስኡ ኣይንጠምን ኣይንጸምእን ኢና፣ ሃሩር ወይስ ፀሓይ ኣይኪጉድኦናን እዩ። እዚ ኩሉ ሠናይ ካበይ'ዩ ኮይኑልና? እግዚኣብሔር ኣቦ ከምቲ ኣደ ንፍረ ከርሳ ነቲ ዚጠቡ ውሉዳ ኽትርስዕ ዘይከኣላ፣ ከምኡ ንሱ ንዓና ከቶ ክርስዓና ስለ ዘይኽእል ንኢየሱስ ወዱ ከም ዓቢይ ህያብ ሃበና። እሞ እንታይ ንግበር? እታ ናይ "ኣሕ!" መዓልቲ ከይመጸት ከላ ነዚ ናይ ምድኃን ዕድል ንጠቐመሉ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ንእሽቶ ጸሎት ክንገብር ሕጂ ንኽእል ኢና። ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ እስከ ንቕረብ እሞ "ኦ ጐይታ፡ ፈውሲ፡ ድኅነት ዘድልየ ኣብ ሕወተይ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ሓደ ካብኡ ኣብ ልበይ ብዙሕ ዘዋህለልክዎ ጽልኢ ኣሎኒ። ዝርዝር ናይ ዝጸልኦምን ዝተቐየምኩሎምን ሰባት ኣሎኒ። ዕድል ረኺበ ሕነይ ኪፈዲ እጽበ ኣሎኹ። ቃልካ ከንብብ ወይ ኪሰምዕ ከለኹ ንኺምሕር ይሓተኒ። እዚ ከኣ ኣነ ዝኽእሎ ኣይኮንኩን። ከመይ ገይረ እምሕሮም? ጸገመይ ረኣ። ክስዕበካ እኳ እንተ ደለኹ፣ ኣብዚ ኣርእስቲ እዚ ግና ተፈላሊና ኣሎና። ነዚ ናይ "ምሕረት ወይ ፍቕሪ" እትብሎ ዘረባ ምእንቲ ክርድኦስ ንልበይ ከተሕውየለይ ወይ ክትቅይረለይዶ ምኽኣልካ? ክስዕበካ ምእንቲ ክኽእልሲ ነዚ ምስጋሩ ስኢነ ዘሎኹ መንደቕ ኣፍረስለይ።" እናዳበልና ሓደ ስጉምቲ ንግበር። ኢየሱስ ኬሕውየና እዩ። ቀጺልና ከምኡ እንዳገበርና ንካልእ ክፍሊ ሕይወትና ነቕርበሉ። ናይ ለውጢ ተኣምራት ክንርኢ ከኣ ንጸበ። ብእምነት ጸጋኡ ከይለመና ዝርከብ ድኅነት የልቦን። ግዜና ኣይነባኽን። |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
| --- | --- | --- |
| 07<br>**ሚያዝያ**<br>(ሓሙስ) | **ሕዝ** 32፣ 7-14<br>**መዝ** 106፣ 19-23<br>**ዮሓ** 5፣ 31-47 | *ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?*<br>• *ትንቢት ሕዝቅኤል* 32 *ብዛዕባ እግዚኣብሔር ንንጉሥ ግብጺ ዘውርደሉ መቕጻዕቲ ይዛረበና። "ከጥፍኣካ ከሎኹ፡ ንሰማያት ከጕልብቦ፡ ንኸዋኽብቱ ከኣ ከጸልምቶም፡ ንፀሓይ ብደመና ክኸውላ እየ። ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን እያ። ንኹሉ ብርሃናት ሰማይ ብሰርኻ ኽጸልምቶ፡ ኣብ ሃገርካውን ጸልማት ክዘርግሕ እየ። ኣነ ልዑል እግዚእብሔር ተዛሪበ ኣሎኹ። . . . 'ሰይፊ ንጉሥ ባቢሎን ኪለዓለካ እዩ። ነቲ ብዙኅ ሕዝብኻ ብሰይፊ እቶም ኃያላት ክቐትሎ እየ። . . . ሽዑ ንማያትካ ከጽርዮ፣ ንርባታትካ ድማ ኸህድኦን ከም ዘይቲ ለመም እናበለ ኽምዝውሕዝ ክገብሮ እየ።" ይብል።*<br>• *መዝሙር* 106 *ከኣ "ኣብ ሲና ብወርቂ ምራኽ ገበሩ፣ ነቲ ዝሠርሕዎ ጣዖት ድማ ሰገድሉ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር፡ ንምስሊ ሣዕሪ ዚበልዕ ብዕራይ ለወጥዎ። ኣብ ሃገረ ግብጺ ነቲ ዓቢይ ተኣምራት ብምግባር ዘድኃኖም ኣምላኽ ረስዕዎ። ንሱ ኣብ ግብጺ ዓብይቲ ተኣምራት፡ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ኸኣ ዜደንቕ ነገራት ገበረ። ሽዑ እግዚኣብሔር 'ኬጥፍኦም እየ' በለ፣ ግናኸ እቲ እግዚኣብሔር ዝኃረዮ ሙሴ፡ ኣብ ሞንጎ እግዚኣብሔርን ሕዝቡን ደው ኢሉ፡ ተቐጢዑ ኸየጥፍኦም ካብ ቍጥዓኡ ኺምልሶ ንእግዚኣብሔር ለመነ።" ይብለና።*<br>• *ወንጌል ዮሓንስ* 5 *ከኣ ብዛዕባ መሰኻኽር ኢየሱስ ይዛረበና። "ኣነ ብዛዕባ ርእሰይ ባዕለይ እንተ መስከርኩ ምስክረይ ሓቂ ኣይኮነን። ንኣይ ዚምስክረለይ ካልእ ኣሎ፣ እቲ ንሱ ብዛዕባይ ዚምስክሮ ምስክርነት ከኣ ሓቂ ምዃኑ እፈልጥ እየ። ንስኻትኩም ናብ ዮሓንስ ለኣኽኩም፡ ንሱ ኸኣ ሓቂ መስከረ። እዚ ግና ንስኻትኹም ምእንቲ ኽትድኅኑ ኢለ እየ ዝብሎ ዘሎኹ እምበር ኣነስ ምስክር ሰብ ዝቕበል ኣይኮንኩን። . . . ኣነ ግና ካብ ዮሓንስ ዚዓቢ ምስክር ኣሎኒ። እዚ ኸኣ እቲ ኣቦይ ክፍጽሞ ኢሉ ዚሃበኒ ግብሪ፡ ኣነውን ዝገብሮ ዘሎኹ፣ ኣቦይ ከም ዝለኣኸኒ ንሱ ምስክረይ እዩ። እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ከኣ ባዕሉ መስኪሩለይ ኣሎ።" ይብለና።*<br><br>*ጸሓፍት ፈሪሳውያንን ኩሉ ጊዜ 'ካብ ኣምላኽ ከም ዝተለኣኽካ መረጋገጺ ምልክት ሃበና' ኣናበሉ ንኢየሱስ ይጻረርዎ። ንሱ እቲ መሲሕ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ በቲ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግብርታቱ ክቕበልዎ ኣይደለዩን። ሕዝቢ ከም ልኡኽ እግዚኣብሔር ምእንቲ ከይቅበሎ ከኣ ምኽንያት ክረኽብሉ ጥራይ ይደልዩ ነበሩ። እናረኣዩ ዘይርእዩ እዮም ዝነበሩ። ሎሚ እዚ ቃል እዚ ንዓናውን ይኸሰና ኣሎ። ክንደይ ጊዜ ኢና ቃሉ እናሰማዕና ዕሽሽ እንብሎ። ብብዙሕ መመኽነይታት ኢና ኣብ ግብሪ ከይነውዕሎን፡ ካብ ሕይወትና ከነርሕቖን እንፍትን። ብትዕቢት ርእስና ነልዕል፡ ንኣምላኽ ከይተረፈ 'እቲ መንገዲ እዚ ኣይኮነን' ክንብሎ ንደፍር። ናትና ኣማልኽቲ ኣብ ክንዳኡ ንትክእ ኣሎና። ከምቲ ኣብ ምድረ በዳ ምስሊ ምራኽ ብምምላኽ ዝጠፍኡ ደቂ እስራኤል ንመስል። ንኣብነት፡ ጊዜ ዘምጽኦ ቅዲ ሕይወት እዩ እንዳበልና ብዙሓት ክርስቲያን ነቲ ዓለማዊ ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ከም ቅድሚ መርዓ ዚግበር ፍኑው ጾታዊ ርክብ፡ ወይ ተኣካኺብካ ንግዜኡ ብዘይ ቃል ኪዳን ምንባር፡ ፍትሕ፡ ጥንሲ ምንጻል ዘኣመሰሉ ምስ ቃል ኣምላኽ ብቐጥታ ዝጻረሩ እኳ እንተ ኾኑ፡ ተቐቢልናዮም ንኸይድ ኣሎና። ነቲ ቃል ክርስቶስ ንነጽጎ ኣሎና ማለት እዩ። ካብ መምርሒ ሕይወት ክርስትና፡ መመሪጽና ጥራይ ክንቕበል ከሎና፡ ኢየሱስ ንሕወትና ኪመርሖ ኣይንፈቕድን ኣሎና ማለት እዩ። ገሌና ክርስቲያን እሞ ከኣ፡ ነቶም ቅዱሳት ጽሑፋት ብሳይንስ ክንመምዮም ንፈቱ። ወይ ኣእምሮና ዘይርድኦ 'ክኣምኖ ኣይክእልን እየ' እናበልና ክነጽጎ ንርከብ ኣሎና። ገሌና ጨራሪምና ቀራሪምና ንሞራላዊ ይኹን መንፈሳዊ ትምህርቲ ቤተክርስቲያን ዘትረፍናሉ የብልናን። ከም ድላይና ክንከይድ ንመርጽ። ንሃይማኖትና ባህላዊ ትርጉም ጥራይ ሒዙ ከም ዝተርፍ ንገብሮ ኣሎና። ኢየሱስ ዘርኣየና መንገዲ ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ ክንወስዶ፡ ክነፍቕሮን፡ ክነምልኾን፡ ንሱ ኪመርሓና ክንፈቕደሉን እዩ ምሂሩና። ምስ ቅዱሳንን መላእኽትን ከኣ ብኅብረት ክነብር ይጽበየና። ቃል ኣምላኽ ንትጽቢታት ሥጋን ዓለምን ኬሓጉስ ክንጽበዮ ኣይንኽእልን ኢና። ከምኡ ክንገብር ምስ እንፍትን ንመልእኽቲ መድኃኒና ንነጽጎ ኣሎና ማለት እዩ። ቦታኡ ወሪስና ንሕና መራሕቲ፡ ንሱ ከኣ ተመራሒ ንገብሮ ኣሎና ማለት እዩ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንቃልካ ብምሉኡ ኪቕበሎ መሃረኒ። እምነት ወስኸኒ። መቐረት ሕይወትካ ከየስተማቐርኩ ብማዕዶ ከይጕሕፎ ሓልወኒ።"*

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr>
<td>08<br>**ሚያዝያ**<br>(ዓርቢ)</td>
<td>**ጥበ** 2፡ 10, 12-22<br>*መዝ* 34፡ 17-22<br>**ዮሓ** 7፡ 1-2, 10, 25-30</td>
<td>ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br><ul><li>ጥበበ ሰሎሙን 2 ብዛዕባ እቶም ክፉኣት ሰባት ዝሓስብዎን ዝገብርዎን ይዛረበና። “ንዑ ነቲ ጻድቕ መነፈንጠራ የዳልወሉ፣ ንሱ ኣብ መንገድና ደው ዝበለ ዓንቃፊና እዩ። ንተግባርና ድማ ተቓዋሚ እዩ፣ ‘መፍረስቲ ሕጊ ሙሴ! ገሃስቲ ትውፊት ኣቦታቶም!’ እናበለ ዝጸርፈና ንሱ እዩ። ንኣምላኽ ‘እፈልጦ እየ’ ዚብል። ንገዛእ ርእሱ ከኣ ‘ወዲ እግዚኣብሔር’ ኢሉ ይጽውዕ። ንሱ ንሓሳባትና ብምሉኡ እዩ ዚቃወሞ። ምርኣዩ ጥራይ ንኣና ስቃይ እዩ። . . . ክፉኣት ሰባት ከምዚ ኢሎም እዮም ዚሓስቡ። ግናኸ ብናይ ባዕላቶም ክፍኣት ዝዓወሩ፡ ጊጉያት ሰባት እዮም። ንሳቶም ነቲ ኅቡእ ምሥጢር ኣምላኽ ዘይተረድኡ፡ ቅዱስ ሕይወት፡ ዓስቢ ከም ዘለዎ ዘይተተስፈዉ፡ ንጹሕ ሕይወት ዋጋ ከም ዘለዎ ዘይፈልጡ ሰባት እዮም።” ይብለና።</li><li>መዝሙር 34 ከኣ “ጻድቃን ናብ እግዚኣብሔር የእውዩ፣ ንሱ ድማ ይሰምዖም፣ ካብ ኩሉ መከራኦምውን የናግፎም። . . . ናይ ጻድቕ መከራ ብዙኅ እዩ፣ እግዚኣብሔር ግና ካብ ኩሉ የናግፎ። እግዚኣብሔር ንኩለንተናኡ ይባልሆ፣ ካብ ኣዕጽምቱ ድማ ሓንቲ እኳ ኣይትስበርን። ክፍኣት ንክፉእ ሰብ ይቐትሎ፣ ንጻድቕ ዚጸልኡ ከኣ ኪኹነኑ እዮም። እግዚኣብሔር ንባሮቱ ይብጀዎም፣ ካብቶም ኣብኡ ዚዕቀቡ ከኣ ሓደ እኳ ኣይኪኃፍርን እዩ።” ይብለና።</li><li>ወንጌል ዮሓንስ 7 ከኣ “ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪምህር ከሎ ዓው ኢሉ ’ንኣይ ትፈልጡኒ፡ ካበይ ምዃነይውን ትፈልጡ ኢኹም። ኣነ ብርእሰይ ኣይመጻእኩን፣ እቲ ዝለኣኸኒ ግና ሓቀኛ እዩ፣ ንእኡ ንስኻትኩም ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ኣነ ግና ካብኡ እየ፣ ንሱ ስለ ዝለኣኸኒ ከኣ እፈልጦ እየ’ በለ። ክኅዝዎ ደለዩ፡ ጊዜኡ ስለ ዘይበጽሐ ግና ኢዱ ዘልዓለሉ ሓደ እኳ ኣይነበረን።” ይብለና።</li></ul>ኢየሱስ ደጊሙ ደጋጊሙ ንሱ እቲ ካብ ኣቦ ዝተላእከ ምዃኑ ብግልጺ ይነግረና። ነታ ኣቦኡ ዝደልያ መንገዲ ጽድቂ ከኣ ይምስክር። ነታ ናብ ኣቦ ወይ ናብታ ሰማያዊት ቤቱ እተእቱ መንገዲ የርእየና። ንሳ ኸኣ ብኢየሱስ ወዱ ምእማን እያ። ንሱ “መንገድን ሓቅን ሕይወትን” እዩ። ንእኡ ምስ ረእና ኢና ንሰማያዊ ኣቦና ክንርእዮን ክንፈልጦን እንኽእል። ነታ መንገዲ ኣምላኽ ዚስዕብ ጻድቕ ሰብ ተቋወምቲ ኣለዉዎ። ብዙሓት ኣተሓሳስባኦምን መንገዶምን ጠዋይ ስለ ዝኾነ፣ ነቲ ቅኑዕ ነገር ዚፈቱን ዚገብርን ሰብ ይጸልኡን ይቃወሙን። ክጉድእዎ ድማ ህርድግ ይብሉ። ስለዚ ናይ ጻድቕ መከራ ብዙኅ እዩ። ክፍተን እዩ። ኣምላኽ ግና ካብ ኩሉ ክፍኣቶም ይሕልዎ እዩ። ይገርመና ይኸውን ስለ እቲ መንገዲ ኣምላኽ ምስ ሓዝና ዝገጥመና ተቓውሞን ጸቕጥን። ካብ ቤትና ከይተረፉ “እዚ ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ክንገብሮ ኣይብልናን” ዚብል ምኽሪ እንተ ሂብና፣ ‘ኣቤት ተጸዲቑለይ! መን ኴንካ/ኪ ደኣ ኢኻ/ኺ?’ ይብሉና። ብክፍኣቶም ስለ ዝዓወሩን ንእኡ ክሽፍኑ ስለ ዝፍትኑን እዩ። ጊጉያት ሰባት እዮም። ንሳቶም ነቲ ኅቡእ ምሥጢር ኣምላኽ ዘይተረድኡ፡ ቅዱስ ሕይወት፡ ዓስቢ ከም ዘለዎ ዘይተተስፈዉ፡ ንጹሕ ሕይወት ዋጋ ከም ዘለዎ ዘይፈልጡ ሰባት እዮም። እሞ ንድሕሪትዶ ንመለስ? ንኣታቶም ክንብል ነታ ኣምላኽ ዘይፈትዋ ጊግይቲ መንገዲዶ ንከተል? ሎሚ ቃል ኣምላኽ ፦ ‘ምኽሪ ክፉኣት ሰባት ሰሚዕካ/ኪ ወይ ፈሪህካ/ኪ መንገዲ ጽድቂ ኣይትግደፍ። ኣምላኽ ካብቲ ምትንኻሎም ባዕሉ ኪሕልወካ/ኪ እዩ። ኣይትፍራህ፡ ጽናዕ/ዒ፡ ትባዕ/ዒ ካብ ፍቕሪ ከይወጻኻ/ኺ ንቅድሚት ኪድ/ዲ’ ይብለካ/ኪ ኣሎ። ንሓቂን ንፍቕሪን ክምስክር ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ምትንኻል እቶም ክፉኣት ሰባት ተጻዊሩ ክሳዕ መስቀል በጺሑ ተዓዊቱ እዩ። ንሕና ከኣ እታ እንኮ መንገዲ ድኅነትና ንሳ እያ እሞ፡ ንፍቕሩ ክሳዕ መጨረሻ ንስዓብ። “ኦ ጐይታይ! ከምቶም ምእንቲ ስምካ ኢሎም ብሕወቶም ዝመስከሩ ሰማዕታትካ ምእንቲ ክምስክረልካ ኃይልን ትብዓትን ሃበኒ። መዓልቲ መዓልቲ መስቀለይ ጾይረ ክስዕበካ ኣብቅዓኒ። ኣሜን!”</td>
</tr>
</table>

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
| --- | --- | --- |
| 09<br>**ሚያዝያ**<br>(ቀዳም) | **ኤር** 11፡ 18-20<br>**መዝ** 7፡ 2-3, 9-12<br>**ዮሓ** 7፡ 40-53 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትምቢት ኤርሚያስ 11 ብዛዕባ ጸላእቱ ንኤርሚያስ ኪቐትልዎ ውዲት ከም ዝገበርሉ ይነግረና። "እግዚኣብሔር ኬጥፍኡኒ ውዲት ከም ዝፈሓሱለይ እግዚኣብሔር ኣፍለጠኒ። ኣነ ግና ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚወሰድዎ ሓላል ገንሸል ነበርኩ። ንሳቶም 'ስሙ ኸይዝከር ነታ ኦም ምስ ፍሬኣ ነጥፍኣያ፣ ካብ ሃገር ሕያዋን ድማ ንመንቀሳ' ኢሎም ውዲት ከም ዝደበቑለይ ኣይፈለጥኩን። ሽዑ 'ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት፡ ቅኑዕ እትፈርድ፡ ልብን ሓሳባትን ከኣ እትምርምር ንስኻ ኢኻ። ነገረይ ኣባኻ ኣማዕቁብ ኣሎኹ እሞ፡ ምፍዳይ ሕኔኻ ኣብኣቶም ኣርእየኒ' ኢለ ጸሌኹ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 7 ከኣ "እንተ ዘይረዲእካኒ ግና ጸላኢየይ ሓደ እኳ ኺረድኣኒ ናብ ዘይኽእለሉ ቦታ መንጢሉ ኺወስደኒ ከም ኣንበሳውን ኪሰላልዓኒ እዩ። . . . ስለዚ፡ ኦ እግዚኣብሔር ጻድቕን ንጹሕን ምዃነይ ትፈልጥ ኢኻ እሞ ፍረደለይ። ሓሳብን ድላይን እትምርምር ጻድቕ ኣምላኽ ኢኻ እሞ፡ ንኽፍኣት ኃጥኣን ኣጥፍኣዮ፣ ንጻድቕ ግና ዓስቡ ሃቦ። ዋልታይ ኣምላኽ እዩ፡ ንሱ ንቕኑዓት ልቢ የድሕኖም እዩ። ኣምላኽ ቅኑዕ ፈራዲ እዩ፣ ንኽፉኣት ከኣ ኩሉ መዓልቲ ይኹንኖም። ንሳቶም እንተ ዘይተመልሱ፡ ሰይፉ ይስሕል፡ ቀስቱ ከኣ ይግትር፣" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 7 ከኣ "ካብቶም ሕዝቢ ነዚ ዘረባዚ ሰሚዖም፡ 'እዚ ብሓቂ እቲ ነብይ እዩ' በሉ። ካልኦት ከኣ ፡'ክርስቶስ እዩ' በሉ። ገሊኦም ግና 'ክርስቶስ ካብ ገሊላ ድዩ ዚመጽእ? ክርስቶስ ካብ ዘርኢ ዳዊት፡ ካብታ ዳዊት ዝነብረላ ዓዲ ካብ ቤት ልሔም ከም ዚመጽእ ጽሑፍዶ ኣይነግርን እዩ?' በሉ። ስለዚ ኣብቶም ሕዝቢ ብእኡ ምኽንያት ምፍልላይ ኮነ። ገሊኦም ኪኀዝዎ ደለዩ፣ ኢዱ ዘልዓለሉ ግና ሓደ እኳ ኣይነበረን።" ይብለና።<br><br>ካብዚ ቃል ኣምላኽ ሓቂን ሓሶትን ኪራጸማ ኢና እንርኢ። ቐደምውን እንተ ኾነ ነቶም እግዚኣብሔር ንደቂ እስራኤል መንገዱ ኬርእይዎም ዝልእከሎም ዝነበረ ነብያት የሳጉጉዎን ይኣስርዎምን ከም ዝነበሩ ንርኢ። ስለምንታይ እቲ ናይ ኣምላኽ ቃል፡ ምስቲ እቶም ብመንገዶም ኪመላለሱ ዚደልዮ ዓበይትን መራሕትን ይጋጮ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ድምጺቲ ኬጥፍእዎ ብምሉእ ሓይሎም ይቃለሱ ከም ዝነበሩ ንርኢ። ኢየሱስ እውን ከምኡ ተጻብኦ ፈሪሳውያንን፡ ጸሓፍትን መማህራን ሕግን የጋጥሞ። ኣብ መጨረሻውን ክቐትልዎ ወሲኖም። እዚ ኩሉ ግና ብዘይ ፍቕድ ኣምላኽ ዚፍጸም ነገር ኣይኮነን። ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ናይ ምርጫ ናጻነት ስለ ዝሃቦም ነቲ ክፉእውን ኪመርጽዎ ይገድፎም እዩ። ሰባት ወይ ብወገን መንግሥቲ ኣምላኽ ወይ ከኣ ብወገን መንግሥቲ ጸልማት ይሰለፉ ማለት እዩ። ዮሓንስ መጥምቕ ንሄሮድስ ሰይቲ ሓውኻ ከተእቱ ኣይግብኣካን እዩ ስለ ዝበሎን ስለ ዝገሰጾን ማእሰርትን ምስያፍን ይስዕቦ። ነቢይ ኤርሚያስ ከኣ ንደቂ እስራኤል ብሰንኪ ኣምልኾ ጣያትን ኃጢኣትን ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ እስራኤል ኪወርድ ዘለዎ መዓት የጠንቅቖም ስለ ዝነበረ፡ ብዙሓት ካብ ዓበይትን መራሕትን ጸላእቲ ኣጥሩዩ ነበረ። ኬጥፍእዎ ከኣ ይጽዕሩ ነበሩ። ብዛዕባ ኢየሱስ ከኣ 'እዚ እቲ ክርስቶስ ድዩ ኣይኮነን' ዚብል ሕቶ ነቲ ሕዝቢ ኪፈላልዮ ንርኢ። ንቃል ኣምላኽ ምቕባል ዓቢይ ትሕትና ይሓትት። እቶም መራሕትን ሊቃውንትን ከኣ ብምኽንያት ትዕቢቶም ነቲ ቃል ኣምላኽ ክጻረርዎ ንረኽቦም። ሎሚ ንሕናውን ንቃል ኣምላኽ ብትዕቢትና ንጻረሮ ከይንህሉ ክንምርምር ይግበኣና። ንኣብነት፡ ሎሚ ቤተክርስቲያን ዓመተ-ምሕረት ኣዊጃ ኣላ። እቲ መልእኽቲ ከኣ "ተነስሑ፡ ምስ ሓውኹም/ሓፍትኹም ተዓረቑ። ናይ ምሕረት ሥራሕ ግበሩ" ዚብል እዩ። ነዚ መልእኽቲ ብኸመይ ተቐቢልናዮ ኣሎና? ኣምላኽ ንኣይ፡ ንኣኻ/ኺ ይዛረበና ከም ዘሎ ኣስተዊዒልናሉዶ? ከም ዘይምልከተና እንተ ኬድና፣ ምስ ኣሕዋትና እንተ ዘይተዓረቕና፣ ኣንጻር ኣምላኽ ተሰሊፍና ምህላውና ከነስተውዕል ይግብኣና። ኣንጻር ኣምላኽ ምስላፍ ከኣ ሳዕቤን ኣለዎ። ኣብ መጨረሻኡ ኪጐድኣና እዩ። ስለዚ ንምሕረትን ሰላምን ዕርቕን ንፍትሕን ልባትና ንኽፈተሉ። ንርእስና ፈውሲ ክንረክብ ኢና እንገብሮ። "ሎሚ ዕርቂ ኣይደሊ፡ ጽባሕ ዕርቂ ኣይደሊ!" ዚብል ሰብ ኣብ ሞንጎና ከይህሉ ንጸልየሉ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ፡ ንቃልኻ ከየዕብሮን ከይጻብኦን ሓልወኒ። እምነት ወስኸኒ። ንምሕረት ልበይ ክፈተለይ። ንዝበደልኩዎም ምሕረት ክልምን፣ ንዝበደሉኒ ከኣ ክምሕር ጸጋኻ ሃበኒ። ኣሜን!" |

## መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - 6ይ ሰሙን ጾመ ኣርብዓ

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

---

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ**<br>**ሰንበት - ዘኒቆዲሞስ** |
|---|---|---|
| 10<br>**ሚያዝያ**<br>2016 | **ሮሜ** 7፡ 3-4<br>**1ዮሓ** 5፡ 1-5<br>**ግሓ** 8፡ 18-25<br>**ዮሓ** 3፡ 1-12 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• መልእኽቲ ናብ ሰብ ሮማ 7 "እምበኣር ሰብኣያ ብሕይወት እንከሎ፡ ንኻልእ ሰብኣይ እንተ ኾነት፣ ዘማዊት እያ ትብሃል። ሰብኣያ እንተ ሞተ ግና ካብቲ ሕጊ ሓራ ወፂኣ እያ እሞ ንካልእ ሰብኣይ እንተ ተመርዓወት ዘማዊት ኣይኮነትን። ስለዚ ንኣምላኽ ፍረ ምእንቲ ኽንፈሪ፣ ንስኻትኩምውን ኣኀዋተይ ንኻልእ፡ ማለት ነቲ ካብ ምዉታት ዝተንሥአ ምእንቲ ኽትኮኑ፣ ብሥጋ ክርስቶስ ካብ ሕጊ ሙሴ ሓራ ወጺእኩም ኢኹም።" ይብለና።<br>• 1ይ መልእኽቲ ዮሓንስ 5 ከኣ "ኢየሱስ መሲሕ ከም ዝኾነ ዚኣምን ዘበለ ኹሉ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ እዩ፣ እቲ ንወላዲ ዜፍቅር ኩሉ ነቲ ካብኡ ዝተወልደውን የፍቅር እዩ። ንኣምላኽ ብምፍቃርን ትእዛዛቱ ብምሕላውን ኢና ነቶም ደቂ ኣምላኽ ከም እነፍቅሮም እንፈልጥ። . . . ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ዘበለ ኹሉ ንዓለም ይስዕራ። እታ ንዓለም እንስዕረላ ዓወት ከኣ እምነትና እያ። ንዓለም ዚስዕራ'ኸ መን እዩ? እቲ ንኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ዚኣምንዶ ኣይኮነን?" ይብለና።<br>• ግብረ ሕዋርያት 8 ብዛዕባ ሲሞን እቲ ጠንቋሊ ኣብ ሰማርያ ዝገበሮ ይነግረና። "ሲሞን ከኣ መንፈስ ቅዱስ በቲ ምንባር ሓዋርያት ከም ዝተዋህበ ምስ ረኣየ ከምዚ እናበለ ገንዘብ ኣምጽኣሎም፦ 'እቲ ኢደይ ዘምብረሉ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኺቕበልሲ፡ ንኣይ ከኣ እዚ ሥልጣን እዚ ሃቡኒ።' ጴጥሮስ ከኣ 'ነቲ ህያብ ኣምላኽሲ ብገንዘብ ክትዕድጎ ስለ ዝሓሰብካ፣ ገንዘብካ ምሳኻ ይጥፋእ፣ ልብኻ ኣብ ቕድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ስለ ዘይኮነ ከኣ፡ ኣብዚ ነገርዚ ክፍሊ ወይ ግደ የብልካን። እምበኣርሲ ካብዚ ኽፍኣትካ እዚ ተነሳሕ፣ ምናልባሽ ሓሳብ ልብኻ እንተ ኃደገልካ ንእግዚኣብሔር ለምኖ። ኣብ መሪር ቀንእን ኣብ ማእሰርቲ ኃጢኣትን ከም ዘሎኻ እርእየካ ኣሎኹ።' በሎ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 3 ብዛዕባ ኒቆዲሞስ ብለይቲ ምስ ኢየሱስ ምርኻቡ የዘንትወልና። "ኢየሱስ ድማ 'ሰብ ካልኣይ ጊዜ እንተ ዘይተወልደ ፣ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪርእያ ከቶ ከም ዘይክእል፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ።' ኢሉ መለሰሉ። ኒቆዲሞስ ከኣ 'ሰብከ ምስ ኣረገ ከመይ ኢሉ ኪውለድ ይኽእል? መሊሱ ናብ ከርሚ እኖኡ ኣትዩስ ኪውለድዶ ይኽእል እዩ?' በሎ። ኢየሱስ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰ፦ 'ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይተወልደ፣ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል ከቶ የልቦን። እቲ ካብ ሥጋ ዝተወልደ ሥጋ እዩ፣ እቲ ካብ መንፈስ ዝተወልደ ከኣ መንፈስ እዩ።" ከም ዝበሎ ይነግረና።<br><br>ንሕና ክርስቲያን ብማይን መንፈስ ቅዱስን ዳግም ተወሊድና ኢና። ክንጥመቅ ከሎናን፡ ሜሮን ክንቀባእን መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል ከሎና ዝፍጸም ምሥጢር እዩ። ሽዑ ውሉድ ኣምላኽ ኮይና ብመንፈስ ንውለድ ማለት እዩ። እዚ ምሥጢርዚ ኣዝዩ ዓቢይ እዩ። ውህበት መንፈስ ቅዱስን ውሉድ ኣምላኽ ምዃንን ብገንዘብ ክግዛእ ዝኽእል ኃይሊ ኣይኮነን። ነቶም ብኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ንመንፈሱ ኪወሃቦም ዚልምኑ ብኸምኡ ዚወሃብ እዩ። ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ዘበለ ኹሉ ንዓለም ከም ዝስዕራ፣ ንሕና ከኣ ገንዘብ ኣምላኽ ወይ ንኣምላኽ ዝተመርጹን ዝተወፈዩን ሕዝቢ ንኸውን። ኣብ ዓለም እንዳ ነበርና ናይ ዓለም ኣይኮናን። ንሥጋ፡ ንዓለም፡ ንሰይጣን ገዲፍና ደጊም ናይ ኣምላኽ ኮይና ኢና። ክርስቶስ ብመስቀሉ ሓራ ኣውጺኡና እዩ። እቲ መንፈስ ከኣ ነቲ ኩሉ ሥጋ ዘይኽእሎ የኽእለና። ብኃጢኣትና ይረትዓና፡ ናብ ንስሓ የእትወና፡ ናብ ኩሉ ሓቂ ይመርሓና፡ መንፈስ ጽድቂ የልብሰና፡ ንኣምላኽ ተሓጒስና ከም እንእዘዞ ይገብረና። ነኀዋትና ኣኃትናን ከም እነፍቅሮም ይገብረና። እንተ ኾነ ግና ንኣምላኽ ክንስዕቦ ወይ ከይንስዕቦ ኩሉ ጊዜ ናይ ምውሳን ናጽነትና ዝተሓለወ ስለ ዝኾነ፣ ብዙሓት ንኣምላኽ ሕቖና ሂብናዮ ናብ ዓለም ክንምለስ ንርከብ ኢና። ከምቲ 'ብጽሒተይ ሃበኒ' ኢሉ ቤት ኣቦኡ ሓዲጉ ናብ ዓለም ዝኸደ በታኒ ወዲ ንመስል። ካብ ቤት ሰማያዊ ኣቦና ወጺና ዝያዳ ነጻነት እንረክብ ወይ ከም ድላይና ክንዕንድርን ክንሕጕስን እንኽእል ስለ ዝመስለና እዩ። ብማዕዶ ናይ ዓለም ነገራት ጽቡቓን ሰሓብን ይመስለና። ምስ ኣቶኻዮ ግን ብሓሶት ዝተሸፈነ ኮይኑ ይጸንሓና። ስለዚ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ካብ ቤት ኣቦና ከይንውጽእን፣ ኢየሱስ ንሕወትና ክመርሖ ክንፈቕደሉን ይምዕደና ኣሎ። ንስምዓዮ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ቅዱስ መንፈስካ ኣይተግድፈኒ። ብውህበታትካ ምልኣኒ። ንኣገልግሎትካ ኣብቅዓኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 11<br>**ሚያዝያ**<br>(ሰኑይ) | ዳኒ13፡ 41-62<br>(መጽሓፈ ሶስና)<br>መዝ 23፡ 1-6<br>ዮሓ 8፡ 12-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ዳኒኤል 13 (መጽሓፍ ሶስና) ብዛዕባ ሶስና ብክልተ ደያኑ ንዝሙት ከም ዝተፈተነትን፡ ብሰንኮም ብሓሶት ንሞት ከም ዝተፈርደትን የዘንትወልና። “ንሳቶም ሽማግለታት ሕዝብን ደያኑን ስለ ዝነበሩ፣ እቲ ጉባኤ ሕዝቢ ኣመኖም። ‘ሶስና ትሙት’ ኢሎም ከኣ ፈረዱ። ሽዑ ሶስና ብዓቢይ ድምጺ ኣእወየት ‘ኦ ዘለዓለማዊ ኣምላኽ፣ ካባኻ ኺሕባእ ዚኽእል ምስጢር የልቦን፣ ንዅሉ ነገር ከይኮነ ኸሎ ትፈልጦ ኢኻ። እሶም ሰባት እዚኣቶም ብሓሶት ይኸሱኒ ከም ዘለዉ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ። . . . ’ እናበለት ጸለየት። እግዚኣብሔር ጸሎታ ሰምዐ፣ ልክዕ ሶስና ኽትቕተል ኪወስድዋ ከለዉ፣ ንዳኒኤል ዝተባህለ መንእሰይ ኣለዓዓሎ። ንሱ ብዓቢይ ድምጺ ‘ኣነ ካብ ደም እዚኣ ሰበይቲ እዚኣ ንጹሕ እየ’ እናበለ ዓው ኢሉ ተዛረበ።” ቀጺሉ እቲ ጽሑፍ ከም ዝነግረና፡ እቲ ሕዝቢ ንዳኒኤል ኪሰምዕ ደው ይብል። ክፍኣት እቶም ደያኑ ከኣ ይግለጽ። ሶስና ከኣ ብኢድ ኣምላኽ ትድኅን።<br>• መዝሙር 23 ከኣ እግዚኣብሔር ጓሳና ከም ዝኾነ ይምህረና። ንሱ ብኩሉ ከም ዝሓልየልና ይነግረና። “ንሱ ሓዲሽ ኃይሊ ይህበኒ፣ ከምቲ ዘተሰፈወኒ፡ ብመንገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ። ግብ ዝበለ ጸልማት ብዘለዎ ርባ እኳ እንተ ኸድኩ፣ እግዚኣብሔር ምሳይ ኢኻ እሞ ኽፉእ ኣይፈርህን እየ፣ በትርኻን መጉስካን ይሕልዋኒ እየን።” እናበለ ዘጸናንዕ ቃላት ይህበና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 8 ከኣ ኢየሱስ ናይ ዓለም ብርሃን ምዃኑ ይነግረና። “ሽዑ ኢየሱስ ‘ኣነ ብርሃኑ ንዓለም እየ፣ እቲ ዚስዕበኒ ከኣ ብርሃን ሕይወት ኪረክብ እምበር ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ’ እናበለ ከም ብሓድሽ ተዛረቦም።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንጸልማት ሕይወትና ዜርሕቐልና መድኃኒና እዩ። ብመንገዲ ጽድቂ ከኣ ይመርሓና። እቲ እኩይ (ሰይጣን) ወይ ክፉኣት ሰባት ንሕወትና ኬጥፍኡ ኪፍትኑ ከለዉ፡ ጸሎትና ሰሚዑ ኣምላኽና እቲ ዜድኅነና ከምቲ ንሶስና ካብ ሞት ዜድኃና፡ ንኣናውን ከምኡ ንኽረድኣና ደበኽ ይብል። ሎሚ ንኣይ፡ ንኣኻ/ኺ ብዘይ ረዳኢ ንጠፍእ ዘሎና ኮይኑ ዝስምዓና፡ ኣምላኽ ክረድኣና ድሉው ከም ዘሎ ይነግረና ኣሎ። ነቶም ብሓሶት ዜጥቅዑና ሰባት ከይንፈርህ፡ እንታይ ደኣ ናብ ኣምላኽ ጥራይ እናጠመትና ረዲኣትና ካብኡ ኪመጸና ንክንጽሊ የተባብዕና ኣሎ። ኢየሱስ እቲ ብርሃን ኣብቲ ጸልማትና ኪመጽእ እዩ። ንኩሉ ክፍኣት ኪቐልያ እዩ። ብርባ ርባ ድነ ሞት እኳ እንተኸድና ወይ ከኣ ሞት የንጸላልወና እኳ እንተሎ፡ ኣምላኽ ግና ነቶም ናብኡ ዚጽግዑን ነቶም ዝጽበይዎን ንበይኖም ከም ዘይገድፎም ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ሞት፡ ፍቕሪ ካብ ሕይወት ደቂ ሰብ ክርሕቕ ከሎ እዩ። “ፍቕሪ” ኣምላኽ እዩ ወይ ብርሃን ሕይወትና እዩ። ሰብ ኪዳን “ፍቕሪ” ካብ ሕይወቶም ምስ ዚርሕቕ ኣብ ጸልማት እዮም ዚነብሩ። ፍቕሪ ዘጥፍኣ ሥድራቤታት ከኣ ከምኡ ኣብ ጸልማት እየን ዝነብራ። ከምኡ ዝበለ ጸገም ኣጋጢሙና ንዘሎና፡ ሎሚ ኣምላኽ ኣብቲ ዘሎናዮ ጸልማት ኮይና ንኣምላኽ ክንጽውዕ ንዕደም ኣሎና። ሶስና ምስ ሰብኣያ ምስ ደቃ ብፍቕሪ ትነብር ዝነበረት ዕድለኛ ሰብ እያ ዝነበረት። እታ መዓልቲ እቲኣ ግና፡ እቶም ክፉኣት ደያኑ ክፉእ ትምኒቶም ኣብ ልዕሌኣ ኪፍጽሙ ስለ ዘይፈቐደትሎም ብሓሶት ክውንጅልዋን ንሞት ኬፍርድዋን ንርኢ። ብርግጽ ንኣኣ - ነታ እምንቲ በዓልቲ ቃል ኪዳንን ኣደን - ኣብ ቅድሚ ሰብኣያን ደቃን ከም ጠላሚት ከም ውርደተኛ ኮይና ምቕራባ መዓናጡኣ ዝኹምተረ ነገር እዩ ነይሩ። ከም ርኽስቲ ሰብ ካብቲ ከተማ ኣውጺኦም ኪቐትልዋ ክንትዋ ከለዉ፡ ንሳ ንኣምላኻ ትጽሊ ነበረት። ንኣምላኽ ኣቐዲማ እንተ ዘይትፈልጦ ሽዑ ከመይ ኢላ ምዘከረቶ? ኣምላኽ ከኣ ማንም ሰብ ዘይተጸበዮ ተኣምራት ይገብረላ። ኣብ ቅድሚ ሰብኣያን ደቃን ቤተሰባን ካብቲ ቀደም ዝነበራ ክብሪን ፍቕርን ዝበልጸ ከኣ ሃባ። ንኣይ፡ ንኣኻ/ኺ ከምኡ ክኾነልና ንኣምላኽ ኣብ ጸልማትና ንጸውዓዮ። “ኦ ጐይታ ናባኻ ኣእዊ ኣሎኹ ርድኣኒ! ንፍቕሪ ሥድራቤተይን ዝምድናታተይን ኣጥዕየለይ!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 12<br>**ሚያዝያ**<br>(ሠሉስ) | **ዘኁ** 21፡ 4-9<br>**ምዝ** 102፡ 2-3, 16-21<br>**ዮሓ** 8፡ 21-30 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• *ዘኁልቍ* 21 ብዛዕባ እቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ኣብ ባላ ዝሰቐሎ ተመን ኣስራዚ ይዛረበና። “እቶም ሕዝቢ ከኣ ኣብ መንገዲ ዓቐሎም ኣጽበቡ። “ኣብዚ እንጌራ የልቦን፣ ማይ ድማ የልቦን፣ ነዚ ፈኲሽ እንጌራ ከኣ መኖናዮ፣ ኣብ በረኻ ክንመውትከ ስለምንታይ ካብ ግብጺ ኣውፃእኩምና?” ኢሎም ኣብ ልዕሊ ኣምላኽን ኣብ ልዕሊ ሙሴን ኣጕረምረሙ። እግዚኣብሔር ከኣ መርዛማት ኣትማን ናብቶም ሕዝቢ ሰደደ። ነቶም ሕዝቢ ድማ ነኸሰዎም፣ ካብ እስራኤል ከኣ ብዙኅ ሕዝቢ ሞተ። . . . ሙሴ ድማ ምእንቲ ሕዝቢ ለመነ። እግዚኣብሔር ከኣ ንሙሴ ከምዚ በሎ፦ “በስራዚ መርዛም ተመን ግበር፣ ኣብ ባላ ድማ ስቐሎ። ዝተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ ከኣ ኺሓዊ እዩ።” ሙሴ ከኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ፣ ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ብተመን ዝተነኽሰ ዘበለ ሰብ ናብቲ ተመን ኣስራዚ እንተ ጠመተ ድማ ይሓዊ ነበረ።” ይብለና።<br>• *መዝሙር* 102 ከኣ “ብመዓልቲ ጸበባይ ገጽካ ኣይትኸውለለይ፣ ጽን ኢልካ ስምዓኒ፣ በታ ዘእወላ መዓልቲ ቐልጢፍካ መልሰለይ። . . . እግዚኣብሔር ንጽዮን ኪሓንጻ እዩ፣ ብኽብሩ ኺግለጽ እዩ። . . . እግዚኣብሔር ካብ ላዕሊ ኻብ መቕደሱ ረኣየ፣ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኣንቈልቍሉ ጠመተ። እግዚኣብሔር ንብኽያት እሱራት ሰምዖ፣ ነቶም ንሞት ዝተፈርዱ ፈትሖም፣” ይብለና።<br>• *ወንጌል ዮሓንስ* 8 ከኣ ዘይኣምን ዘበለ ኩሉ ከም ዚመውት ይነግረና። “ኢየሱስ ከኣ ‘ንስኻትኩም ካብ ታሕቲ ኢኹም፣ ኣነ ከኣ ካብ ላዕሊ እየ፣ ንስኻትኩም ካብዛ ዓለም እዚኣ ኢኹም፣ ኣነ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮንኩን። ስለዚ ከኣ እየ ብኃጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም ዝበልኩኹም። ኣነ ንሱ ምዃነይ እንተ ዘይኣመንኩም ብኃጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም’ በሎም።” ይብለና።<br><br>ኢየሱስ ንሱ እቲ ካብ ኣቦ ንደቂ ሰብ ኼድኅን ዝተላእከ መድኃኒ ምዃኑ ደጋጊሙ ንሰማዕቱ ብቃሉ ይኹን ብሓይሊ ተኣምራቱ ይነግሮም ነበረ። እንተ ኾነ ብፍላይ እቶም መማህራን ሕግን ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን “ወዲ ኣምላኽ’ እትብል ቃል ኪሰምዑ ኣይደልዩን ነበሩ። ብሓጺሩ ኢየሱስ እቲ መሲሕ (ንደቂ እስራኤል ዜድኅን ልኡኽ ኣምላኽ) ምዃኑ ኣይተቐበልዎን። ብኡ ምኽንያት ከኣ ብዘይምእማኖም ከም ዝሞቱ ይነግሮም። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ኢየሱስ እቲ ካብ ኣቦ ንዓና ኬድኅን ዝተላእከ ምዃኑ ፈሊጥናዮን ተቐቢልናዮንዶ? እንተ ተቐቢልናዮ ንሕይወትና ኪመርሖ ንፈቕደሉ ኣሎና ማለት እዩ። በቲ ንሱ ዘርኣየና መንገዲ ፍቕሪ ንጕዓዝ ኣሎና ማለት እዩ። እንተ ኾነ ብዙሕት ካባና ክርስቲያን ሓንስእ ‘እኣምነካ እየ’፡ ካልእ ግዜ ኸኣ ‘ዓለመይ ይሕሸኒ’ ክንብል ንርከብ ኣሎና። እዚ ልክዕ ከምቲ ደቂ እስራኤል ቀደም ካብ ባርነት ግብጺ ኣምላኽ ኬውጽኦም ከሎ፡ ብኃያል ቅልጽሙ ባሕሪ ኤርትራ ሰንጢቑ ከሕልፎም፡ ካብ ከውሒ ማይ ከስትዮም፡ ማና ኪምግቦም ከሎ ዕልል ዝበሉ፣ ሓንሳእ ከይጸንሑ ከኣ ‘ኣብ በረኻ ክንመውት ስለምንታይ ካብ ግብጺ ኣውጻእኩምና?” ዝብሉ ዝነበሩ እዩ። ንሳቶም ብዘይምእማኖም ብመርዛማት ኣትማን ከም ዝጠፍኡ ንርኢ። ከምኡ ንኣና ድማ ዘይምእማንና ሞት ኬስዕበልና ምዃኑ ሎሚ ቃል ኣምላኽ የዘክረና ኣሎ። እቲ ንዕግበት ሥጋ ወይ ናይ ዓለም ሃብትን ክብረትን ዘምልኽ ሰብ ንክርስቶስ ክስዕቦ ኣሸጋሪ እዩ። ናይ ነፍስና ሞትውን ኬስዕበልና ይኽእል እዩ። ‘ዓለም ምሉእ ረቢሕና ነፍስና እንተ ኣጥፋእና እንታይ ይጠቕመና?’። ኢየሱስ ‘ኣነ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮንኩን’ ይብለና ኣሎ። ንኣናውን ነቲ ናይ ሰማይ ነገራት ክንጥምት ይዕድመና ኣሎ። ፍቕሪ ናይ ሰማይ ነገር እዩ - ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ብጻይናን። ቅድም መንግሥቲ ኣምላኽን ጽድቁን ክንደሊ፣ ካልእ ኩሉ ተወሳኺ እዩ። ብዛዕባ እንበልያ እንሰትዮን ናይ መነባብሮ ነገራት ኣምላኽ ከም ዘድልየና ይፈልጥ እዩ። ነዚ ንርስያ ስለ ዘሎና፡ ሎሚ ናብኡ ክንጥምትን ይጽውዓና ኣሎ። ‘ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክስዕበካ እደሊ ኣሎኹ። ብሓላፊ ነገራት ልበይ ከይእሰር ሓልወኒ። ካብ መርዚ ኃጢኣተይ ኩተድኅነኒ ናብ መስቀልካ እጥምት ኣሎኹ። ፈውሲ ኮይንካ ብጽሓኒ! ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 13 **ሚያዝያ** **(ረቡዕ)** | ዳን 3፡ 14-28,<br>ዳን 3፡ 52-56<br>ዮሓ 8፡ 31-42 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ዳኒኤል 3 ከኣ ብዛዕባ ዳኒኤልን ብጾቱን ንምስሊ ንጉሥ ስለ ዘየምለኹ ናብ እቶን ሓዊ ከም ዝተደርበዩን ግና ብመልኣኽ እግዚኣብሔር ከም ዝደኃኑን የዘንትወልና። "ኦ ንጉሥ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ኼናግፈና ይኽእል እዩ፣ ካብ ኢድካውን ኬናግፈና እዩ። ንሱ ኬናግፈና እንተ ዘይፈተወ ንሕናስ ንኣማልኽትካ ከም ዘይነምልኾም፣ ነቲ ዘቘምካዮ ምስሊ ወርቂውን ከም ዘይንሰግደሉ ፍለጥ' በልዎ። . . . ሠለስቲኦም . . ብእሱራቶም ናብቲ ጉሁር ሓዊ ወደቑ። . . እቶም መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኸርቲ ንጉሥን ተኣኪቦም፡ ነቶም ሰባት እቲ ሓዊ ገለ ከም ዘይገበሮም ረኣዩ። . . ናቡከደነፆር ከኣ 'እቲ ነቶም ባሮቱ መልኣኹ ሰዲዱ ዘናገፎም ኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ይባረኽ።" ከም ዝበለ ይነግረና።<br>• ጸሎት ኣዛርያን መዝሙር ሠለስተ መንእሰይን ከኣ "ኦ ኣግዚኣብሔር ኣቦታትና፡ ንዘለዓለም ምስጉንን ልዑልን ኢኻሞ ነመስግነካ ኣሎና። ክብሩን ቅዱስን ንዝኾነ ስምካ፡ ንዘለዓለም ኣዝዩ ምስጉንን ልዑልን እዩ እሞ፡ ነመስግነካ ኣሎና። . . . ንስኻ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ተቐሚጥካ መዓሙቕ ቀላያት እትርኢ፡ ንዘለዓለም ክቡርን ኣዚኻ ልዑልን ኢኻ እሞ፡ ነመስግነካ ኣሎና። ንስኻ ኣብ ዝፋን መንግሥትኻ ዘሎኻ፡ ንዘለዓለም ልዑልን ኣዚኻ ምስጉንን ኢኻ እሞ፡ ነመስግነካ ኣሎና።" ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 8 ብዛዕባ ኢየሱስ 'ሓቂ ሓራ ተውፅኣኩም እያ' ኢሉ ከም ዝመሃረ ይነግረና። "ስለዚ ኢየሱስ ነቶም ናብኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ 'ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተ ጸናዕኩም ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢኹም። ሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፣ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ኽተውጽኣኩም እያ' በሎም።' . . . 'ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ኃጢኣት ዚገብር ዘበለ ንሱ ባርያ ኃጢኣት እዩ። ባርያ ከኣ ኣብ ቤት ንኹሉ ጊዜ ኣይነብርን እዩ፣ ውሉድ ግና ንኹሉ ጊዜ ኣብኡ ነባሪ እዩ። ወልድ ሓራ እንተ ኣውፅኣኩም ብሓቂ ውፁኣት ሓራ ኽትኮኑ ኢኹም።" ይብለና።<br><br>ደቂ ሰብ መንገዲ ስለ ዘሰሓቱን ሓቂ ስለ ዘጥፍኡን፡ ኣምላኽ ንኢየሱስ ወዱ እታ ቅንዕቲ መንገዲ ከርእየና ለኣኾ። ኢየሱስ ነቲ ሓቂ ነጊሩና እዩ። ኣምላኽ ፍቕሪ ከም ዝኾነ፡ ኣቦና ከም ዝኾነ፡ ከም ዝሓልየልና፡ ምስኡ ክነብር ከም ዝደልየና፡ ኩላትና ደቁ ምዃናንን፡ ከም ኣሕዋትን ኣሓትን ክንፋቐር ከም ዝግብኣናን ነጊሩና። ሓጎስ ኣብ ኣምላኽ እምበር ኣብ ብልዕን መስተን ፍትወት ሥጋናን ከም ዘይርከብ ኣነጺሩ ነጊሩና። ካብዚ ወጻኢ ኣብ ትሕቲ ባርነት ኃጢኣት ምንባር ምዃኑ ገሊጹልና። ምሉእ ነጻነት ክህልወና ካብ ኃጢኣት ክንወጽእ ከም ዘሎናን ካብኡ ተማሂርና። ኣብ ቃሉ ምጽናዕ የድልየና። ሓርነት ኣብኡ እዩ ዘሎ። ሰብ ብሃብትና፡ ብመልክዕና፡ ብጉልበትና፡ ወይ ብሥልጣና 'ከማኻ/ኺ የለይ' እንተ በለና ሓቂ ከይመስለና። እቲ ሓቂስ ምድራዊ ሕይወትና ሓጺር ምዃኑን፣ ከመ ሳዕሪ ወይ ከም ዕምባባ ሎሚ ተራእዩ ጽባሕ ዘየሎ፡ ከም እንሓልፍ ቃል ኣምላኽ ነጊሩና እዩ። ነፍስና ንዘለዓለም ምእንቲ ክትነብር ምስ ኣምላኻ ክትጠብቕ ኣለዋ። እዚ ከኣ ብኃጢኣትና ተነሲሕና፣ ብመንገዲ ኣምላኽ ክንመላለስ ከሎና ጥራይ ኢና ክንበጽሖ እንኽእል። ነዚ እንተ ዘይተቐብልናዮ፡ እቲ ካልኣይ ምርጫ፡ ሕይወትና ኣብዚ ምድሪ ጥራይ ከም ትውዳእ ገይርካ ምእማን እዩ። ታሕጓስና ከኣ ኣብ ብልዕን መስተን፡ ፍትወት ሥጋን፡ ሃብትን ክብረትን ናይዛ ዓለም እዚኣ ንምርካብ ምጽዓር እዩ። ክንደይ ካባና እዮም ክረኽቡዋ? እዚ ዓይነት ሕይወት ዘለዎም ብዙሓት እዮም፣ ንሕና ክርስቲያን ግና ንሱ ኣይኮናን እንኣምን። ኣብዚ ዓለምዚ ብሓቂ፡ ብፍትሒ፡ ብጽድቂ፡ ከምኡውን ብፍቕሪ ምንባርን፣ ደሓር ከኣ ኣብታ ሰማያዊት ቤት ኣቦና ንዘለዓለም ብታሕጓስ ምንባርን እዩ ተስፋና። ኣብዚ ናይ ክርስቶስ ቃል ሓቂ ደው ክንብል ኢና። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ቃልካ ሓቂ እዩ። ንመንገደይን ጉዕዞ ሕይወተይን ከኣ የብርሆ። ናብታ ዘለዓለማዊት ቤት ከኣ የቕንዓኒ። ስለ ቃልካ አመስግነካ። ቃልካ ኣብ ልበይ ሕተመለይ። ኣብኡ ኪጸንዕን ደው ከም ዝብልን ከኣ ግበረኒ። ከምቶም ስለ ቃልካ ሕይወቶም ዘወፈዩልካ ሰማዕታት፡ ክስዕበካ ሓይልኻ ሃበኒ። ንኣኻን ንዓለምን ብሓደ ግዜ ክስዕብ ከይፍትን ሓልወኒ። ኣይውዑይ ኣይዝሑል ካብ ምዃን ኣድኅነኒ።" |

<table>
<tr><th>ዕለት</th><th>ንባብ</th><th>ኣስተንትኖ</th></tr>
<tr>
<td>14<br>ሚያዝያ<br>(ሓሙስ)</td>
<td>ዘፍ 17፥ 3-9<br>መዝ 105፥ 4-9<br>ዮሓ 8፥ 51-59</td>
<td>
ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?
<ul>
<li>ኦሪት ዘፍጥረት 17 ብዛዕባ ግዝረት ምልክት ኪዳን ምዃኑ ይዛረበና። “ኣምላኽ ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፦ ‘እንሆ፡ ኣነ ኪዳነይ ምሳኻ አቕውም ኣሎኹም ንስኻ ኣቦ ብዙኃት ሕዝብታት ገይረካ እየ እሞ፡ ‘ኣብርሃም’ ደኣ እምበር፡ ደጊም ስምካ ‘ኣብራም’ ኣይጸዋዕ። ኣዝየ ከፍርየካ እየ፣ ብዙኀ ሕዝቢ ከም እተኸውን ድማ ኽገብረካ እየ፣ ነገሥታትውን ካባኻ ኺውለዱ እዮም። . . . ንዘርእኻ ድማ ኣምላኾም ክኸውን እየ። . . ‘ንስኻ ፡ ብድኅሬኻ ከኣ ዘርእኻ ንውሉድ ወለዶ ኪዳነይ ክትሕልዉ ኢኹም።” ይብለና።</li>
<li>መዝሙር 105 ከኣ “ኃይሊ ኪህበኩም ንእግዚኣብሔር ለምንዎ፣ ኣዘውቲርኩም ኣምልኽዎ። ኣቱም ዘርኢ እቲ ባርያ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኣብርሃም፣ ኣቱም ውሉድ ኣቲ ኅሩይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ያዕቆብ፣ ዝገብሮ መስተንክር ግብርታቱን ተኣምራቱን ዝሃቦ ፍርዱን ዘክሩ። . . . ነቲ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኪዳን፡ ነቲ ንይስሓቅ ዝሃቦ ተስፋ፡ ኺፍጽም እዩ።” ይብለና።</li>
<li>ወንጌል ዮሓንስ 8 ብዛዕባ ኢየሱስ ቅድሚ ኣብርሃም ከም ዝነበረ ይገልጸልና። “’እቲ ቃለይ ዚሕሉ ዘበለ ንዘለዓለም ከም ዘይመውት ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ’ በሎም። ኣይሁድ ድማ ‘ጋኔን ከም ዘሎካ ሕጂ ፈለጥና፣ ኣብርሃም ሞይቱ፡ ነብያትውን ሞይቶም፡ ንስኻ ግና ‘ቃለይ ዚሕሉ ንዘለዓለም ኣይኪመውትን እዩ’ ትብል ኣሎኻ። ካብቲ ዝሞተ ኣቦና ኣብርሃምዶ፡ ንስኻ ትዓቢ ኢኻ? ነብያትውን ሞይቶም፣ ንርእስኻ መን ትገብራ ኣሎኻ?’ በልዎ። . . . ኢየሱስ ከኣ ‘ኣቦኹም ኣብርሃም መዓልተይ ኪርኢ ከም ዘለዎ ፈሊጡ ተሓጒሰ፣ ርእዩ ኸኣ ባህ በሎ’ እናበለ መለሰሎም። . . . ‘ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ኣብርሃም ከይተወልደ ኸሎ ኣነ ኣሎኹ’ በሎም።” ይብለና።</li>
</ul>
እዚ ብዛዕባ እቲ ዓቢይ ምሥጢር ‘ኣምላኽ ሥጋና ለቢሱ ከማና ሰብ ምዃኑ’ ዚገልጽ እዩ። ኣይሁድ ድማ ንምርድኡ ተሸጊሮም። ነቲ ፍጹም ሰብ ዝኾነ ኢየሱስ ጥራይ እዮም ዝፈልጡ ዝነበሩ። ነቲ ከም ኣምላኽ ‘ኣብርሃም ከይተወልደ ከሎ ኣነ ኣሎኹ” ዚበሎም ዘረባ ከም ሃለውለው ከም ዘረባ ዕብዳን ቆጸርዎ። ‘ቃለይ ዚሕሉ ዘበለ ንዘለዓለም ከም ዘይመውት . .” ኪብል ዚኽእል ኣምላኽ ጥራይ እዩ። እቲ እግዚኣብሔር ንኣብርሃምን ዝኣተወሉ ኪዳንን ተስፋን፡ ኣብ ዳሕራይ ጊዜ ከኣ ብነብያት ገይሩ ዝገልጾ መስተንክር ነገር፡ ማለት ‘ስለዚ እግዚኣብሔር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህበኩም እዩ፣ እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ከኣ ኽትወልድ እያ፣ ስሙውን ኣማኑኤል ኢላ ኽትሰምዮ እያ’ (ኢሳ 7፥ 14) ኢሉ ዝነገሮ ቃል ይፍጸም ከም ዝነበረ ኣይሁድ ኪርእዩ ኣይከኣሉን። ሎሚ ንሕናኸ ነዚ ኣደናቒ ምሥጢር ተቐቢልናዮዶ? ኢየሱስ ንሱ እቲ ወዲ ኣምላኽ፡ ካብ ሰማይ ንድኅነትና ዝወረደ ምዃኑ ኣሚናዮዶ? ዘለዓለማዊ ሕይወትና ኣብ ምቕባልን ምንጻግን ናይዚ ምሥጢር እዩ ዚርከብ። ሎሚ ኣብ ዓለምና ብዙሓት ሰባት ነዚ ሓቂ እዚ ኣይፈለጥዎን ወይ ክቕበልዎ ኣይደለዩን። ኣብ ሞንጎና እቶም ክርስቲያንውን ብዙሓት ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ቦታ ኣይሃብናዮን። ኢየሱስ ትማልን ሎምን ንዘለዓለምን ሕያው ምዃኑ ኣየስተውዓልናዮን። ሎሚ ዚዓዩን ዜድኅንን ከም ዝኾነ ዘይንፈልጥ ወይ ዘይንጽበዮ ኣሎና። ሎሚ ቃል ኣምላኽ ምስዚ ዓቢይ ምሥጢር ፊት ንፊት ደው ከም እንብል ይገብረና ኣሎ። ንኢየሱስ ንጸውዓዮ፡ ኣብ ሕይወትና ኪኣቱውን ንፍቀደሉ። “ነዓ አ ኢየሱስ! ኣብ ሕይወተይ ተገለጽ። ልበይ ንቃልካ ክኸፍቶ ጸጋኻ ሃበኒ። እምነት ወስኸኒ። ንሕይወተይ በቲ ዘለዓለማዊ ቃልካ ክትመርሖ እደሊ ኣሎኹ። ንኃጢኣተይ ኪፈልጦን ክጽየፎን ክንስሓሉን ሓግዘኒ። ካብ ልብኻ ሕያውነትን፡ ፍቕርን፡ ርኅራኄን ከም ዝመሃር ግበረኒ። መዓልቲ መዓልቲ ኣብ ልበይ፡ ኣብ ሥርሐይ፡ ኣብ ኩሉ ምስ ብጾተይ ዝገብሮ ርክባትን፡ ሒዘካ ከም ዝጐዓዝ ግበረኒ። ነቶም ዘለዉኒ ፈተናታት . . . ንዓኻ እህበካ ኣሎኹ፣ እቲ ዘሎኒ ጸገማት . . . እንሆልካ። በቲ ኩሉ ኣብ ሕይወተይ እትገብረለይ ሠናይ . . . ከኣ አመስግነካ ኣሎኹ። ኦ ኢየሱስይ ኩሉ ግዜ ምሳይ ኩን!”
</td>
</tr>
</table>

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 15 **ሚያዝያ** (ዓርቢ) | **ኤር** 20፡10-13<br>*መዝ* 18፡ 2-7<br>**ዮሓ** 10፡ 31-42 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኤርምያስ 10 "ብዙኃት ኪሓምዩኒ እሰምዕ ኣሎኹ፣ ብኹሉ ሸነኸይ ስምባድ ይኸበኒ ኣሎ። 'ክሰስዎ፡ ንሕና ከኣ ክንከሶ ኢና' ይብሉኒ ኣለው። ፈተውተይ ውድቀተይ ይቃጸዉ 'ምእንቲ ኽነሕምቖን ሕነ ኽንፈድዮንሲ ይጥበረልና ይኸውን' ይብሉ ኣለዉ። ግናኸ ንስኻ እቲ ኃያል ጅግና ዝኾንካ፣ እግዚኣብሔር ምሳይ ኢኻ፣ ስለዚ እቶም ሰጐጕተይ ተዓንቂፎም ኪወድቁ እዮም። ስለ ዘይሰለጦም ኣዝዮም ኪሓንኩ እዮም። ነውሮም ድማ ንሓዋሩ ኣይክርሳዕን እዩ።" ይብል።<br>• *መዝሙር 18 ከኣ 'እግዚኣብሔር ዕቑባይን ዕርደይን መድኃኒየይን እዩ፣ ኣምላኽ ዚዕቍበኒ ዕቑባይ እዩ፣ ዋልታይን ኃይሊ ምድኃነይን ዕርደይን እዩ። ናብ እግዚኣብሔር ተማህለልኩ፣ ካብ ጸላእተይ ደሓንኩ፣ እግዚኣብሔር ይመስገን። . . . ብጸበባይ ንእግዚኣብሔር ጸውዕኩ፣ ናብ ኣምላኸይ ከኣ ተማህለልኩ፣ ድምፀይ ድማ ካብ መቕደሱ ሰምዐ፣ ገዓረይውን ኣብ ኣእዛኑ በጽሐ።" ይብለና።*<br>• ወንጌል 10 ከኣ ኣይሁድ ንኢየሱስ ኽቀትልዎ ከም ዝደለዩ ይነግረና። "ኢየሱስ ከኣ 'ካብ ኣቦይ ብዙኅ ሠናይ ግብርታት ኣርኣኹኹም፣ ካብኣተን በየነይተን ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ ኽትቀትሉኒ ትደልዩ ዘሎኹም?' እናበለ ተዛረቦም። ኣይሁድ ከኣ 'በቲ ምጽራፍካን ሰብ ክሎኻ ገዛእ ርእስኻ ኣምላኽ ምግባርካን እምበር በቲ ጽቡቕ ግብርታትካ ኣይኮናን ብዳርባ እምኒ እንቐትለካ' ኢሎም መለሱሉ።" ይብለና።<br><br>ንሕና ደቂ ሰባት፡ ንጽቡቕ ነገርውን ብዘይምርዳእና ወይ ብክፉእ እናተርጐምና ክንቃወሞ ንርከብ ኢና። ንልኡኻት ኣምላኽን፡ ንድኅነትና ዝመጹ ሰባትን ንምጥፋእ ንህንደድ። እዚ ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ፡ ብክልተ ወገኑ - ብወገን ልኡኽ ኣምላኽን፡ ብወገን ተቐበልቲ መልእኽትን - ክንርእዮ ኢና። ነብያት ከምኡውን ብዓቢኡ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ልኡኻት እቲ ንድኅነትና ኩሉ ግዜ ዚዓዪ እግዚኣብሔር እዮም። ብምኽንያት መልእኽቶም ካብ ተቐበልቲ መልእኽቲ ስደትን፡ ምስጓጕን፡ ማህረምንትን፡ ማእሰርትን፡ ሞትን በጺሕዎም። ልኡኻት ሽግር ኣብ ዘጋጥሞም፡ ናብቲ ዝለኣኾም እግዚኣብሔር የእውዩን ይጥምቱን። ንሱ ኸኣ ይረድኦም። እንተኾነ ሕይወቶም ከይተረፈውን ኪስውዑ ኣምላኽ ይፈቕድ እዩ። ንኢየሱስ ወዱ ናብ ዓለም ምስ ለኣኾ፡ ኣይሁድ ብዙሕ ግዜ እዮም ኪቀትልዎ ዝፍትኑ፡ ኣምላኽ ግና ካብ ኢዶም የውጽኦ። እታ ጊዜኡ ምስ በጽሐት ግና ንመስዋዕቲ መስቀል የወፍዮ። ንሕና ከም ልኡኻት ከኣ፡ ስደትን መከራን እንተ ኣጋጠመና፡ ከም ሓዲሽ ነገር ክንሓስቦ ኣይግብኣን። ኩሉ ጊዜ ካብታ ኢየሱስ ወዱ ዝሰተያ ጽዋዕ መስቀል ኣምላኽ ንልኡኻቱ ስለ ዘካፍሎም፡ ንኣናውን የካፍለና እዩ። ሓዋርያት ኩላቶም ካብኣ ሰትዮም፡ ቀዳሞት ክርስቲያን ብደሞም መስኪሮም። እቲ ዝበዝሕ ምስክርነትና ብደም ዝፍጸም እኳ እንተዘይኮነ፣ ጸርፍን፡ ውረደትን፡ ንዕቀትን፡ ምኽፋእ ስምን ግና ዘይተርፍ እዩ። ናይ ተልእኾና ኣኽሊል ስለ ዝኾነ ንኢየሱስ ብምምሳልና ክንሕጐስ ይግብኣና። በቲ ካልእ ወገን፣ ንሕና ከም ተቐበልቲ መልእኽቲ፡ ሎሚ እግዚኣብሔር ንኣና ዝብሎ ኣለዎ። ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መልእኽቱ ይሰደልና እዩ። ብጽበት ኣመለኻኽታና ወይ ብዘይምእማና፡ ነቲ ዝተላእከልና መልእኽቲ ንምንጻግ ቅልጡፋት ከይንኸውን ነፍስና ክንምርምር ይጽውዓና ኣሎ። ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ናብ ንስሓ እዩ ዚጽውዓና። ካብ ፍቕሪ ከም ዝወጻእና፡ ንገለ ካብ ኣኅዋትና ወይ ኣኃትና ብጽልኢ ነርሕቖም ከም ዘሎና ኣምላኽ ይነግረና። ነቶም መልእኽቲ ዕርቂ / ፍቕሪ ሒዞምልና ዝመጹ ሰባት ብኸመይ ንቕበሎም? ብዙሓት ኣኅዋት ኪዓርቁ ዚመጹ ተዋሪዶን ዘይሰሞም ሒዞም ዝምለሱ ከም ዘለዉ ኣይተዓዘብናን ዷና? ነቶም ኣብ ሻርነትን ምፍልላይን 'ጽቡቕ ኣይኮነ፡ ኣነ ኣይጽምበሮን እየ" ዚብሉና እንታይ ዷና እንገብሮም? እምበኣር ሎሚ ኣምላኽ ተግባራትና ከነስተውዕሎ ይሓተና ኣሎ። ምስቶም ሰቐልቲ ኢየሱስን፡ ሰቐልቲ ኣኅዋቶምን ኣይንኩን። ንሕናስ ከም ደቂ ኣምላኽ ንፍቕርን ሰላምን ኅውነትን መስዋዕቲ ክንከፍል ደኣምበር፡ ነቶም ደቂ እግዚኣሔብር ክነሳድዶም ኣይግባእን። "ኦ ኢየሱስ ጐይታ፡ ምሳኻ ደኣምበር ኣንጻርካ ከይስለፍ ሓልወኒ። ንመልእኽትኻ ብትሕትናን ብምስትውዓልን - ካብ ዝመጸ ይምጻእ - ልበይ ከፊተ ብታሕጓስ ከም ዝቕበሎ ግበረኒ። ንሓቂ ንምቕባል ከም ዘይፈርህ ግበረኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 16<br>**ሚያዝያ**<br>(ቀዳም) | 2 ሳሙ 7፡ 4-5, 12-16<br>**መዝ** 89፡ 2-5, 27, 29<br>**ማቴ** 1፡ 16, 18-21, 24 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2ይ ሳሙኤል 7 "በታ ለይቲ እቲኣ ድማ እግዚኣብሔር ንናታን ከምዚ ዚስዕብ በሎ፦ 'ኪድ ንባርያይ ዳዊት እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 'ንስኻ ኣነ ዝነብረላ ቤት ኣይትሠርሓለይን ኢኻ። . . . መዓልትታትካ ምስ ኣኸላ፡ ምስ ኣቦታትካ ከኣ ምስ ተቐበርካ፡ ብድኅሬኻ ንሓደ ካብ ደቅኻ ልዕል ኬብሎ እየ፣ ነታ መንግሥቱውን ከጽንዓ እየ። ንሱ ንስመይ ቤት ኪስሥርሕ እዩ፣ ኣነ ኸኣ ዝፋን መንግሥቱ ንዘለዓለም ኪጽንዓሉ እየ። ኣነ ኣቦ ኪኾኖ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ። . . . ቤትካን መንግሥትኻን ከኣ ንዘለዓለም ኪጸንዐ እየን፣ ዝፋንካውን ንዘለዓለም ኪጸንዕ እዩ።" ከም ዝበሎ ይነግረና።<br>• መዝሙር 89 ከኣ "ምሕረትካ ንዘለዓለም ከም ዝነብር፡ እሙን ምዃንካን ከም ሰማይ ጸኒዑ ከም ዚነብር እፈልጥ እየ። ምስ ኅሩየይ ኪዳን ኣቶኹ፡ ንዳዊት ባርያይ ከኣ 'ዘርእኻ ንዘለዓለም ከጽንዕ፣ ዝፋንካውን ንውሉድ ወለዶ ክሓንጾ እየ' ኢለ መሓልኩሉ' በለካ። . . . መሠረት ዝፋንካ ጽድቅን ቅንዕናን እዩ፣ ምሕረትካን እሙን ምኳንካን ኣብ ኵሉ ግብርታትካ ይግለጽ። እቲ እልልታ ዚፈልጥ ሕዝቢ፣ ኦ እግዚኣብሔር ፡ እቲ ንስኻ እንዳብራሁካሉ ዚነብር ሕዝቢ ዕዉት (ብፁዕ) እዩ። ብስምካ ምሉእ መዓልቲ ይሕጐሱ፣ ጻድቕ ስለ ዝኾንካ ድማ የመስግኑኻ። . . . ካብ ዘርኡ ንዘለዓለም ከንግሥ እየ፣ ንመንግሥቱውን ከም ዕድመ ሰማይ ክገብሮ እየ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 1 ከኣ "ያዕቆብ ንዮሴፍ ሕጹይ ማርያም ወለደ። ካብኣ ድማ እቲ ክርስቶስ ዝተባህለ ኢየሱስ ተወልደ። . . . 'ዮሴፍ ወዲ ዳዊት፡ እቲ ኻብኣ ዘውለድ ብመንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ ንሕጽይትኻ ማርያም ምውሳዳ ኣይትፍራህ። ወዲ ክትወልድ እያ ንሱ ንሕዝቡ ካብ ኃጢኣቶም ኬድኅኖም እዩ እሞ ስሙ ኢየሱስ ክትብሎ ኢኻ' . . . ዮሴፍ ካብ ድቃሱ ተንሢኡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዞ ገብረ፣ ንማርያም ሕጽይቱ ወሰዳ፡" ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ንባባት፡ እታ እግዚኣብሔር ንዳዊት ንጉሥ ንሓደ ካብ ደቁ ልዕል ከብሎን መንግሥቱ ንዘለዓለም ከጽናዓሉ ከም ዝኾነን ኣተስፍይዎ ዝነበረ፡ ኣብ ኢየሱስ ከም ዝፍጸም ይነግረና ኣሎ። ንጉሥ ሰሎሞን ብንኡስ ደረጃ ድሕሪ ኣቦኡ ዳዊት ዓቢይ መንግሥትን ክብርን እግዚኣብሔር ከም ዝሃቦ ንርኢ ኢና። እንተ ኾነ ግና መንግሥቱ ንዘለዓለም ኣይነበረትን። ኢየሱስ ዝተኸላ መንግሥቲ ሰማይን ምድርን ዝጠርነፈት ኮይና ዘለዓለማዊት ከኣ እያ። ንሳ መንግሥቲ ኣምላኽ እያ። ብኵሎም እቶም ንክርስቶስ ከም ጐይታን መድኃንን ዝተቐብልናዮ ሕዝበ-እግዚኣብሔር ዝቘመት መንግሥቲ እያ። ንኣና እቶም ኣብ ምድሪ ዘሎናን፡ ነተን ኣብ ንስሓ ቦታ ዘለዋ ነፍሳትን፡ ነቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ መልእኽትን ቅዱሳንን ከኣ ትጥርንፍ። ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዳግማይ ምጽኣቱ ብክብሪ ክመጽእ እዩ። ሽዑ ብሓባር ንዘለዓለም ኣብ መንግሥቱ ክነብር ኢና፣ ንዘለዓለም ምስኡ ክንሕጐስን ክነግሥን ኢና። መሠረት ዝፋኑ ጽድቅን ቅንዕናን እዩ፣ ምሕረቱን እሙን ምዃኑን ኣብ ኵሉ ግብርታትካ ይግለጽ። ኢየሱስ ንዘለዓለም እንዳብርሃልና ስለ እንነብር ከኣ 'ዕድለይናታት፡ ብፁዓን' ክንበሃል ኢና። ብስሙ ምሉእ መዓልቲ ንሕጐስ። እግዚኣብሔር ጻድቕ ስለ ዝኾነ ንዘለዓለም እና ክምውድሶን ከነምልኾን ኢና። ንብዓትና ተደሪዙ፡ ሓዘና ብሓጐስ ተቐይሩ፡ ተጸናኒዕና ንዘለዓለም ክነብር ኢና። ስለዚ ናይ ተስፋ ቃላት እዩ ዝወሃበና ዘሎ። ከም ደቂ ተስፋ ንዘለዓለማዊት ቤትና እናኣማዕዶና ክነብር ይግብኣና። ምድሪ ዘለዓለምዊት መዕረፊት ቤትና ኣይኮነተን። ምድራዊት ሕይወትና ሓጻርን ፈተና ዝበዝሓን እያ። ብዙኃት ካባና ግና ኣብ ምድሪ ክጥዕመና ጥራይ ንሓስብ ኣሎና። ናይ ዝመጽእ ሕይወትና ፈጺምና ኣይንሓስብን። ቀዳምነታትና ተዘናቢሉ ስለ ዘሎ፡ ቅድም 'መንግሥቱን ጽድቁን' ክንደሊ ይግብኣና። ከም ተወሳኺ ንምድራዊ መነባብሮና ዘድሊ ኣምላኽ ክህበና እዩ። ከም ደቂ ኣምላኽ፡ ነቲ ንሱ ዝሃበና መኽሊት፡ ብከንቱ ከየጥፋእና እንተ ሠሪሕናሉ፡ ንርእስናን ንካልኦትን ክንከውን ኢና። ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ንዝሃበና ሓላፍነት፡ ከምቲ ንኣኡ ባህ ዘብሎ ብግቡእ ክንዓዮን ክነመሓድርን ክንክእል ኢና። "ኦ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽ ምስትውዓል ሃበኒ። ንመንገዲ ጽድቂ ብኢየሱስ ወድኻ ጥራይ ከም እትርከብ ክኣምን ጸጋካ ሃበኒ። ሓጎሰይ በቲ ካብ ኣፍካ ዚወጽእ ቃል እምበር ብእንጌራ ምብላዕ ጥራይ ከምዘይመጽእ ኣርእየኒ። ባህጊ ግዝኣትካን መንግሥትካን ኣሕድረለይ። ኣሜን!" |

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ሰሙን ሕማማት

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

---

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። “ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!”*

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ<br>ሰንበት - ዘሆሳዕና |
|---|---|---|
| 17<br>*ሚያዝያ*<br>2016 | **ዕብ** 9፡ 11-ፍ<br>**1ጴጥ** 4፡ 1-11<br>**ግሓ** 18፡ 12-ፍ<br>**ዮሓ** 12፡ 12-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• *መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን 9 “በዚ ምኽንያት እዚ ክርስቶስ ናይዛ ሓዳስ ኪዳን እዚኣ ሞንጎኛ ኾነ። እቶም ጽዉዓት ነታ ዘተሰፈዋ ናይ ዘለዓለም ርስቲ ምእንቲ ኺወርሱ፣ ካብቲ ኣብ ትሕቲ እታ ቐዳመይቲ ኪዳን ከለዉ ዝገበርዎ ኃጢኣት ምእንቲ ኼድኅኖም በጃ ኾይኑ ሞተ።” ይብለና።*<br>• 1 *ጴጥሮስ* 4 *ከኣ ብዛዕባ ብክስቶስ ዝተለውጠ ሕይወትን፡ ኣገልግሎት ሓድሕድን ይዛረበና። “ደጊም እቲ ብዕብዳን፡ ብፍትወት ሥጋ፡ ብስኽራን፡ ብጓይላ፡ ዓቓን ብዘይብሉ መስተ፡ ብዘጸይፍ ኣምልኾ ጣዖት ክትነብሩ ከሎኹም ከምቲ ኣሕዛብ ዚደልይዎ እናገበርኩም ዘኅለፍኩምዎ ዘመን ይኣክል። ናብቲ ዕያግ ርኽሰት ምስኣቶም ስለ ዘይጐየኹም ይግረሙ፣ ንኣኻትኩም ከኣ ይጸርፉኹም ኣለዉ።” ይብለና። . . . ናይ ኩሉ ነገር መወዳእታ ቐሪቡ እዩ፣ ስለዚ ጸሊኹም ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ገዛእ ርእሶም ዝገትኡን ጥንቁቓትን ኩኑ። ፍቕሪ ብዙኅ ኃጢኣት ትኸድን እያ እሞ ቐድሚ ኹሉ ንሓድሕድኩም ብምሉእ ልቢ ተፋቐሩ። ብዘይ ምዕዝምዛም ተቐበልቲ ጋሻ ኹኑ። ናይቲ ብዙኅ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ እሙናት ኣገልገልቲ ብምዃን፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከምቲ ዝተቐበልኩምዎ ውህበት ጸጋ ጌርኩም ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ።” ይብለና።*<br>• *ግብረ ሓዋርያት* 18 *ከኣ “ጋልዮስ ኣብ ኣካይያ ምስለኔ ተሸይሙ ኸሎ፡ ኣይሁድ ኃቢሮም ኣንጻር ጳውሎስ ተንሢኦም ናብ መጋባእያ ኣቕረብዎ። ‘ብዘይ ሕጊ ንኣምላኽ ኬምልኽዎ ንሰብ ይሓባብል ኣሎ’ ኣናበሉ ድማ ኸሰስዎ። ጳውሎስ መልሲ ኪህብ ምስ ተዳለወ ድማ፡ ጋልዮስ ንኣይሁድ ከምዚ በሎም፦ ‘ኣቱም ኣይሁድ፡ ብዛዕባ ገለ ዓመጽ ወይ ገለ ክፉእ ግብሪ እንተ ዚኸውንሲ፡ ሃዲአ ኽሰምዓኩም ግቡእ ነይሩ፣ ሕጂ ግና ክትዕኩም ብዛዕባ ቓልን ስምን ናይ ገዛእ ርእስኹም ሕግን ስለ ዝኾነ፡ ባዕላትኩም ፍለጡ፣ ኣነ ናይዚ ፈራዲ ክኸውን ድላይ የብለይን’ በሎም። ካብቲ መጋባእያውን ሰጐጎም።” ይብለና። ካብኡ ጳውሎስ ናብ ኣንጾኪያ ከም ዝተመልሰ ይነግረና።*<br>• *ወንጌል ዮሓንስ* 12 *ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ብዓቢይ ክብሪ ናብ ኢየሩሳሌም ከም ዝኣተወ ይነግረና። “ንጽባሒቱ እቶም ንበዓል ዝመጹ ብዙኃት ሕዝቢ፣ ኢየሱስ ናብ ኢየሩሳሌም ከም ዝመጽእ ሰሚዖም፡ ጨናፍር ኦም ስየ ኣልዒሎም ኪቕበልዎ ወፁ። ዓው ኢሎም ከኣ ‘ሆሥዕና! እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዚመጽእ ንጉሥ እስራኤል ቡሩኽ እዩ” በሉ። ከምቲ ‘እቲ ኢየሩሳሌም ኣይትፍርሂ፣ እንሆ ንጉሥኪ ኣብ ጻዕብ ኣድጊ ተወጢሑ ይመጽእ ኣሎ፣” ዚብል ተጻሒፉ ዘሎ፣ ኢየሱስ ጻዕብ ኣድጊ ረኺቡ ተወጥሖ።” ይብለና።*<br><br>*ኢየሱስ ናብ ኢየሩሳሌም ብኽብሪ ከም ንጉሥ እኳ እንተ ኣተወ፡ ናቱ ንግሥነት ግና ናይዚ ምድሪ እዚ ኣይነበረን። ድሕሪ ቍሩብ መዓልታት ንሞት ኪፈርድዎን ኣብ መስቀል ኪመውትን እዩ። ንመላገጺ ኢሎም ናይ ንግሥነቱ ምልክት ኣኽሊል እሾኽ ኪገብርሉ እዮም። ኣብ ልዕሊ እቲ መስቀሉ ከኣ ‘ኢየሱስ ናዝራዊ ንጉሥ ኣይሁድ’ ዚብል ጲላጦስ ኣጽሒፉሉ ነይሩ። ብዝተረፈ ንዝርእዮ ኩሉ ዘስካሕክሕ ትርኢት ነበሮ። ከም ሓደ ሰራቒ ከም ሓደ ገበነኛ ብውርደት ሞተ። ናይ ደቂ ሰብ ክፍኣትን ኃጢኣትን ኩሉ ኣብ ልዕሊኡ ተራእየ። ክፍኣትን ጭካነን ሰብ ደረት ከምዘይብሉ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ ተገልጸ። ንሱ ግና ናይ ፍቕሪ ንጉሥ ኮይኑ በርሀ። ንቐተልቱ መሐረ። ምእንትኦም ጸለየ። በጃ ኩሉና ከኣ ሕይወቱ ሃበ። ትንፋሱ ምስ ወፀት ግና ኃይሉ ኣርኣየ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቱ ካብ ሞት ብምትንሥእ ከኣ ጒይትነቱ ኣፍለጠ። ንጉሥ ሰማይን ምድርን ምዃኑ ተገልጸ። ኢየሱስ ናይ ነፍሳትና ንጉሥ ደኣምበር፣ ብሥጋ ኣብ ዓለም ኪንግሥ ኣይመጸን። ንሱስ ካብ ማእሰርቲ ኃጢኣትና ኬድኅነና እዩ ካብ ሰማይ ምእንታና ዝወረደ። ዙፋኑ ኣብ ልብና እዩ። እምበኣር ሎሚ ቃል ኣምላኽ፣ ንኢየሱስ ከም ጐይታን መድኅንን ክንቅበሎ ይዕድመና ኣሎ። ካብ ዕብዳን፡ ፍትወት ሥጋ፡ ስኽራን፡ ጓይላ፡ ዓቓን ዘይብሉ መስተ፡ ዘጸይፍ ኣምልኾ ጣዖት ብንስሓ ክንወጽእ የተባብዓና ኣሎ። “ንዓ ኦ ኢየሱስይ ናይ ልበይ ንጉሥ ኩን! ንዓኻ ከቐድምን ከምልኽን ኃይልኻ ሃበኒ። ቕድሚኻ ዝሰርዖ ካልእ ንጉሥ ከይገብር ጸጋኻ ሃበኒ።”* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 18 **ሚያዝያ** (ሰኑይ) | **ኢሳ** 42፡ 1-7<br>*መዝ* 27፡ 1-3, 13-14<br>**ዮሓ** 12፡ 1-11 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 42 ብዛዕባ እቲ ባርያ እግዚኣብሔር ይዛረበና። “እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፦ ‘ኣነ ዝኃሬኹዎ፡ ብእኡ ከኣ ባህ ዝበለኒ፡ ዝድግፎ ባርያይ እንሆ። መንፈሰይ ኣብኡ ኣኅዲረ ኣሎኹ፣ ንሱ ኸኣ ነሕዛብ ፍትሒ ኼውጽእ እዩ። ኣይኪጭድርን፡ ድምፁ ዓው ኣቢሉ ከኣ ኣብ ኣደባባይ ኣይኬስምዕን እዩ። ጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይኪሰብርን፡ ኪጠፍእ ዝደለየ ጥዋፍ ድማ ኣይኬጥፍእን እዩ። ብሓቂ ንኹሉ ፍትሒ ኼውፅእ እዩ። ፍትሒ ኣብ ምድሪ ክሳዕ ዚምሥርት ኃይሉ ኣይሓምቕን ኣይሕለልን፣ እተን ኣብ ርሑቕ ዘለዋ ደሴታት ከኣ ትምህርቱ ብሃረርታ ኪጽበያ እየን።” ይብለና።<br>• *መዝሙር* 27 ከኣ “እግዚኣብሔር ብርሃነይን ምድኃነይን እዩ፣ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ? እግዚኣብሔር ኃይሊ ሕይወተይ እዩ፣ ካብ መንከ እየ ዝስምብድ? . . . ሠራዊት እኳ እንተ ዝኸቡኒ ኣነ ኣይፈርህን እየ፣ ጸላእተይ ኪቃወሙኒ ኢሎም እንተ ዚለዓሉውን ኣብ ኣምላኽ እምነት ኣሎኒ። . . . ኣነ ንለውሃት እግዚኣብሔር ኣብዚ ምድሪዚ ብሕይወት ከም ዝርእዮ እኣምን እየ። ብእግዚኣብሔር ተሰፎ፡ በርትዕ ልብኻ ቐጥ ይበል፡ ኣጆኻ፡ እወ፡ ብእግዚኣብሔር ተስፋ ግበር።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 12 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ኣብ ቢታንያ ሽቱ ኸም ዝተቐብአ የዘንትወልና። “ማርያም ድማ ሓደ ፍርቂ ኣበስንቲ ዚኸውን ብጽሩይ ናርዶስ ዝተሰርሐ ብዙኅ ዝዋግኡ ቕዱይ ሽቱ ወሲዳ ኣእጋር ኢየሱስ ቀብአት፣ ብፀጕሪ ርእሳውን ደረዘቶ። እታ ቤት ከኣ ብመኣዛ እቲ ሽቱ መልአት። . . . ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ግና ‘እዚ ቅዱይ ሽቱ እዚ ከመይ ግዳ ንሠለስተ ሚእቲ ዲናር ተሸይጡስ ንድኻታት ዘይውሃብ?’ በለ። . . . ስለዚ ኢየሱስ ‘ንመዓልቲ ቐብረይ ዘዳለወቶ እዩ እሞ ኅደጋ። ድኻታትሲ ኹሉ ሳዕ ምሳኻትኩም ኣለዉ፣ ንኣይ ግና ኹሉ ሳዕ ኣይትረኽቡንን ኢኹም’ በሎ።” ይብለና።<br><br>ናይ ሎሚ ወንጌል ብዛዕባ ኣምልኾ እዩ ዘምህረና ክንብል ንኽእል። ማርያም ኃውቲ ኣልኣዛር ኢየሱስ ብገዝኣን ክሓልፍ መዓልቲ፡ ገለ ፍሉይ ነገር ክተወፍየሉ ተሰናድያ ጸኒሓ። ብሉጽን ክቡርን ሽቱ፡ ንኢየሱስ ነቲ እተፍቅሮ መምህራን ጐይትኣን፡ ሒዛ ተዳልያ ጸኒሓ። ምጽእ ምስ በለ እንታይ ከም እትገብር ትሓስብ ነይራ። ንዕኡ ዝቕመጠሉ ዝበለጸ ወንበር፡ ንእግሩ መሕጸቢ፡ መሓበሲ ጽሩይ ጨርቂ፡ ከምኡ ከኣ እቲ ኣሎ ዝተባህለ ብሊጽ ሽቱን ሒዛ፡ ብከመይ ኣገባብ ክትቀብኦ ከም ዘለዋ ሓሲባን ተዳልያን ትጸንሕ። ኢየሱስ ኣብ ቢታንያ ምስ በጽሐ፡ ሕዝቢ ኣብ ዙርያኡ ስለ ዝእከበ፡ ማርያም መጺኡ ካብ ትሰምዕ ክሳዕ ቤተን ዝኣቱ፡ ብተርባጽን ብናፍቖትን ትጽበዮ ከም ዝነበረትን፡ ኣፍ ደገ ገዛ ሒዛ ተማዕድዎ ከም ዝጸንሐትን ዘማትእ ኣይኮነን። ገዝኣን ምስ ኣተወ፡ ብሓጎስ ተፈንጭሓ፡ ዕልል ኢላትሉ ክትከውን እያ። ኣብቲ ዘዳለወትሉ ወንበር ከም ዝቕመጥ ምስ ገበረት፡ ከም ልማዳ ኣብ እግሩ ኮፍ ኢላ ከኣ ውራዩ ጥራይ ትገብር። እግሩ ሓጺባ፡ ኣንቂጻ፡ ብቅዱይ ሽቱ ክትቀብኦ ትጅምር። ኩላቶም በቲ ሽታ ምኽንያት ናብቲ ተግባራ ጠመቱን፡ በቲ ተግባራ ተገረሙን። ብዓቢይ ፍቕርን ኣኽብሮትን ነእጋሩ እናቀብአትን፡ ብፅጕሪ ርእሳ እናደረዘትን፡ እናሰዓመትን ኣብ ተመስጦ ኣተወት። ነቶም ኣብ ዙርያኣ ዝነበሩ ሰባት ፈጺማ ረስዓቶም። ናብ ጐይታኣ ናብ ኢየሱስ ጥራይ ብምሉእ ልባ ኣድሃበት። እዚ ካብኣ እንመሃሮ እቲ ብሉጽ ኣምልኾ እዩ። “ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ንስኻ ብርሃነይን ምድኃነይን ኢኻ። ብሃረርታ እጽበየካ ኣሎኹ። ከምዚ ናይ ማርያም ዝበለ ልቢ ሃበኒ። ጥዑም ሽቱ ኣምልኾ ከቕርበልካ ምሃረኒ። ‘ሰባት እንታይ ክብሉኒ እዮም’ ኢለ ከይተሰከፍኩ ንዓኻ ዘምልኽሉ ጸጋ ሃበኒ። እቲ ዝበለጸ ከቕርበልካ ዝኽእል ነገር ንዓኻ ይንእሰካ እምበር ኣይዓብየካን። ስለዚ ትሑትን ስቡርን ልቢ ሃበኒ። ዘፍቅረካን ዝናፍቐካን ልቢ ሃበኒ። ምስኻ ኣዕሊሉ ዘይጸግበካ ልቢ ሃበኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 19<br>**ሚያዝያ**<br>(ሠሉስ) | **ኢሳ** 49፡ 1-6<br>**መዝ** 71፡ 1-5, 15, 17<br>**ዮሓ** 13፡ 21-33, 36-38 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 49 ደጊሙ ብዛዕባ እቲ ባርያ እግዚኣብሔር ይዛረበና። “ኣትን ኣብ ርሑቕ ዘሎኽን መንግሥታት ስምዓኒ፣ ኣቱም ኣብ ርሑቕ ዘሎኹም ሕዝቡ፡ ጽን በሉ፣ ኣብ ማኅፀን ኣደይ ከለኹ እግዚኣብሄር ጸውዓኒ፣ ካብ ከርሲ ኣደይ ጀሚሩ ባርያኡ ኪኸውን ኃረየኒ። ንቓለይ ከም በሊሕ ሰይፊ ገበሮ፣ ኣብ ጽላል ኢዱ ኸኣ ሓብኣኒ፣ ስሑል ፍላጻ ገበረኒ፣ ኣብሊሑ ኣብ ጉልድባኡ ሓብኣኒ፣ . . . ንሕዝቡ ናብኡ ኽመልሶም፡ ነቶም ዝተበታተኑ ሕዝቢ እስራኤል ናብኡ ምእንቲ ኽእክቦም ከኣ ባርያኡ ገበረኒ። . . . ‘ብርሃን ኣሕዛብ ኪገብረካ ኢለ እየ፣ ባርያይ ክትከውን ዝኃሬኻ’ በለኒ።” ይብል።<br>• መዝሙር 71 ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣ ከቶ ኣይተኀፍረኒ። ንስኻ ጻድቕ ስለ ዝኾንካ ርድኣንን እናግፈንን። ስምዓኒ እሞ ኣድኅነኒ። ኩሉ ጊዜ ሃዲመ ዝዕቈበሉ ኸውሒ ኩነኒ፣ . . . ሽሕ እኳ እንተ ጸገመኒ፡ ሠናይ ምኳንካ ኽነግር እየ፣ ብዛዕባ ምድኅንካ ኹሉ መዓልቲ ኽዛረብ እየ።” ይብል።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 13፡ ኢየሱስ ብዛዕባ ክሕደት ይሁዳን፡ ጴጥሮስን ኣቐዲሙ ከም ዝነገሮም ይዛረበና። “ኢየሱስ ከኣ ‘እቲ ኣነ ቍራስ እንጌራ ጸቢሐ ዝህቦ፡ ንሱ እዩ’ ኢሉ መለሰ። ሽዑ ኸኣ ቑራስ እንጌራ ጸቢሑ ንይሁዳ ወዲ ስምዖን ኣስቆሮታዊ ሃቦ። ድኅሪ እታ ቍራስ እንጌራ ከኣ ሰይጣን ናብኡ ኣተወ። . . . ኢየሱስ ድማ ‘ናብቲ ኣነ ዝኸዶ ንስኻ ሕጂ ኽትስዕበኒ ኣይትኽእልን ኢኻ’ ኢሉ መለሰሉ። ጴጥሮስ ከኣ ‘ጐይታይ! ስለምንታይ እየ ሕጂ ኽስዕበካ ዘይኽእል? ሕይወተይ እንተ ኾነ እኳ በጃኻ ኣኅሊፈ ኽህብ እየ’ በሎ። ኢየሱስ ከኣ ‘ብሓቂዶ ንሕይወትካ በጃይ ከተኅልፋ ኢኻ? ሠለስተ ጊዜ ክሳዕ እትኽሕደኒ ደርሆ ኽም ዘይንቁ፣ ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ’ ኢሉ መለሰሉ።” ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ኣቦ ንኢየሱስ ወዱ ንሕዝቡ ናብኡ ኽመልሶም፡ ነቶም ዝተበታተኑ ሕዝቢ እስራኤል ናብኡ ምእንቲ ኽእክቦም እዩ ዝለኣኸልና። ንሱ ብርሃን ኣሕዛብ እዩ። ብርሃና እዩ። በዛ ሰሙን ሕማማት ምእንታና ብዙሕ ተሳቐየ። ናይ መስቀል ሞት ተቐበለ። እቶም ቀረባ ሰዓብቱውን ከይተረፉ ይኽሕድዎ። ይሁዳ ንሠላሳ ቕርሺ ንኢየሱስ የትሕዞ። ጴጥሮስ ከኣ ብፍርሂ ካብቶም ሰዓብቱ ምዃኑ ይኽሕድ። ኢየሱስ ኣብታ ከጸናንዕዎ ዝደልየላ ጊዜ፡ እንትርፎ ሓደ ክልተ፡ ኩሎም ሓዋርያቱ ሓዲጎምዎ ይሃድሙ፡ ንበይኑ ይተርፍ። እግዚኣብሔር ኣቦውን ስቕ ኢሉ ንሞት ኣወፈዮ። ‘ኦ ኣቦይ ንምንታይ ኃደግካኒ’ ኢሉ ክሳዕ ዘእዊ ንበይኑ ምእንታና ተሳቐየ። ኣብ እግዚኣብሐር ኣቦኡ ተወኪሉ ፍጹም ከም ዘይኃፍር ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ መሪር ጽዋዕ ሞት ድሕር ከይበለ ብምልኡ ተቐበሎ። ንሕና ንኢየሱስ ንምጥላም ጊዜ ኣይወስደልናን እዩ። ‘ክስዕበካ እየ፡ ኣይገድፈካን እየ’ ከም ዘይበልናዮ፡ ማሕላና ንጠልም። ቀደም ኣቦታትና መሲሎሞ እዮም፦ “ሰብ እንተሎ ሓሳዊ፡ እንተ ሞተ ጨናዊ” እዩ። እቲ ዘገርም፡ ትዕቢትና ኣይውዳእን እዩ። ኩሉ ጽቡቕ ክኸደልና ከሎ፡ ‘መን ከማይ’ ንብል። ነገራት ኣንጻርና ምስ ዝኾኑን፡ ክንጽገምን ከለናን ከኣ ኩሉ ኣንጻርና ዝተሰለፈ ይመስለና። ከመይ ኣሎና? ኩሉ ክንእደናን ከጣቕዓልናን ከሎ፡ ክርስቲያን ምዃን ይፍተወናዶ? ብምኽንያት እምነትና ዝፍትን ነገራት ከጋጥመና ከሎ ከኣ ንድሕሪት ምባል ኣይንቕደምንዶ? ከምቲ ንጐይታና ዝበጽሖ፡ መስቀል ዘይብሉ ክርስትና ክህሉ ኣይኽእልን። ኣብ ጽንኩር እዋናት ደው ኢልና ክንምክት ከድልየና እዩ። ብፈተና ዝሓለፈ ጥራይ እዩ ክዓብን ክበስልን ዝኽእል። “ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣ ከቶ ኣይተኀፍረኒ። ንስኻ ጻድቕ ስለ ዝኾንካ ርድኣንን እናግፈንን። ስምዓኒ እሞ ኣድኅነኒ። ኩሉ ጊዜ ሃዲመ ዝዕቈበሉ ኸውሒ ኩነኒ።” ምብል እንመሃረሉ ጊዜ እዩ። ኣብ ምድረበዳ ኮይና ንእግዚኣብሔር ጥራይ ምጽባይ እንላመደሉ ጊዜ እዩ። እምነትና ዝዓብየሉ ጊዜ እዩ። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ብኣኻ ከምዘይሓፍር ግበረኒ። ነታ ኣባኻ ዘላትኒ እምነት ከይሓብኣ ትብዓትካ ሃበኒ።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 20<br>**ሚያዝያ**<br>**(ረቡዕ)** | ኢሳ 50፡ 4-9<br>*መዝ* 69፡ 8-10, 21-23, 31-34<br>*ማቴ* 26፡ 14-25 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 50 ብዛዕባ እቲ ባርያ እግዚኣብሔር ይዛረበና። "ንድኹም ብቃል ገይረ ምጽንናዕ ምእንቲ ኺፈልጥሲ፣ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ናይ ምሁራት ልሳን ሃበኒ። ናብ ጸጽባሕ የንቅሓኒ፣ ከም ተመሃራይ ምእንቲ ኺሰምዕ ከኣ ኣእዛነይ ኸፈተለይ። . . . ዝባነይ ንገረፍቲ፡ ምዕጉርተይ ከኣ ንነጸይቲ ፀጕሪ ሃብኩ። ኪጸርፉንን ጡፍ ኪብሉለይ ከለውን ገጸይ ኣይከወልኩን። ልዑል እግዚኣብሔር ስለ ዝረድኣኒ፡ ብጸርፎም ተኻእ ኣይበልኩን። ገጸይ ከም ዓረ ገበርኩዎ፡ ከም ዘይኃፍር ከኣ እፈልጥ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 69 ከኣ "ንጎዋተይ ጓና፡ ንሥድራይውን ጋሻ ኾንኩ። ንቤትካ ዘሎኒ መንፈሳዊ ቕንኢ ከም ሓዊ የንድደኒ ኣሎ፣ ዘርፊ እቶም ዚጸርፉኻውን ኣባይ ወደቐ። . . . ኣብ መብልዐይ ሓሞት ገበሩ፣ ምስ ጸማእኩውን መጺጽ ኣስተዩኒ። . . . እዚ ንእግዚኣብሔር ዝራብዕ ካብ ምስዋዕ፡ . . . ዝበለጸ ባህ ከብሎ እዩ። ትሑታት ነዚ ርእዮም ኪሕጐሱ እዮም፣ እቶም ንኣምላኽ ዜምልኽዎ ከኣ ይጸናንዑ።" ይብል።<br>• ወንጌል ማቴዎስ 26 ከኣ ብዛዕባ ይሁዳ ንኢየሱስ ክሸጦ ከም ዝተወዓዓለ ይነግረና። "ኣነ ንኢየሱስ ኣኅሊፈ ኽህበኩምሲ እንታይ ትህቡኒ?' በሎም። ንሳቶም ከኣ ሠላሳ ቕርሺ ብሩር ሃብዎ። ካብኡ ንዡ ኣኅሊፉ ኺህቦ ምሹእ ጊዜ ይደሊ ነበረ። . . . ኺበልዑ ኸለዉ ከኣ 'ኻባኻትኩም ሓደ ኣኅሊፉ ከም ዚህበኒ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ' በሎም። . . . 'እቲ ኢዱ ምሳይ ኣብ ጻሕሊ ዚጠልቕ ንሱ እዩ ኣኅሊፉ ዚህበኒ። ወዲ ሰብሲ ኸምቲ ብዛዕባኡ ዝተጻሕፈ ኪኸይድ እዩ፣ ግናኸ እቲ ንወዲ ሰብ ኣኅሊፉ ዚህቦ ሰብ ወይልኡ! እቲ ሰብ እትስ እንተ ዘይውለድ ምኃሾ ነይሩ" በሎም።" ይብለና።<br><br>ሎሚ ወንጌል ኑቶም ንክርስቶስ ንምስዓብ ዝሰልቸወና ክርስቲያን፡ እሞ ክንገድፎ ንፍተን ዘሎና ወይ ድሮ ምስኡ ርክብ ዘቋረጽናን እዩ ዚዛረበና ዘሎ። ምናልባትውን ንኣና ኑቶም ገና ምስ ኢየሱስ ንጐዓዝ ኣሎና እንብል፡ ግና እዚ ፈተና እዚ ከም ንኣና ዘይምልከት ገይርና እንሓስብን፡ ካብኡ ዘይንጥንቐቕን እውን ይዛረበና ኣሎ። ወንጌል ንይሁዳ ከም ታሪኽ ጥራይ ኣይኮነን ዘቕርበልና ዘሎ። ንሱ ኣብነት ናይቶም 'እቲ ሰብ እትስ እንተ ዘይውለድ ምኃሾ ነይሩ' ዝተበህለሎም እዩ። ሎሚኸ ምእንቲ ገንዘብ ንኢየሱስ ኣሕሊፍና እንህብ ክርስትያን የሎናን ዲና? ንክርስቶስ ክንስዕብ ከም ዘይተበገስና፡ ጽባቔ ናይዛ ዓለም እዚኣን እቲ ንሳ ክትህበና እትኽእል ሃብቲ፡ ሥልጣን፡ ፍትወት ሥጋና ኣተሃራሪፉና ንሰድዕ የሎናን ዲና? ከም ይሁዳ ናይ ቤተክርስቲያን ንብረት ወይ ገንዘብ ተሓዝትን ኣመሓደርትን ኮይናም ዘጕድሉ ኣብ ማእከልና የሎዉን ድዮም? ይሁዳ ካብ ንኢየሱስ ንገንዘብ መሪጹ። ንሕና ኸኣ ንገንዘብ ቅድሚ ኢየሱስ ከም ጐይታና ከንምልኾ ከሎና፡ ከምኡዶ ኣይኮናን ንገብር ዘሎና? እቲ ዘረባ ኢየሱስ ከቢድ እዩ። እቲ ንኣምላኽ ብዘይምምራጹ ካብ ገጽ ኣምላኽ ንዘለዓለም ኪርሕቕ ዝተኾነ ሰብ፡ ብሓቂ 'እንተ ዘይውለድ ምኃሾ"። ኣብ መንግሥተ ሰማያት ኑቶም መምለኽቲ ጣዖት ቦታ የልቦን። ስለዚ ንኢየሱስና ልብና ሓንሳእ ምስ ሃብናዮ፣ ብጣዕሚ መነባብሮ እዛ ዓለም ተሳሒብና፡ ተመሊስና ንገንዘብ ከይንልዎጦ ክንጥንቀቕ ኣሎና። ከነስተውዕሎ ዘሎና ነገር፡ ይሁዳ ንኃያልን ትእምርትን ኣምላኽ ዘይጠዓመ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን ተጋግዩ። ምስ ኢየሱስ ብቐራባ ይነብር ነይሩ እዩ። ኩሉ ገዲፉ ከምቶም ካልኦት ሐዋርያት ንኢየሱስ ይስዕቦ ነይሩ እዩ። ብስም ኢየሱስ ሕሙማት ኣሕውዩ፡ ኣጋንንቲ ኣውጺኡ ነይሩ እዩ። ካብቶም ንቤተክርስቲያኑ ኪመርሑ ኢየሱስ ዚመረጾም 12 ሰባት ሓደ ንሱ ነይሩ። እንታይ ድኣ ኮይኑ ንድሕሪት ጠሚቱ? ከም ተሓዚ-ገንዘብ፡ ገንዘብ ይቕበልን የውጽእን ነይሩ። ገንዘብ ምልዓል ጀሚሩ፣ በብቑሩብ ከኣ ናብ ወልፊ ተቐይሩ። ምዕጋብ ስኢኑ። ኣብ መወዳእታ እቲ ንኢየሱስ ዝነበሮ ክብሪ እናጎደለ መጺኡ። ምስ ኢየሱስ ምንባርን ንኣኡ ምግልጋልን ከኣ ትርጉም ወይ ሓጎስ ስኢኑሉ። ገንዘብ ምእካብን ምግባርን ዝሐሸ ምርጫ እዩ ኢሉ ኣሚኑ። ንኢየሱስ ኣረኪቡ ገንዘቡ ወሲዱ። ንሕናውን በታ ይሁዳ ዝሓለፋ ፈተና፡ ሓደ መዓልቲ ምሕላፍና ዘይተርፍ እዩ። ኣብኣ ተጠሊፍና ከይንተርፍ ካብ ፍቕሪ ገንዘብ ክንርሕቕ ንዕደም ኣሎና። ንሥጋና ከይኣሓንቀቕና ብድስፕሊን ክንሕልዋ ይግብኣና። ርእስና እንገትኣሉ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኩሉ ግዜ ክንልምን ይግብኣና። ናይ ሕሳብ ኣተሓሕዛ ጥንቃቐ ምግባር ዝኣክል ኣይኮነን። ልብና ብፍቕሪ ኣምላኽ ክጸግብ ኣለዎ። ቃሉ ኩሉ ጊዜ ኪገንሓና ዕድል ኪረክብ ኣለዎ። ጸሎትን ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽን ክፍለየና የብሉን። ብሓጺሩ ኢድ ኢየሱስ ሒዝና ክንከይድ የድልየና። ይሁዳ በቲ ዝረኸቦ ገንዘብ ኣይተሓጐሰን። ብኡንብኡ ተጣዒሱ፡ እንታይሞ እቲ እኩይ ኣብ ልቡ ኣትዩ ስለ ዝነበረ መንገዲ ንስሓ ከይርኢ ኣዕዊርዎ። ተሓኒቑ ከኣ ነፍሱ ባዕሉ ኣጥፊኣ። እቲ ገንዘብ ዘተሰፈዎ ሓጎስ ደኣ ኣበይ ከደ? ገንዘብ ክንድ ቅንጣብ እቲ ኢየሱስ ንልብና ኪህቦ ዝክእል ዕረፍትን ሰላምን ሓጎስን ክህበና ብምንም ተኣምር ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ብሓላፊ ነገር ንኢየሱስ ኣይንሸጦ። "ኦ ጐይታ ኢየሱስ! ፍቕርኻን ጣዕምኻን ከም ዘስተማቕር ግበረኒ። ንሥጋይ ምግታእ ምሃረኒ። ብገንዘብ፡ ብዝብላዕ ብዝስተ፡ ወይ ብጣዕሚ መነባብሮ ኣብዛ ዓለም ተታሊለ ከይገድፈካ ሓልወኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 21 **ሚያዝያ** (ሓሙስ ጸግቦ) | **ዘጽ** 12፡ 1-8, 11-14<br>**መዝ** 116፡ 12-13, 15-16, 17-18<br>**1ቆሮ** 11፡ 23-26<br>**ዮሓ** 13፡ 1-15 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘፅኣት 12 ብዛዕባ ፋሲካ ይዛረበና። ደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ነጻ ዝወጽእሉ መዓልቲ ይዝክሩ። ገንሸል ፋሲካ ሓሪዶም ይበልዑ፥ ካብቲ መዓት ምእንቲ ክድኅኑ ከኣ ካብቲ ደም እቲ ገንሸል ልዳት ኣባይቶም ይለኽይዎ ነበሩ። "እቲ እትመርጽዎ እንስሳ፡ ዓመት ዝገበረ፡ ጕደሎ ኣካል ዘይኮነ፡ ተባዕታይ፡ ጤል ወይ በጊዕ ይኹን። . . . ሽዑ ሕዝቢ እስራኤል ኩሉ፡ ፀሓይ ክትዓርብ ከላ፡ ነናቶም ይሕረዱ። ንኽልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ነቲ ላዕላይ ልዳትን ናይታ ዚበልዑላ ቤት፡ ካብቲ ደም ወሲዶም ይልከይዎ። ነቲ ሥጋኡ ድማ . . . በታ ለይቲ እቲኣ ይብልዕዎ። . . . ንምድሪ ግብጺ ክወቕዓ ከሎኹ ድማ እቲ ዚቕትል መዓት ኣይኪትንክፈኩምን እዩ። ነዛ መዓልቲ እዚኣ ዘክርዋ፣ ንኽብረይ ንኽብሪ እግዚኣብሔር፣ ኣብዕልዋ፡ ንዘለዓለምውን ንውሉድ ወለዶ ኣኽብርዋ።<br>• መዝሙር 116 ከኣ "ኣብ ክንዲ እቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉስ፡ ንእግዚኣብሔር እንታይ ውሬታ ኽመልሰሉ እየ፣ ናይ ምድኃን መስዋዕቲ መስተ ክሰውዕ እየ፣ ስም እግዚኣብሔር ከኣ ክጽውዕ እየ። . . . ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞት ቅዱሳኑ ክቡር እዩ። ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣነ ባርያኻ እየ፣ ከምቲ ኣደይ ዘገልገለትካ ኣነ ከኣ ኽገልግለካ እየ፣ ንስካ ንኣይ ካብ ሞት ኣድኃንካኒ።" ይብል።<br>• 1ይ ቆሮንጦስ 11 ከኣ "እቲ ንኣኻትኩም ዘመኃላለፍኩልኩም ነቲ ኻብ ጐይታ ዝተቐበልክዎ እዩ፦ ጐይታና ኢየሱስ በታ ዝተታኣዘላ ለይቲ ኣንጌራ ኣልዓለ። ኣመስጊኑ ቈረሰ እሞ፡ 'ውሰዱ፡ ብልዑ፡ እዚ ምእንታኻትኩም ዚወሃብ ሥጋይ እዩ፣ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ' በለ። ከምኡ ኸኣ ድኅሪ ድራር ነቲ ጽዋዕ ኣልዓለ እሞ 'እዚ ጽዋዕ እዚ ብደመይ ዚኸውን ሓዲሽ ኪዳን እዩ። ብትሰትይዎ ጊዜ ኹሉ ንመዘከርታይ ግበርዎ' በለ። ማለት ነዚ እንጌራዚ ብትበልዕዎ፡ ነዚ ጽዋዕ እዚውን ብትሰትይዎ ኹሉ፡ ክሳዕ ጐይታ ዚመጽእ፡ ሞቱ ኢኹም እትነግሩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 13 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ እግሪ ደቂ መዛሙቱ ከም ዝሓጸበ ይነግረና። ጴጥሮስ ከም ዝኣበየ ንርኢ። "ኢየሱስ ከኣ መሊሱ 'ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ንስኻ ሕጂ ኣይትፈልጦን ኢኻ፣ ደኃር ግና ኽትፈልጦ ኢኻ' በሎ። ጴጥሮስ ከኣ 'ከቶ ኣይከውንን እዩ፣ እእጋረይ ፍጹም ኣይትሓጽበንን ኢኻ' በሎ። ኢየሱስ ከኣ 'ኣነ እንተ ዘይሓጸብኩኻስ ምሳይ ግደ የብልካን' ኢሉ መለሰሉ። ስምዖን ጴጥሮስ ድማ 'ጐይታይ! እምበኣር ኣእዳወይን ርእሰይን ድማ እምበር ኣእጋረይ ጥራይ ኣይኮነን' በሎ። . . . ኣእጋሮም ምስ ሓጸቦም . . . 'እዚ ዝገበርኩልኩምሲ ኣስተውዒልኩምሉዶ ኣሎኹም? ንስኻትኩም 'መምህር! ጐይታ!' ኢልኩም ትጽውዑኒ፣ ከምኡ ስለ ዝኾንኩ ጽቡቕ በልኩም። ኣነ ጐይታን መምህርን ከሎኹ ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩ ንስኻትኩምውን ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግብኣኩም እዩ። ከምቲ ኣነ ንኣኻትኩም ዝገበርክዎ ንስኻትኩምውን ከምኡ ኽትገብሩ ኣርኣያ ሂበኩም ኣሎኹ።" ከም ዝበሎም ነንብብ።<br><br>ብጸሎት ሓሙስ ኢየሱስ ቅ. ቍርባን ይሠርዓልና። ንጽባሒቱ ዓርቢ ስቕለት ኢየሱስ ምእንታና ሕይወቱ በጃ ክህባ እዩ። ናይ ኢየሱስ መስዋዕቲ መስቀል ከእ ንሕና እንድኅነሉ ተግባር ምዃኑ ቃል ኣምላኽ የረድኣና ኣሎ። ኣምሳል እዚ፡ ቀደም በታ ደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ዝወጽኡላ ለይቲ፡ እግዚኣብሔር ሓንቲ ጎደሎ ዘይብሉ ገንሸል ሓሪዶም ኪበልዑን፡ ካብ ደሙ ኣብ ልዳት ኣባይቶም ኪገብሩን እሞ እቲ ዝቐዝፍ መልኣኽ ክሓልፍ ከሎ ከም ዘይጕድኦም ዝነገሮምን ከምኡ ከኣ ዝተፈጸመን፣ ከምኡ ከኣ ኢየሱስ ከም በጊዕ ፋሲካ፡ ነቲ ምእንታና ዝተሰውዐ ሥጋኡን ደሙን ንዓና ንመግቢ ነፍስና ኣወፍዩልና። ኣቓዲሙ ግና ኣእጋርና ሓጺቡ ኣንጺሑ ነቲ ቅዱስ መኣዱ ክቅርበና ክንገድፎ የድልየና። እቲ ኢየሱስ ኪሓጽቦ ዘይደሊ ሰብ፡ ምስኡ ግደ የብሉን። ኣብ መኣዱውን ምስኡ ኪቕመጥ ኣይክእልን፡ ከመይ ኣባል እታ ሥድራቤት ክኸውን ፍቓደይና ስለ ዘይኮነ። ሓደ መኣዲ፡ ሓንቲ ሥድራቤት ኣምላኽ፡ ብፍቕሪ ዝተጠምሩን ኣእጋር ሓድሕዶም ዝሓጽቡ ኣኅዋትን ኣኃትን ንኸውን። እዚ ዓቢይ ምሥጢር እዩ። ካብ ባርነት ሥጋን፡ ዓለምን፡ ሰይጣንን ማለት ካብ ኃጢኣት ተሳጊርና ኢና ደቂ መንግሥቲ ኣምላኽ እንኸውን። እምበኣር ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበረልና ንርአ። ናብቲ ዘገርም ፍቕሩ ንጠምት። ደቂ እስራኤል ካብቲ ኃያል ቀልጽም ፈርዖን፡ ብኃይሎም ዘይኮነስ ብኃያል ቀልጽም እግዚኣብሔር ጥራይ እዮም ኪወጹ ዝኸኣሉ። ከምኡ ሎሚ ንሕና ካብ ፍቕሪ ሥጋናን፡ ፍቕሪ ዓለምን፡ ማእሰርቲ ሰይጣንን ኃጢኣትን ብቀሊሉ ወይ ብኃይልና ክንወጽእ ኣይንኽእልን ኢና። ኢየሱስ እቲ ኃይል ጅግና ጥራይ እዩ ከድኅነካ/ኪ ዝኽእል። ስሙ ንጸውዕ። 'ኦ ጐይታ ኢየሱስ ንዓ ኣድኅነኒ!' ንበሎ። ክረድኣና ክመጽእ እዩ። "ኦ ኢየሱስ ንኣኻ ጊዜ ኣይሃብኩኻን። መንገድኻ ኣይሰዓብኩን። ሰብ ዝገብሮ ኩሉ ብምግባር ዝጥዕመኒ ወይ ዝሕጐስ ስለ ዝመስለኒ ብኡ እጕዓዝ ኣሎኹ። እንታይ ረቢሐሉ? ብምንታይ እየ ክግምግሞ? ልበይ ግና ከም ዘይዕረፈ እፈልጥ እየ። ብዘሎኒ ኣይዓገብኩን። ሎሚ ንኣኻ ልበይ እኸፍተልካ ኣሎኹ። ተዛረበኒ፡ መንገድኻ ኣርእየኒ። ብኃጢኣተይ ርትዓኒ፡ ንክንሳሕን ንስኻ ክትሓጽበኒ ክገድፈካ ሓግዘኒ። ካብ መኣድኻ ኣካፍለኒ። እቲ እኩይ ከይቀዝፈኒስ፡ ልዳት ልበይ ማሕተም ደምካ ግበረሉ። ኣባል ሥድራቤትካ ግበረኒ። ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 22 **ሚያዝያ** (ዓርቢ ስቕለት) | ኢሳ 52፡ 13—53፡ 12<br>*መዝ* 31፡ 2, 6, 12-17, 25<br>**ዕብ** 4፡ 14-16, 5፡ 7-9<br>**ዮሓ** 18፡ 1—19፡ 42 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ትንቢት ኢሳይያስ 52ን 53ን ብዛዕባ እቲ ባርያ እግዚኣብሄር ይዛረበና። “እንሆ ባርያይ ዚገብሮ ዘበለ ኺሰልጦ እዩ፣ ኪኸብር፡ ልዕል ኪብል፡ ኣዝዩውን ክብ ኪብል እዩ። ገጹ ኃለፋ ካልኦት ሰባት ዝተቐብኦ፣ መልክዑ ድማ ካብ ካልኦት ደቂ ሰብ ዝኸበረ ስለ ዝነበረ፣ ብዙኃት ምስ ረኣይዎ ተገረሙ። ከምኡ ከኣ ንብዙኃት ኣሕዛብ ምእንቲ ኼንጽሖም ኪነጽገሎም እዩ። . . . መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፣ ምስ ረኣናዮ፡ ዜብህግ ትርኢት ኣይነበሮን። ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን ነበረ፣ ብዓል ስቓይ፡ ብሕማም ልዱይ፡ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዚጕልብብሉ ሰብ፡ ዝተዋረደ ነበረ፣ ንሕናውን ገለኳ ኣይቈጸርናዮን። ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ፆሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፣ ንሕና ግና ብእግዚኣብሔር ከም ተወቕዐን ከም ዝተቐዝፈን ከም ዝተዋረደን ጌርና ቈጸርናዮ። ንሱ ግን ብሰሪ ገበና ቘሰለ፣ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፣ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፣ ንሕናውን ብስንብራቱ ሓዊና። . . . እግዚኣብሔር ከኣ ኣበሳ ኩላትና፡ ናብኡ ኣውደቖ።” ይብለና።<br>• መዝሙር 31 ከኣ “ጽን ኢልካ ስምዓኒ፡ ሕጂ ኣድኅነኒ፣ ዝዕቈበሉ ጽኑዕ ከውሒ፡ ዝድኅነሉ ዕርዲ፡ ኹነኒ። . . . ከም ምዉት፡ ኩሉ ሰብ ረስዓኒ፣ ከም ስቡር ኣቕሓ ከኣ ተደርቤኹ። ብዙኃት ጸላእቲ ይሓምዩኒ ኣሎዉ፣ ስምባድ ድማ ኸበበኒ፣ ኪጕድኡኒ ተማኸሩ፣ ኪቐትሉኒ ውዲት ገበሩለይ።” ይብለና።<br>• መልእኽቲ ናብ ሰብ ዕብራውያን ምዕራፍ 4ን 5ን ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ዓቢዪ ሊቀ ካህናት ምዃኑ ይነግረና። “እምበኣር ንሰማያት ዝዓረገ ሊቀ ካህናት፣ ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዝህልወና፡ ኣብ እምነትና ንጽናዕ። . . . ኢየሱስ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ከሎ፡ ናብቲ ካብ ሞት ኬድኅኖ ዚኽእል፣ ብብርቱዕ ገዓርን ንብዓትን፡ ጸሎትን ምህልላን ኣቕረበ። ንኣምላኽ ዚእዘዝ ስለ ዝነበረ ከኣ ተሰምዐ። ወዲ ኣምላኽ እኳ እንተ ኾነ፡ በቲ ዝተቐበሎ ስቓይ እዙዝ ምዃን ተማህረ። ዕዮኡ ምስ ፈጸመ ድማ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኹላቶም ናይ ዘለዓለም ድኅነት ምኽንያት ኮኖም።” ይብለና።<br>• ወንጌል ዮሓንስ 18ን 19ን ከኣ ብዛዕባ ይሁዳ ንኢየሱስ ከም ዘትኃዞን፣ ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ሃና፣ ክሕደት ጴጥሮስ፣ ሊቀ ካህናት ንኢየሱስ ከም ዝመርመሮን፣ ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ጲላጦስ፣ ወተሃደራት ንኢየሱስ ከም ዘላገጽሉን፣ ኢየሱስ ንሞት ከም ዝተፈርደን፣ ኢየሱስ ከም ዝተሰቕለን፡ ከም ዝሞተን፣ ኢየሱስ ጕድኑ ብኹናት ከም ዝተወግኦን፣ ኢየሱስ ከም ዝተቐብረን የዘንትወልና።<br><br>ኢየሱስ እቲ ዓቢይ ሊቀ ካህን ምእንታና መስዋዕቲ ኃጢኣትና ከም ዝኸፈለ ንርኢ ኣሎና። ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ፆሮ፡ ንስቓይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ። ንሱ ኣነ፡ ንስካ/ኺ ብኃጢኣትና ክንቕጽዖ ዝነበረና መቕጻዕቲ ንሱ ሓሊፉልና። ንሕና ከኣ ደቂ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ክንከውን በቒዕና። እቲ ብሰንኪ ኣቦና ኣዳምን ኣዴና ኣሔዋንን ዝጠፍአ ገነት ተመሊሱልና። ከምቲ ኣብ በረኻ ደቂ እስራኤል ብምኽንያት ኃጢኣቶም መርዛማት ኣትማን ኪቐትልዎም ከለዉ፡ ነቲ ሙሴ ብትእዛዝ ኣምላኽ ዝተኸሎ ኣብ ባላ ዝተሰቕለ ናይ ኣስራዚ ተመን ብምጥማት ዝሓወዩ፣ ከምኡ ንሕና ሎሚ ንመስቀል ጐይታና ብእምነት እናጠመትና ካብ መርገም ኃጢኣትና ንሓዊ። መስቐል ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ዘርእየና። ኣምላኽ ንሓደ ዜፍቅሮ ‘ወዱ ብጃ ክሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ’ (ዮሓ 3፡16)። ኣምላኽ ብሓቂ የፍቅረካ/ኪ እዩ። ክትድኅን/ኒ ይደሊ። ስለምንታይ ኢና ንኢየሱስ ‘ኣይደልየካን’ እንብሎ? ካብኡ ዝበለጸ ነገር ስለ ዝረኸብና? ወለድና፡ ወይ ኣኅዋትና፡ ወይ ኣዕሩኽትና ክሳዕ ክንደይ ክሓልዩልና ወይ ከፍቅሩና ይኽእሉ? ከምቲ ናይ ክርስቶስ ክሳዕ ሕይወቶም በጃና ምሃብ ኪበጽሑ ይኽእሉዶ? ኩሉ ጊዜ ምሳና ክጕዓዙ ይኽእሉዶ? ኢየሱስ ግና ጊዜን ቦታን ዘይሓጽሮ ኣብ ዘሎናዮ ኪመጸናን ምስና ኪጕዓዘን ይኽእልን ይደልዮን እዩ። ሓንቲ ዝሓተና ነገር ኣብ ሕይወትና ክንዕድሞን፡ ክንኣምኖን፡ ክንስዕቦን ጥራሕ እዩ። ንሱ ልብኻ/ኺ ዝደልዮ ይፈልጦ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ፍጡር ኪገብረልካ/ኪ ዚኽእል ኣምላኽ እዩ። ናብ ሓጎስን ፍቕርን ሰላምን ከኣ ኺመርሓካ/ኪ እዩ። ንዘለዓለም ናቱ ኪገብረካ/ኪ ድማ እዩ። “ኦ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታይ! ነዚ መስተንክር ናይ መስቀል ፍቕርኻ ክርዳእ ጸጋ መንፈስ ቅዱስካ ሃበኒ። ነቲ ብምኽንያት ኃጢኣተይ ዘቍሰልኩኻ ምሓረኒ። ድሕሪ ሕጂ ከየሕዝንካ ቀርጺ ፍቓድ እገብር ኣሎኹ። ንዓ ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ሕይወተይ ምጻእ። ምሳይ ከኣ ተጐዓዝ። ንመንገደይ ምራሕ። እሚን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 23<br>**ሚያዝያ**<br>(ቀዳም ስዑር) | **ዘጽ** 14፡ 15-15፡1<br>*መዝ* 118፡ 1-2, 16-17, 22-23<br>**ሮሜ** 6፡ 3-11<br>**ሉቃ** 24፡ 1-12 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘፀኣት 14ን 15 ብዛዕባ ናይ ደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ክወጹ ብሙሴ ተመሪሖም ባሕሪ ኤርትራ ምስጋሮም ይዛረበና። "እግዚኣብሔር ድማ ንሙሴ 'ስለምንታይ ናባይ ትምህለል፣ ንደቂ እስራኤል ኪጒዓዙ ንገሮም። ንስኻ ድማ በትርኻ ብኢድካ ኣልዒልካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሓያ እሞ ምቐሎ፣ ደቂ እስራኤል ድማ ብማእከል ባህሪ ብንቑጽ ይኀለፉ። ኣነ ድማ እንሆ ልቢ ግብጻውያን ከትርር እየ። ንሳቶም ከኣ ደድኅሬኹም ኪሰዕቡ እዮም። ኣነ ኸኣ ንንጉሥን ንኹሎም ሠራዊቱን ንሠረገላታቱን ንፈረሰኛታቱን ብምስዓር ክኽብር እየ።" ይብሎ። ከምኡ ድማ ይኸውን። ሙሴን ደቂ እስራኤልን ንእግዚኣብሔር መዝሙር ምስጋና ዘመሩሉ።<br>• መዝሙር 118 ከኣ "እግዚኣብሔር ሠናይ እዩ፣ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ እሞ፡ ኣመስግንዎ። ሕዝቢ እስራኤል 'ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር እዩ' ይበሉ። . . . ኃይሊ እግዚኣብሔር ልዑል እዩ፣ ኃይሊ እግዚኣብሔር ዓወት ሃበና።" ይብል።<br>• መልእኽቲ ናብ ሰብ ሮሜ 6 ከኣ ብዛዕባ ጥምቀትና ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምስጋር ምኗኑ ይምህረና። "እምበኣር ከምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦ ካብ ምዉታት ዘተንሥአ፣ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዲሽ ሕይወት ምእንቲ ኽነብር፡ ብጥምቀት ምስኡ ሞትናን ተቐበርናን። ምስኡ ኃቢርና እንተ ሞይትና ምስኡ ኃቢርና ከም እንትንሥእ ርግጽ እዩ። ደጊም ንኃጢኣት ከይንግዛእ፣ እቲ ኃጥእ ሰብነትና ምእንቲ ኺጠፍእ፣ እቲ ኣረጊት ሰብነትና ምስኡ ከም ዝተሰቕለ ንፈልጥ ኢና። ከመይ እቲ ዝሞተ ካብ ኃጢኣት ሓራ ወፂኡ እዩ። ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትና፡ ምስኡ ድማ ብሕይወት ከም እንነብር ንኣምን ኢና።" ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃ 24 ብዛዕባ ትንሣኤ ኢየሱስ ክርስቶስ ይዛረበና። እተን ኣንስቲ ናብ መቃብር ምስ ከዳ፡ . . . "ንምንታይከ ነቲ ሕያው ምስ ምዉታት እትደልያኦ ኣሎኽን? ንሱስ ተንሥኡ እዩ፣ ኣብዚ የሎን።" እናበሉ መላእኽቲ የበስሩወን።<br><br>ሕዝቢ እስራኤል ባሕሪ ኤርትራ ብዓቢይ ተኣምራት ክሰግሩን ጸላእቶም ክድምሰሱን ብሓደ ጊዜ ይርእዩ። ንሕና ከኣ እዛ ክርስቶስ ዝትንሥኣላ ለይቲ፡ ካብ ናይ ኃጢኣት ሞት እንትንሥኣላ ጊዜ እያ። ብማይ ጥምቐት ተሓጺብና ተሳጊርና። ባሕሪ ኤርትራ ምልክት ማይ ጥምቐትና እዩ። ደጊም ኣብ ምድረ በዳ ምስ ኣምላኽና ጥራይ ክንጒዓዝ ኢና፡ ኩሉ ካብኡ ጥራይ ክንጽበዮ ኢና። ማይና ካብኡ መግብና ካብኡ። ተኣምራት ድሕሪ ተኣምራት ክንርኢ ኢና። ኣምላኽ ቅድሚ ምድሪ ተስፋ ምእታውና ካብ ልምዲ ኃጢኣትና ኬጽርየና እዩ። ኣባና ሓዲሽ ሰብ ክሰርሕ እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ክገብረኒ/ካ/ኪ እዩ። ነቶም ኃጢኣቶም ክገድፉ ዘይደለዩ ደቂ እስራኤል፡ ኣምላኽ ኣብ ምረበዳ ጠፊኦም ከም ዝተረፉ ከም ዝገበሮም ግና ክንርስዕ የብልናን። ሎሚ ቃል ኣምላኽ 'ኢየሱስ ሕያው እዩ' ይብለና ኣሎ። ኣብ ሞንጎ ምዉታት ኣይንድለዮ። ከም ሓደ ዝሓለፈ ታሪኽ ኣይንርኣዮ። ኢየሱስ ነቶም ዚጽውዕዎ ኩሎም ቀረባኦም እዩ። ሎሚ ንጸውዓዮ፡ ክምልሰልና እዩ። እንተ ፈቒድናሉ፡ ከምቲ ሙሴ ንደቂ እስራኤል ዝመርሖም ዝነበረ፡ ከምኡ ኢየሱስ ንሕወትና ኪመርሖ እዩ። ንነፍስና ሰማያዊ መግቢ ክህበና እዩ፣ ጽሩይ ማይ ከስትየና እዩ። ክጓስየና እዩ። ንውግእና ባዕሉ ክዋግኣልና እዩ። ኣብ ቅድሚ ጸላእትና መኣዲ ዝሠርዓልና ንሱ እዩ። ጽዋእና መሊኡ ከም ዝጅርብብ ይገብሮ። ከም ክቡር ጋሻ ይከናኸነና። ንዘለዓለም ከእ ምስኡ ክነብር ኢና። ደጊም ንኃጢኣት ኣይንግዛእን ኢና። ንእግዚኣብሔር ስለ ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዝተዓረቐናን ዘድኃነናን ከነስግኖን ክንዝምረሉን ኢና። "ኦ እግዚኣብሔር ሠናይ ኢኻ፣ ምሕረትካ ንዘለዓለም ይነብር እዩ እሞ፡ ኣመስግነካ ኣሎኹ። ኃይሊ እግዚኣብሔር ልዑል እዩ፣ ኃይሊ እግዚኣብሔር ዓወት ሂቡና። ስሙ ንዘለዓለም ዝተመስገነ ይኹን። ኣሜን!" |